**ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ዝዳሎ መጽሄት**

ኣብዛ መጽሔትና ዘለኩም ርእይቶ፡ ኣበርክቶ ይኹን ነቐፌታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹልና፡-

**ኣድራሻና**
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
ፖ.ሳጹን፡ 239
ተሌ፡ 291-1-111134 - 291-1-118753
ፋክስ፡ 291-1-111140

**መርበብ ሓበሬታ ሃማደኤ**
E-MAIL - nuew@nuew.org
WEB SITE - www.nuew.org

**ኣሰናዳኢት**
ፋጥና ዓብዱራሕማን

**ምክትል ኣሰናዳኢት**
ዊንታ ገብራይ

**ስእሊ**
ኣሃዱ ስእሊ ክ/መ/ሓበሬታን ሃማደኤ

**ሰደኣውት**
ኤደን ሃብተኣብ

**ካቨር ዲዛይን**
joሲ

**ዘርጋሒ መጽሔት**
200454/ 07121322

# ትሕዝቶ

02 ልሳን…
03 ዜና ማሕበር
05 ዓወት - ዕውትቲ ዓለንስተይቲ!
08 ሕማም ሸኮርያ ኣብ ደቀንስትዮ
11 ጽግያት፡ ምስጢር…
12 ግብሪ፡ ራኢ ዘጨብጥ…
14 መጉዚትነት፡ መነባበሪ…
17 ረዚን ዝኽሪ - ብኽቡር…
19 ዝኽሪታ ሓርበኛ
22 "ስነ-ጥበብ ክገድፎ ኢለ…
25 ደቀንስትዮን ስነ ጽሑፍን
27 ምኽሪ ኣግእዞ
30 ሓዳር ብቓል ኪዳን
32 ኣህጉራዊ ኣቓልቦ ዝሰሓባ…
34 "ቅድም ስራሕ - ደሓር…
36 ማርታ፡ ተስፋ ሃገር ኣብ…
38 ኣይንማረኽ
39 ዘመናዊት ኣደ
40 "ካብ ዓሻ ደፍረትሲ፡ ፈራሕ…

## ልሳን. . .

# እርከና ደቀንስትዮ - መቕድም ምዕሩይነት!

### ቃል ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
### ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ

8 መጋቢት፡ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንምሉእ ኣግእዞ፡ ደቀንስትዮ ዓለም ብሓፈሻ፡ ደቀንስትዮ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ብሕሉፍ ቃልሲን መስዋእቲን ዘረጋገጽኦ ገስጋስ ብምዕቃብ፡ ንቀጻሊ ስራሕን ተጨባጢ ውጽኢትን ቃለን ዘሐድሳላ ዕለተ ዝኽሪን ገምጋምን እያ። በዚ መሰረት፡ ናይ ሎሚ ዓመት 8 መጋቢት ብደረጃ ሃገር ናብቲ ቀንዲ ሰረት ማዕርነት ዝኾነ ምሕያል ብቕዓት ደቀንስትዮ ብምትኳር፡ "እርከና ደቀንስትዮ - መቕድም ምዕሩይነት!" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ከም ወትሩ ብኽብሪ ትጽንበል ኣላ።

ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ሰፊሮም ካብ ዘርከቡ ድሙቓት ሃገራዊ ዕላማታት ሓደ፡ ምርግጋጽ ምዕሩይ ዕድላት ንኹሎም ዜጋታት፡ ብሕልፊ ድማ ምርግጋጽ መሰልን ማዕርነትን ናይተን ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኾና ደቀንስትዮ እዩ። ብርግጽ ድማ፡ መሰልን ሓርነትን ፍርቂ ኣካሉ ዘየኽብረ ሕብረተሰብ ኣግእዞ ኣለዎ ክበሃል ኣይክእልን። ካብዚ እምነትን ዕላማንዚ ብምብጋስ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ሱታፌ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ማለት ኣብ ፖለቲካዊ፡ ልምዓታዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን ህይወት ሃገር ንምዕዛዝ፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ግብራዊ መደባት ሓንጺጹ ብዕቱብ ተቓሊስሉን ሰሪሑለን እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ኣብዚ ዘሎናዮ መድረኽ ህንጸት ሃገር፡ ኣብ ጉዳይ ምርግጋጽ ጾታዊ ማዕርነት ተመዝገቡ ዘሎ ለውጢ፡ ብመንጽር ክውንነት ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን።

የግዳስ፡ ዜጋታት ብደረጃ ዕላማን መትከላትን ምዕሩይ ዕድላት እንተተፈጥረሎም እውን፡ ኩሎም ማዕረ ብቕዓትን ዓቕምን ክህልዎም ስለዘይክእል፡ ካብቲ ዝተፈጥረ ባይታ፡ ብማዕረ ክረብሑ ኣይክእሉን እዮም። ስለዚ ክእለቶምን ብቕዓቶምን ዘመዓራሪ እወታዊ ኣድልዎን ደራኺ ተበግሶታትን ምውሳድ ናብ መድረኽ ምዕሩይነት ንምብጻሕ ዝካየደ ቃልሲ ዘቀላጥፍ እዩ። ሓደ ካብኡ ናይ ትምህርቲን ሞያን ስልጠናን ዕድላት ምርሓብ እዩ። መንግስቲ ነዚ ብምግንዛብ፡ ደቀንስትዮ ማዕረ ደቂተባዕትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝሳተፈሉ ሰፊሕን ኣተባባዒን ባይታ ፈጢሩ ይርከብ። ማዕረ ማዕረኡ ድማ፡ ፖለቲካዊ፡ ባህላዊን ማሕበራዊን ቦታ ደቀንስትዮ ክብ ንምባል፡ ሞያዊን ቁጠባዊን ዓቕሚ ደቀንስትዮ ምሕያል ብዕቱብ ክሰርሓሉ ዘለዎ እዩ።

ከም ውጽኢት ውሁድ ጻዕሪ ህዝብን መንግስቲን፡ ኣብዚ እዋንዚ ዘሎ ሱታፌ ደቀንስትዮ ሃገርና ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም፡ ኣብ መደባት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ልምዓታዊ ንጥፈታት ዘኹርዕ እዩ። እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ ሃገራዊ ገስጋስ ግን እኹል ኣይኮነን። ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ስራሕ ዓለም፡ ብፍላይ ኣብቲ ልዑል ብቕዓት ዝጠልብ ሞያታት ገና ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን። ርግጽ'ዩ፡ ልዑል ሞያ ዘጥረያ ደቀንስትዮ ኣይተሳእናን። ግን ብቑጽሪ ውሑዳት እየን። ቁጠባዊ ዓቕሚ ደቀንስትዮ እውን ምስ ናይ ደቂተባዕትዮ ክመጣጠን ዝኽእል ኣይኮነን። ኣብ ናይ ውሳነ ጽፍሒታት ዘሎ ውክልና ደቀንስትዮ እውን ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን። ኣብ ግላዊ፡ ህዝባዊን መንግስታዊን ትካላት፡ መብዛሕትአን ደቀንስትዮ ኣብ ትሑት ወይ ዕለታዊ ዝደጋገም ዓይነት ስራሕ ዝተዋፈራ እየን።

መንግስቲ ነዞም ጸገማት ብምልላይ ፈጢርዎ ዘሎ ዕድላት ቀሊል ስለ ዘይኮነ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ረባሕቲ ናይ ተፈጢሩ ዘሎ ዕድላት ኮይነን መጻኢአን ከውሕሳ ተፈጢሩለን ዘሎ ባይታ ክጥቀማሉ የድሊ።

በቲ ዝጸንሐ ባህሊ፡ ሓላፍነት ምእላይ ሓዳርን ቆልዑን ናብ ደቀንስትዮ ስለዝድርበ፡ እዚ ጾርዚ፡ ደቀንስትዮ ሞያአን ኣብ ምምዕባል ኮነ ኣብ ኩሉ ናይ ሓላፍነት ጽፍሒታት ማዕረ ደቂተባዕትዮ ከይስጉማ ካብ ዝዕንቅጽ ዘሎ ረቛሒታት እዩ። ነዚ ጸገማት'ዚ ንምፍታሕ ገለ ትካላት ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ መውዓሊ ህጻናት ብምምስራት፡ ንደቀንስትዮ ምቹእ ናይ ስራሕ ባይታ ክፈጥሩ ይርኣዩ እዮም። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተበግሶታት፡ ደቀንስትዮ ሞያአንን ክእለተንን ብግብራዊ ስራሕ ክብ ኩብላ ዕድል ስለዝፈጥር፡ ሃማደኤ "ናይ ብሓቂ ክስዓብ ዝግብኦ ኣብነታዊ ተበግሶ'ዩ" ይብል። ካልእ ዝተፈላለዩ ብቕዓት ደቀንስትዮ ኣብ ምሕያል ዝዕንቅጹ ማሕንቖታትን ሕጽረታትን እናተለለዩ ፍታሕ ምስ ዝርከበሎም ድማ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ቦታ ደቀንስትዮ ኣብ ሕብረተሰብ ብምሕያል ኣብ ኣጺደ-ማዕርነት ንምዕላብ ዝተታሕዘ ዕላማ ብምልኣት ሸቶኡ ክወቕዕ ይኽእል።

ኣብ ጉዳይ ምርግጋጽ መሰልን ማዕርነትን ደቀንስትዮ ዝጸንሓና ፍሉይን ዘኹርዕን ፖለቲካዊ ታሪኽን ዛጊት ዝተመዝገበ ሃገራዊ ገስጋስን እምበኣር ዝያዳ ማዕቢሉ፡ ብኹሉ መዳይ ኣርካናት ደቀንስትዮ ንምፍጣር፡ ንሕቶ መሰልን ማዕርነትን ከም ኣምርን ዕላማን ደጋጊምካ ምኹላዕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኩሉ ኣካላት መንግስቲን ሕብረተሰብን ዘሎ ሱታፌ፡ ተራን ብቕዓትን ደቀንስትዮ ብቐጻሊ እናተገምገመ፡ ዓንቃጺ ብድሆታት እናተፈትሐ፡ ሓያል ድሮኺት ምግባር፡ ብልዑል ኣተኩሮን ፍሉይ ተገዳስነትን ክስርሓሉ ዝግባእ እዩ። መልእኽቲ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ ድማ፡ ናብዚ ወሳኒ ዕማም ዝቐንዐ እዩ። ምሕያል ቦታ ደቀንስትዮ ማለት ምቅልጣፍ ምዕባለ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ።

ዕድመ ን8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ!
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ

# ዜና ማሕበር

## ገምጋም ስራሕ ፈጻሚት ቦርድን 6ይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶን ተቓኒዑ


6ይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሃማደኤ

ገምጋም ስራሕ ፈጻሚት ቦርድን 6ይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶን ካብ 15-21 ታሕሳስ 2017 ኣብ ኣደራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማደኤ



ተቓኒዑ። ኣብቲ፡ ካብ ኩሉ ዞባታት ሃገር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካ፡ ሱዕድያን ሱዳንን ናይ ዝርከባ ጨናፍር ማሕበራት ጸብጻብ ስራሕ ዝተሰምዓሉ ኣኼባ፡ ገስጋስን ብድሆታትን ደቀንስትዮ ብዕምቈት ክዝተየሉ ከሎ፡ ተራ ደቀንስትዮ ኣብ ፖለቲካ፡ ኣካዳምያዊ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናታትን ዘጠቓልል ውጥናት ስራሕ 2018 ድማ ጸዲቑ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወይዘሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ብ23ን 24ን ታሕሳስ፡ ኣብ ሳዋ፡ ንኣባላት 31 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንተራን ኣበርክቶን ደቀንስትዮ ኣብ መኸተን ህንጸትን ዘብርህ ሰሚናር ኣካይዳ።

"ተራ ደቀንስትዮ ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ንናጽነትን ምኽባር ልኡላውነትን፡ ብኽብርን ሓበንን ዝዝከር ቅያ እዩ" ዝበለት ወይዘሮ ተኽኣ፡ ደቀንስትዮ ሃገር ኣብ ምልማዕ ዝጸወተኦ ዘለዋ ተራ እውን፡ መርኣያ ኣድማዕነተን ኣብ ኩሉ መዳያት ከም ዝኾነ ኣረዲኣ።

ደቀንስትዮ ብሓፈሻ መንእሰያት ከኣ ብፍላይ፡ ፍልጠት፡ ሞያን ዓቕምን ደሊበን ኣፍራይነተን ክብ ንኽብል ይሰራሓሉ ምህላዉ ብምሕባር ድማ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ምትሕብባሩ ከዕዝዝ ጸዊዓ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኩሎም መንእሰያት ብሓፈሻ ደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ፡ ነቲ ተቐሪብሎም ዘሎ ዕድላት ትምህርትን ሞያን ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል፡ ዝኣክል ጻዕሪ ክካየድ ተላቢያ።

ካብኡ ብምብጋስ ከኣ፡ ሓያል ጎድኒ ተዓቂቡ ድኹም ጎድንታት ንኽእረም ውፉይ ጻዕሪ ኣባላት ከም ዘድሊ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣገንዚባ።



# ዜና ማሕበር

## ገስጋስን ብድሆታትን ደቀንስትዮ ኣብ ኩለን ዞባታት ገምጋም ተኻይድሉ

መቐጸልታ ናይቲ ካብ 29 ክሳብ 30 ሰነ 2017 ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ዝተኻየደ ጉዕዞ 25 ዓመት ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዝገምገመ ሲምፖዝዩም፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ኤርትራ እውን ተመሳሳሊ ገምጋም ተኻይዱ። በዚ መሰረት ብ1 ሕዳር 2017 ኣብ ከተማ መንደፈራ፡ ብ27 ሕዳር ኣብ ከተማ ባረንቱ፡ ብ22 ሕዳር ኣብ ከተማ ከረን፡ ብ24 ሕዳር ኣብ ከተማ ባጽዕ፡ ብ5 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ዓሰብ ከምኡ'ውን ብ10 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደዱ ዓውድታት ዘተ፡ ኩነታት ደቀንስትዮ ኤርትራ ንምምዕባልን



ምዕሩይ ዕድላት ንምርግጋጽን ዝተሰላሰሉ መደባትን ዘጋጠሙ ብድሆታትን ብደቂቕ ተገምጊሞም።

ኣብቲ ወከልቲ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ዝተሳተፍዎ ኣኼባ፡ ሕቶ ደቀንስትዮ ሕቶ ሰረት ሕብረተሰብን



ሃገርን ብምዃኑ፡ ንምዕባለኦን ዝዕንቅጹ ተርእዮታት ብምውጋድ ሓፈሻዊ ዕብየተንን ምዕባለአንን ንምርግጋጽ፡ ውሁድ ጻዕሪ ክካየድ ከም ዘድሊ ኣኼበኛታት ኣገንዚቦም።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወይዘሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ብዝተኻየደ ዓውድታት ዘተ፡ ህልው ብድሆታት ደቀንስትዮ ብዕምቆት ንምድህሳስ ከምእተኻእለ ጠቒሳ፡ መልስን ፍታሕን ዝጽበዩ ብድሆታት ንምስጋር፡ ውህዱ ጻዕሪ ናይ ኩሎም ኣካላት መንግስቲን ሕብረተሰብን ከምዘድሊ ኣስሚራትሉ።

## መውዓሊ ህጻናት ኣብ ቦታታት ስራሕ ክድፍኣሉ ይሕተት

ኣስራሕቲ ትካላት፡ ኣደታት ደቀን ካብአን ከይረሓቑ ዝውዕልሉ ዕድላት ብምፍጣር ዝኑበራሉ ደገፍ፡ ኣብ ዕብየት ኣፍራይነተን ልዑል ተራ ከምዘለዎ፡ ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ሓላፊት ክፍሊ ማሕበረ-ቀኣጠባዊ ኣገልግሎት ወይዘሮ ሰናይት መሓሪ ገሊጻ።

ኣብ ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታትን ትካላትን ተኸፊቱ ዘሎ መውዓሊ ህጻናት፡ ኣፍራይነት ደቀንስትዮ ኣብ ምዕባይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ምውላድ እዋነን ከይሰናኸል እውን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ዝሓበረት ወይዘሮ ሰናይት፡ እዚ ሰናይ ተበግሶ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ ተላብያ።

እዚ ኣብ 2000 ዓ.ም ብውሱናት ትካላት ዝጀመረ መደብ፡ ኣብ ስርሓ ቅስንትን ኣድማዒትን ኣደ ንምፍራይ ዕላማ ሒዙ ከምእተበገሰን ዓቢ ተራ ይጻወት ከምዘሎን ደማ ኣረዲኣ።

ኣብ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሆስፒታላት፡ ፋብሪካ ዓለባ ዛኣር፡ ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራን ካልኦትን ተኸፊቱ ዘሎ መውዓሊ ህጻናት፡ ቆልዑ ካብ 3 ወርሒ ክሳብ መዋእለ-ህጻናት ዝውድኡ ዝእለዩሉን ዝምሃሩሉን እዩ።

ካብ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ወይዘሮ ሳባ መስፍን ነዚ ኣመልኪታ፡ ኣብቲ ሚኒስትሪ ምስ ምኽፋት መውዓሊ ህጻናት ኣብ



ኣፍራይነት ናይተን ሰራሕተኛታት ኣደታት ዓቢ ለውጢ ከምእተመዝገበ ብኣብነት ኣሰንያ ገሊጻ።

# ትምህርቲ

## ዓወት - ዕውትቲ ጓለንስተይቲ!

**ዮሴፍ ሃይለማርያም**

***ኣብ ማእከላይ ዕድመ እትርከብ፡ ፍርቂ ካብ ዕድመኣ ድማ ኣብ ስራሕ ዓለም ዘሕለፈት ኣብነታዊት ስራሕተኛ'ያ። ዘለዋ ደረጃ ትምህርቲን ምስ ግዜ ዘጥረየቶ ልዑል ተመኩሮ ስራሕን ከኣ፡ ኣብ ስርሓን ኣብ ማሕበራዊ ህይወታን ዝያዳ ዕወትቲ ክትከውን ካብ ዝሓገዛ ረቛሒታት'ዩ። ንዘለዋ ምራልን ውሽጣዊ ዓቕምን ተገንዚብካ፡ ካብ'ዚ ዘላቶ ደረጃ ንላዕሊ ሰጕማ ኣብ ዝሓሸን ዝበረኸን መድረኽ ክትሓኵር ተስፋ እተንብረላ ጓለንስተይቲ ምዃና ክተለልያ ኣይትሸገርን። ምስ'ዛ ኣብነታዊት ጓለሰንስተይቲ ናይ ዝገበርናዮ ዕላል ጽማቝ ይስዕብ፡-***

***◆ ምስ ነብሰኺ ከተላልይና?***

ዓወት ኣርኣያ እበሃል። ኣብ ኣስመራ ተወሊደ ዓብየ። ወለደይ ነፍሲሄር ኣቶ ኣርኣያ ባህልቢን ወ/ሮ ግደይ ተኸለ ብርሃነን እዮም። ሰላም፡ ዳንዮም፡ ብርሃን፡ ራህዋን ልዋምን ዝበሃሉ ኣሕዋት ኣለዉኒ። ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፡ ብዓውዲ ስነ-ቋንቋ እንግሊዝ ናይ ቀዳማይ ዲግሪ ትምህርተይ ብ1997 ወዲአ። ተመሃሪት 2ይ ዓመት ዩኒቨርሲቲ ከለኹ፡ ኣብ 1994 ኣብ ሓዳርን ውላድን ኣትየ። ክልተ ኣወዳት ቈልዑ ወሊደ ከኣ፡ ንትምህርቲን ሓዳርን ብማዕረ እናማላእኩ፡ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህረተይ ብጽቡቕ ነጥቢ ዛዚመ። ሕጂ፡ ኣብ ዩኒሴፍ ከም ሓላፊት ኣሃዱ 'ኮሚኒከሽን ፎር ደቨሎፕመንት' እሰርሕ ኣለኹ። ማዕረኡ ድማ፡ ብዓውዲ 'ኮሚኒከሽን ፎር ደቨሎፕመንት' ናይ ማስተርስ ትምህርቲ ኣብ ምቕጻል እርከብ። ነዚ ምስ ዛዘምኩ፡ ናብ ደረጃ ዶክተረይት ከዕብዮ መደበይ'ዩ።

***◆ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲን ቈልዑ ምዕባይን እም ከመይ በዲህክዮ?***

ኣብ ንኡስ ዕድመይ ኣብ ሓዳርን ውላድን ስለዝኣተኹ፡ ቦኽሪ ወደይ ጓል 19 ዓመት - ተመሃሪት 2ይ ዓመት ከለኹ፡ ምንኣሱ ድማ፡ ጓል 22 ዓመት - ምስ ተመረቕኩ እየ ወሊደዮም። ስለዚ፡ ዕድመይ ንባዕሉ ሓደ ብድሆ ነይሩ። እቲ ብኣርባዕተ ዓመት ጥራይ ዝዓብየኒ በዓል ቤተይ፡ ዳኒኤል ደሞዝ'ውን ንባዕሉ፡ ኣባል ሃገራዊ ኣገልግሎት ኰይኑ ኣብ ሳዋ'ዩ ነይሩ። ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርተይ ኣብ ምክትታልን ክልተ ደቀይ ወሊደ ኣብ ምዕባዮምን እቲ ሓላፍነት ናባይ ወዲቑ ማለት'ዩ። እንተኾነ፡ ተራ ናይ ዓባየይ ወረሰት ቀለታን ክልተኦም ወለደይን፡ ከምኡ'ውን ተራ ወለዲ በዓል ቤተይ ምስ ዳኒኤል ደሞዝ፡ ብዘይ ቃል-ዓለም፡ ሓደ ካብ'ቲ ጸገማተይ እናበዳህኩ ንኽመሃር ዝሓዝገዘኒ'ዩ። በዚ ተተባቢዐ፡ ነቲ ቦኽሪ ወደይ ንግሆ ተንሲአ፡ ኣጥብየ፡ ሓጺበን ከዲነን ንስድራይ ገዲፈለን ንትምህርቲ እኸይድ። ነቲ ካልኣይ ወደይ'ውን ብተመሳሳሊ መስርሕ ስራሕ እናወፈርኩ ኣዕብየዮ። ሎሚ፡ ወላዲት ኰይነ ንድሕሪት ተመሊሰ እንክርእዮ፡ ጸገማተይን ብድሆታተይን ንኽስዕር ዝመበረ ተራ ወለደይ ተራ ኣብ ሂወተይ እምነ-መሰረት ምንባሩ ብኣኽብሮት እዝክሮ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ክሳብ ሕጂ ካብ ጎድነይ ከይተፈልዩ ንዘተባብዑኒ ዘለዉ ኣሕዋተይ - ሰላምን በዓል ቤታ ፌሊፕን፡ ዳኒዮም፡ ብርሃን፡ ራህዋን ልዋምን ከኣ ብልቢ ኣመስግኖም።



ዓወት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦሃዮ ወረቐታ እናኣቕረበት

***◆ ኣብ ትምህርቲ ንኽትግደሲ ዝነበረ ተራ ወለድኺ ኸ?***

ቦኽሪ ገዛ ብምዃነይ፡ ዝተገብረለይ ክንክንን ኣልያን መግለጺ ኣይረኽበሉን'የ። 'ኣንብቢ ኣጽንዒ፣ ትምህርቲ ሰረት ናይ ኩሉ'ዩ'፡ እናበሉ ከንብብን ከጽንዕን ኣተባቢዖምኒ'ዮም። ብሕልፊ ኣደይ፡ ንዓይ እታ ዝዓበየት ሞደል'ያ።

ተማሃሪት መባእታ ከለኹ ኣትሒዛ፡ “ካብ ትምህርቲ መጺእኪ ጠዓሞት ኣይትበልዕን ኢኺ፣ ቅድም ዕዮ ገዛኺ ስርሒ” ክትብለኒ ኣይርስዓንን። ብተፈጥሮይ’ውን፡ ብዙሕ ዘይዛረብ ሰብ (Introvert) ስለዝኾንኩ፡ መብዛሕትኡ ነገራት ካብ ምርኣይ፡ ምዕዛብን ምስማዕን እናተመሃርኩ’የ ዓብየ። ክሳብ ሎሚ ትምህርቲን ንባብን እፈቱ’የ። ስለዚ፡ ምስ ኣሕዋተይ ዝዓበናሉ ስድራቤታዊ ሃዋህው፡ ትምህርቲ ለውጢ ናይ ኩሉ ክኸውን ከምዝኽእል ኢና ተማሂርና። ኣደይ፡ “ቀዳማይ ዲግሪ ምስ ሓዝኪ፡ ማስተርስ ባዕለይ ከፊለ’የ ዘምህረኪ” ክትብለኒ፡ ካብ ዝኸረይ ዘይርስዖ’ዩ።

### ◆ ኣብ ስራሕ ዓለም መዓስ ተጸንቢርኪ?

ኣብ 1995 - ተመሃሪት ዩኒቨርሲቲ ከለኹ፡ ኣብ ገዛ ኮይነ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኢደ-ጥበባዊ ስራሓት እነጥፍ ነይረ። ካብኡ ዝረኸቦ ኣታዊ ድማ፡ ንጸባ ቈልዓን ካልእን ይጠቕመኒ ነይሩ። ኣብ 1996’ውን ኣብ ትርፊ ግዜየይ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣብ ምድላው ብድምጺ ተቐሪጹ ዝስማዕ ናይ መምሃሪ ጽሑፋት ነጢፈ’የ። ኣብ 1997 ምስ ተመረቕኩ፡ ኣብ 1998 ናይ ፍርቂ ግዜ ስራሕ ጀሚረ። ንዝተወሰነ ግዜ’ውን ከም ምክትል ተመራማሪት (Researcher) ብምዃን ምስ ዩ.ኤን. ኤፍ.ፒ.ኤይ. ሰሪሐ። ቀጺለ፡ ኣብ ሆቴል ኢንተርኮንቲነንታል፡ ከም ማናጀር ናይ ስልጠና፡ ክሳብ ማስተር ኣሰልጣኒት ኰይነ ሰሪሐ። ነቶም ሽዑ ዝነበሩ ልዕሊ 300 ኣባላት ሰራሕተኛታት ድማ፡ ከከም ደረጃኦም ናይ ስልጠና መደባት እናኣውጻእኩን ባዕለይ እናሰልጠንኩን፡ ዘይነዓቕ ተመኩሮ ዘጥረኽሉ ጽቡቕ ናይ ስራሕ ግዜ ኣሕሊፈ። ካብ 1999 ክሳብ 2003 ኣብ ሆቴል ኢንተርኮንቲነንታል ኣብ ዝሰራሕኩሉ ግዜ፡ ኣባል ላዕለዋይ ኮሚቴ (Executive committee) ናይቲ ሆቴል ክኸውን ዝበቓዕኩ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ድማ ነይረ። ካብ ጥሪ 2004 ኣትሒዘ ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣብ ዩኒሴፍ እሰርሕ ኣለኹ። ምስ’ቲ ዝነበረኒ ናይ ምምህርና፡ ናይ ምርምርምን ምስልጣንን ተመኩሮ፡ ኣብ ዩኒሴፍ ክሰርሕ ኣይተሸገርኩን - ንኹሉ ዝተዋህበኒ ስራሕ ቀልጢፈ’የ መሊኸዮ።



ዓወት ምስ ደቃ

### ◆ ኣብ ስራሕኪ ዘጋጠመኪ ብድሆታት?

ኣብ ስራሕ፡ ብፍላይ ከም ጓለንስተይቲ፡ ብዙሕ ብድሆታት’ዩ ዘጋጥመካ። ሓደ ካብኡ፡ ዋሕዲ ብጽፍሒ ኣብ ናትካ ደረጃ ዝበጽሓ ደቀንስትዮ (role models) ዘይምህላው’ዩ። ስትራተጂን ውጥንን ምውጻእ፡ ንሓለፍትኻ ከተእምን ምኽኣልን ነቲ ዘዳለኻዮ ምቕራብን’ውን ተወሳኺ ብድሆ’ዩ። ብሓጺሩ፡ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ዘሎ ማሕበራዊ ጸቕጢ፡ ነፍስኻ ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ ብቕዕትን ተወዳዳሪትን ገይርካ ምቕራብ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ካብ ዘገጥመካ ዝዓበየ ብድሆ ኰይኑ ረኺበዮ። ነዚ ክትስዕሮ ግን፡ ውሽጣዊ ትብዓትን ርእሰ ተኣማንነትን ክህልወካ ኣለዎ - ከይትጋገ ክትፈርሕ የብልካን። ካብ ጌጋኻ እናተመሃርካ ክትስጉም ኣለካ። ካልእ፡ ከም ጓለንስተይቲ መጠን፡ ንነብስኻ ብቕዕትን ተወዳዳሪትን ክትከውን ዝገብራ፡ ራእይን ውጥንን ክህልወካ ኣለዎ።

ስርሐይ፡ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣብ ምምጻእን ጎዳኢ ማሕበራዊ ልምዲታት ኣብ ምቅላስን ኰይኑ፡ ብዛዕባ ትሕቲ ዕድመ መርዓ፡ ምኽንሻብ ደቀንስትዮ፡ ጽሬት ንህጽና ጓለንስተይቲ፡ ዕድል ትምህርቲ ንደቀንስትዮ፡ መሰል ቈልዑ ወዘተ. ኣብ ዝኣመሰለ ንጥፈታት ዝቐንዐ እዩ። ምስ መሻርኽቲ ዩኒሴፍ ብምውህሃድ ስለዝሰራሕ ግን፡ ብዙሕ ተማሂረን ተመኩረን ኣለኹ። ልዕሊ ኩሉ፡ ኣብ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ዘሎ ዘይቅቡል ማሕበራዊ ልምድታት፡ ብሓባራዊ ጻዕሪ ጥራይ ከምዝጠፍታሕ ክርዳእ ክኢለ’የ።

### ◆ እንታይ ራእይ ሒዝኪ ኢኺ ትሰርሒ ዘለኺ?

ኣብ ዩኒሴፍ፡ ሽውዓተ ዓመታት ከም ናይ ትምህርቲ ኦፊሰር፡ ሽውዓተ ዓመታት ድማ ከም ሓላፊት ኣሃዱ 'ኮሚኒከሽን ፎር ደቨሎፕመንት' ሰሪሐ ኣለኹ። ራእየይ፡ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ዘሎ ጸቕጢ ምውጋድ፣ ማዕርነትን ፍትሓዊ ተበግሶን (Equality and Equity) ደቀንስትዮ ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ምስ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣብ ዝተሓሓዘ ስራሓት ዓቕመይ ዘፍቅዶ ምብርካት'ዩ። ኣብ ዩኒሴፍ፡ ናይ ጀንደር ወይ ማዕርነት ፎካልፖይንት ኰይነ'ውን ስለዝሰርሕ፡ ኣብ ጉዳይ ደቀንስትዮ ብቐረባ እዋስእን ክገብሮ ዝኽእል ቴክኒካዊ ኣበርክቶ እንተሎ ክገብር ቅርብቲ'የ። ካብ'ዚ ወጻኢ፡ ኣብ ጉዳይ ደቀንስትዮ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ንዝተፈላለያ ሃገራት ቴክኒካዊ ደገፍ ክህበሉ ዝኽእል ዕድል ምስ ዝርከብ ድልውቲ'የ። ኣብ'ዚ ሕጂ ዝሰርሓሉ ዘለኹ ኣካል፡ ከም ዞባዊ ኣማኻሪት (ሪጂናል ኣድቫይዘር) ኰይነ ክሰርሕ ራእይን ድሌትን ስለዘለኒ፡ ነዚ ብትምህርትን ብቕዓትን ዓብየ ከረጋግጾ፡ ኣብ ጻዕሪ ኣለኹ።

### ◆ ኣብነታዊት ሰራሕተኛን ኣደን ምዃን ዝከኣል ድዩ?

እቲ ዘድሊ ቀዳምነታትካ ምንጻር ጥራይ'ዩ። ብወገነይ ኣብ ስራሐይን ማሕበራዊ ህይወተይን ጻዕራም ክኸውን'የ ዝፈቱ። ምስ ዝኾነ ሰብ - ጽፍሒ ብዘየገድስ፡ ተወሃሂደ ክሰርሕ ጸገም የብለይን። ስራሕን ማሕበራዊ ሂወትን ክዛነቕ ስለዘለዎ ግን፡ ንማሕበራዊ ሂወት ግዜን ኣድህቦን ሂበ'የ ዘሰላስሎ። ሓደ ካብቲ ተዓዊተሉ ዝብሎን ዘሐብነኒን፡ ምስ'ዚ ኹሉ ብድሆ፡ ንኽልተኦም ደቀይ (ሌዊ ዳኒኤል፡ ወዲ 23 ዓመት ኣባል 27 ዙርያ፣ ማርዶካይ ዳኒኤል ወዲ 20 ዓመት ኣባል 30 ዙርያ)፡ ሃገሮም ዝፈትዉን፡ ክብሪታት ሕብረተሰቦም ዝስዕቡን ኰይኖም ክዕብዩም ምኽኣለይ'ዩ። ብቑጠባ ርእሰይ ክኢለ፡ ደቀይ ክሕብሕብ ምኽኣለይ'ውን ተወሳኺ ዓወተይ'ዩ።

### ◆ ነብሰኺ ንምምዕባል ዝወሰድክዮ ስጉምቲ ኣሎዶ?

ነብሰይ ንምምዕባልን ንምቕያርን ኩሉ ግዜ'የ ዝመሃር። ብዙሓት ሓጸርቲ ስልጠናታት ወሲደ'የ። ንኣብነት፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሃርቫርድ - ብመገዲ ኦንላየን ብዳይናሚክን መሪሕነትን ንሓደ ዓመት፣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦሃዮ ድማ ብኦንላየንን ብኣካል ክይደን ንሓደ ዓመት ተማሂረ ምስክር ወረቐት ረኺበ'የ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ማልሞ - ሽወደን'ውን ብኦንላይን ንሽዱሽተ ወርሒ ብ'ምብህሃል ንምዕባለ' ስልጠና ወሲደ። ብሕጂ'ውን ክቕጽሎ'የ።

### ◆ ደቀንስትዮ ኣብ ኩሉ መዳያት ተወዳደርቲ ክኾና እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሊ?

ዓወት ካብ ስድራ'ዩ ዝጅምር። ኣብ ስድራ ዘይተዘርአ ክዓብን ክፈርን ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ፡ ወለዲ ንደቀንስትዮ ደቆም ብውህደት ሞደል ኰይኖም ከዕብዩወን ይግባእ። ዕውትቲ ጓለንስተይቲ ፍረ ውህደት ኣቦን ኣደን'ያ። ምስ ኣወዳት ኣሕዋታ፡ ማዕረ ዕድል ሂቦም ክኹስኩሰዋ ሓላፍነቶም'ዩ። ኣወዳት ኣሕዋተን'ውን ኣብ ልዕሊ ኣሕዋቶም ዘሎ ማሕበራዊን ባህላዊን ጸቕጢ ተገንዚቦም ክሕግዙወን ኣለዎም። ንሳተን'ውን፡ ኣተሓሳስባኣን ከስፍሓ፡ ብትምህርትን ካልእን ክትጽታ ኣለወን። ካልእ፡ ወለዲ ንደቂ-ተባዕትዮ ደቆም፡ ጓለንስተይቲ ዘኽብሩን ማዕርነታ ዝቕበሉን ገይሮም ከዕብዮዎም ይግባእ።

### ◆ ኣብ ትርፊ ግዜኺ እንታይ ትገብሪ?

ነብሰይ ንምምዕባል ዝተፈላለዩ ስልጠናታት እወስድን ጽሑፋት ኣንብብን። ኣብ ገዛ ድማ፡ ነቲ ምሩጽ ግዜየይ ምስ ደቀይን ስድራቤተይን የሕልፎ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ'ውን ካብቲ ዘዘውትሮ ዓይነት ስፖርት'ዩ።

### ◆ ዓወት ዝብል ስም ብኸመይ'ዩ ወጺኡኪ?

ስርዓት ሃይለስላሰ ዝወደቐሉ ግዜ ስለዝተወለድኩ፡ ኣቦይ ትንሳኤ ኤርትራ ዝብል ስም'ዩ ኣውጺኡለይ። ስራሑ ኣብ ሲቪል ኣቭየሽን ናይ ኣዲስ ኣበባ ስለዝነበረ ግን፡ ዘውጽኣለይ ስም ምስ ናጽነት ኤርትራ ስለዝተሓሓዝ፡ ሰባት ሓደጋ ከየምጽኣልካ ምስ በልዎ፡ ዓወት ዝብል ስም ቀይሩለይ - እዚ ከኣ፡ ካብ ድሕሪ ውድቀት ሃይለስላሰ፡ ኣብ ትሽዓት ወርሒ ስለዝተወለድኩ'ዩ።

### ◆ ለበዋ እንተለኪ?

ደቀንስትዮ፡ ንነብስና ብቐጻሊ ብምብህሃል፡ ቴክኒካዊ ክእለትን ፍልጠትን ክንሃንጻን እዋናዊት ክንገብራን ኣለና። ብጻዕሪን ትምህርቲን ክልወጥ ዘይክእል ከምዘየለ ኣሚንና'ውን ኣብ ትምህርቲ ክንጸቅጥን ኣብ ስራሕ ዓለም ዓቕምና ከነርእን እላቦ። ኣነ፡ ንነብሰይ ካብ ዝኾነት ጓለንስተይቲ ኣብሊጸ ኣይርእያን'የ - ብዙሕ ክገብሮን ክበጽሖን ዘለኒ ኣሎ። እንተኾነ፡ ከም ኣብነታዊት ጓለንስተይቲ ተወሲደ፡ ተመኩሮታተይ ከካፍል ንዝተዋህበኒ ዕድልን ግዜን ኣመስግን። ሃማደኤ፡ ብመገዲ መጽሔት ኣግእዞ ንዝገብራኦ ዘለዋ ጎስጓስን ምዕባይ ንቕሓትን ኣድናቖተይ እናገለጽኩ፡ ቀጽለኦ እብል።

## ጥዕና

# ሕማም ሽኮርያ ኣብ ደቀንስትዮ

ዶ/ር ናርዶስ ታረቀ

ሕማም ሽኮርያ፡ ዓቐሚ ምቍጽጻር ሽኮር ኣብ ደም ከጒድል ከሎ ዝስዕብ ተርእዮ እዩ። እዚ ዝኸውን ቆስጠ እሾል ዓቐን ነዝዒ ኢንሱሊን ክተፍሪ ምስ ዘይትኽእል ወይ ኣካል ንነዝዒ ኢንሱሊን ተጸዋርነት ክርኢ ከሎ እዩ። በዚ ድማ፡ መጠን ሽኮር ኣብ ደም ልዕሊ ዓቐን ይኸውን።

ሕማም ሽኮርያ ብደረጃ ዓለም ንሚልዮናት ኣህዛብ ዘሳቕዘሎ ሓደ ካብ ዘይተማሓላለፍቲ ሕማማት እዩ። ዕድመ፡ ጾታ፡ ዓሌት፡ ሕብሪ ቆርበት ዘይፈሊ ሓደገኛ ሕማም ድማ እዩ። ኣብ ምቁጽጻሩ ከኣ፡ ብፍላይ ኣብ ደቀንስትዮ በዳሂ ኰይኑ ንረኽቦ። ስለምንታይ ግን ኣብ ደቀንስትዮ ዝያዳ በዳሂ ይኸውን?

ምቍጽጻር ሕማም ሽኮርያ፡ ኣብ ደቀንስትዮ ስለምንታይ ዝያዳ በዳሂ ይኸውን ንዝብል ሕቶ፡ ኣብ ክሊኒክ ክሊቭላንድ፡ ሕ/መ/ ኣሜሪካ መምህርን ግዳይን ሕማም ሽኮርያ ዝኾነት ሓኪም ናፐ ክትምልስ እንከላ፣ "ብፍሉይነት ኣብ ደቀንስትዮ ዝርከቡ ነዝዕታት ወይ ሆርሞናት ሕማም ሽኮርያ ኣብ ምቍጽጻር ኣሸገርቲ እዮም። ኣብ ኣካላት ጓለንስትየቲ ዝያዳ ነዝዒ ኤስትሮጂን ምህላው ተጸዋርነት ኢንሱሊን ዘዕቢ እዩ" ትብል። ኣብ ሆስፒታል መርሲ፡ ከተማ ባልቲሞር ኢንዶክሮኖሎጂስት ዝኾነት ዶ/ር ኣምበር ተይለር እውን ንመግለጺ ናፐ ብኽምዚ ትድርፆ። ዶ/ር ተይለር፡ ሕማም ሽኮርያ ኣብ ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን ፍሉይነት ዝህልዎ ተጸዋርነት ኢንሱሊን ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ግዜ ፍወሳ እውን ናይ ጾታ ሌላን ጉሌላን ስለዘሎዎ በሃሊት እያ። "ገለ ገለ ሓካይም ንግዳይ ሽኮርያ ዝኾነት ጓለንስተይቲ ኣብ ክንዲ ከሉ መዳይ ፍወሳ ዝገብሩላ ልክዕ ከም ደቂ ተባዕትዮ ዝገብር ፍወሳ ስለዘየካይዱላ በቲ ሕማም ዝያዳ ክትሽገር ትርእ። ብተወሳኺ ብሽኮርያ ዝተጠቕዐት ጓለንስተይቲ ቅድሚ ገዛእ ርእሳ ምክንኻን ንስድራቤታ ክትከናኸን ክትብል ንኑብሳ ኣብ ሓደጋ ስለ እተእትዋ ዝርደኣላ ክትረክብ ይግባእ፡" ትብል ዶ/ር ኣምበር ተይለር።

### ምስ ሽኮርያ ዝነብራ ደቀንስትዮ

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ መጽሄት journal Nutrition, Metabolism & Cardiovascular Diseases ዝተዘርገሐ መጽናዕቲ፡ ካብ 1297 ደቂተባዕትዮን 1168 ደቀንስትዮን (ኩሎም ሕማም ሽኮርያ ዘለዎም) ደቀንስትዮ ዝላዓለ መጠን ክረሻ፡ ጸቕጢ ደም፡ ዓቐን ኮሌስትሮል ከምዝተረኸበን ብምሕባር፡ ምቁጽጻር ሕማም ሽኮርያ ኣብ ደቀንስትዮ ዝያዳ ኣሸጋሪ ከምዝኾነ የረጋግጽ። እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ ሕማም ሽኮርያ ዝስዕብ ሞት ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ብዝሓሸ ቍጽሪ ክንቈልቍል እንከሎ ኣብ ደቀንስትዮ ግን ለውጢ ከምዘየርኣየ ብምግላጽ፡ ብሰንኪ ሕማም ሽኮር ዝስዕብ ሕማም ልቢ፡ ኣብ ደቀንስትዮ 6 ዕጽፊ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ግን ካብ 2 ክሳብ 3 ዕጽፊ ከምዝበጽሕ ይሕብር። እቲ መጽናዕቲ ኣብታ መጽሄት ዘስፍሮ ርኽበታት ነዚ ዝስዕብ ይመስል፡-

- ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብራ ደቀንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ብመጥቃዕቲ ወይ ሕማም ልቢ ይሞታ።
- ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብራ ደቀንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ብተርእዮ ቅዛነት ይጥቅዓ።
- ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብራ ደቀንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ብሕማም ኩላሊት ይጥቅዓ።

ምስ ሕማም ሽኮርያ ኣብ ዝነብራ ደቀንስትዮ ክግበር ዘለዎ ጥንቃቐ፡-

ግዳይን ክኢላን ሕማም ሽኮርያ ዝኾነት ሓኪም ናፐ፡ ኣብ ክንክንን ፍወሳን ሕማም ሽኮርያ "ሓካይምን ግዳያት ሕማም ሽኮርያ ዝኾና ደቀንስትዮን ነቲ ኣብ ሞንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ዘሎ ፍልልይ ክነቕሕሉ ይግባእ፡" ክትብል ትመኽር። ሓካይም፡ ሕማም ሽኮርያ ዘለዋ ጓለንስተይቲ ንሕማም ልቢ ክትቃላዕ ዘሎ ተኽእሎ ዝዓበየ ምዃኑ ከስተብህልሉ ከምዝግባእ ድማ ትሕብር። ሕማም ሽኮርያ ዘለዋ ጓለንስተይቲ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት (menstrual periods) ዓቐን ሽኮር ኣብ ደማ ብጥንቃቐን ብስሩዕን ክትዕቀን ከምዘድልያ ከኣ፡ ንዝካየዱ መጽናዕቲ ምርኩስ ብምግባር ተስምረሉ። ኣብ ክሊኒክ ክሊቭላንድ ኢንዶክሪኖሎጂስት ዝኾነት ዶ/ር በቱል ሃቲፖግሉ ብወገና፡ "ኣብ ደቀንስትዮ ዝርከብ ነዝዒ ሆርሞናት ዝለዓለ ግምት ክወሃቦ ኣለዎ። ከመይሲ ሓካይምን ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብራ ደቀንስትዮን፡ ነዝዒ ኦስትሮጅን፡ ኣብ ደም ዘሎ ክብርን ለጠቕን ዓቐን ሽኮር ክትፈልጥ ኣሸጋሪ ስለዝገብሮ ክነቕሕሉ ይግባእ፡" ክትብል ትገልጽ።

***ሕማም ሽኮር ዘለዋ ጓለንስተይቲ ክትገብሮ ዘለዋ፡-***

◈ ጽዑቕ ክንክን ንምንካይ ልዑል ጸቕጢ ደምን ኮሌስትሮልን

◈ ምልክት ሕማም ልቢ ኪይህሉ በብእዋን መርመራታት ምክያድ

◈ ኣብ ግዜ ድቂ ሕማም ሽኮር እንተነይርዋ ድሕሪ ሕርሲ ነናሻዕ መርመራ ምግባር

◈ ስሩዕ ኣካላዊ ምውስዋስ ምዝውታር

ዶ/ርተይለር፡ "ምስ ሕማም ሽኮርያ ዝነብራ ደቀንስትዮን ሓካይምን ብሓባር ክሰርሑ ኣለዎም። ምኽንያቱ ዝሓሸ ክንክንን ኣስተምህሮን ሕማም ሽኮር ኣብ ሞንጐ ደቂ ተባዕትዮን ደቂኣንስትዮን ንዘሎ ፍልልይ ብዝበለጸ ስለዘጽብቦ ኣገዳሲ ትብል። ዶ/ር በቱል ሃቲፖግሉ ብወገና፡ "ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብራ ደቀንስትዮ ብዛዕባ ኣካላተን ርድኢት ክህልወን ይግባእ። ንሳተን ዋላ ሕማም ሽኮር ኣብ ደም ይሃልወን ከም ማንም ጓለንስተይቲ ክሰርሓ ከም ዘለወን ክፈልጣን ክቕበልኦን ኣለወን። ብተወሳኺ ቀጻሊ ዓቕን ሽኮር ደም፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ካብ ፍረታትን ኣሕምልትን ጥዕናኡ ዝተረጋገጸ ካርቦሃይድሬት (ሽኮር) ክምገባን ኑብሰን ክከናኸናን የድሊ" ክትብል ምኽራ ትህብ።

## ሕማም ሽኮርያን ጥንስን

ኣብ ግዜ ጥንሲ ሕማም ሽኮርያ ኣብ ብዙሓት ደቀንስትዮ ዝረአ እኳ እንተኾነ ንገለ ገለ ደቀንስትዮ ግን ንኸቢድ ሓደጋ ኪቃልዐን ይረአ። ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ካብ 100 ጥኑሳት፡ 3-5 ኣደታት ብሕማም ሽኮር ክጥቅዓ ይኽእላ። ከም ሳዕቤኑ ድማ መስርሕ ድቂ ንቡር እናመሰለ እውን ኣብ ገለ ኢጋጣሚ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብፍላይ እቲ ሕማም ኪይተነጸረ ግዜ እንተወሲዱ እቲ ሓደጋ ኣመና ልዑል ይኸውን። ኣብ ግዜ ጥንሲ ሕማም ሽኮር ዘለዋ ጓለንስተይቲ ካብታ ዘይብላ ዝያዳ ምውት ዕሸልን ትሕቲ ሚዛን ህጻንን ክትገላገል ተኽእሎ ኣሎ። ይኹን'ምበር ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝምዕብል ሽኮርያ ድሕሪ ሕርሲ ባዕሉ ዝጠፍእ ምኽኑ ከዝንጋዕ የብሉን።

ሕማም ሽኮርያ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ግዜ ጥንሲ ብብዝሒ ዝረኣዩ ውሽጣዊ ሕማማት ኰይኑ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ድማ እቲ ቁጽሪ እናዛየደ ይመጽእ ከምዘሎ መዛግብቲ ጥዕና ዓለም የረጋግጹ። ሕማም ሽኮርያ ዝኽሰተሉ ግዜ ምርኰስ ብምግባር ኑብሰ-ጾራት ደቀንስትዮ ኣብ ክልተ ይምደባ።

◈ ቅድሚ ጥንሲ ሕማም ሽኮርያ ዝነበረን፡- ኣብዚ ምድብ ዝምደባ ጥኑሳት ደቀንስትዮ ሕማመን ኣቐዲመን ስለ ዝፈልጣ ኣብ ምቍጽጻሩ ቅድመ ምድላዋት ክገብራ ይኽእላ እየን። እንተኾነ ገለ ሓካይምን ግዳያትን ሸለልትነት ስለዘርእዩ፡ እታ ጥንስቲ ኣደ ንሓደጋ ክትቃላዕ ትኽእል እያ።

◈ ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮርያ፡- ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝኽሰት ሕማም ሽኮርያ ብጥንሲ ምኽንያት ዝለዓል እዩ። እቲ ጠንቂ፡ ካብ ንቡር ንላዕሊ ምልውዋጥ ስነ-ተግባር ሜታቦልነት



ናይ ሽኮር ክኸውን ይኽእል። ኣብ ገለ ደቀንስትዮ ድማ ምናልባት ቅድሚኡ ዘይተነጸረ ወይ ዘይተፈልጠ ሕማም ሽኮርያ ነይሩወን ክኸውን ይኽእል፡ ዝብል ናይ ሓካይም መደምደምታ ኣሎ። ስለዝኾነ ኣብ ፈለማ ናይ ጥንሲ ግዜ ልዑል ዓቕን ሽኮር ዘርእያ ኣደታት፡ ግሁድ ሕማም ሽኮርያ ከምዘለወን እየን ዝሕሰባ። ናይ ጥንሲ ውጽኢት ድማ ከምተን ግሁድ ሕማም ሽኮርያ ዘለወን ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮርያ ዝብል ቃል ምጥቃም ዝያዳ ጽኑዕ ክትትል ንምግባርን ድሕሪ ሕርሲ ተወሳኺ ሕክምናዊ ክንክን ንምግባርን የተባብዕ። ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮርያ ዘስዕቦ ስክፍታ፡ ልዑል ዓቕን ዕቤት ዕሸል ኪይህሉ እዩ። ከመይሲ እቲ ዝስዕብ ልዑል ዓቕን ዕቤት ዕሸል ኣብ ኣደን እቲ ዕሸል ባዕሉን ኣብ ግዜ ሕርሲ ጉድኣት ከውርድ ስለዝኽእል እዩ። ብተወሳኺ ልዕሊ ፍርቂ ካብ'ተን ኣብ ግዜ ጥንሲ ሕማም ሽኮር ዘማዕበላ ኣደታት ድሕሪ ግዜ ኣብ ዝቕጽል 20 ዓመታት ግሁድ ሕማም ሽኮርያ የማዕብላ እየን። ኣብ ዝተናውሐ እዋን ድማ ኣብ ዕሸል ከም ምኽራሽን ሕማም ሽኮርያን ዝኣመሰሉ ሳዕቤናት ከምዝምዕብሉ ጭብጥታት ይሕብሩ።

## ምዕባለ ሕማም ሽኮርያ ኣብ ግዜ ጥንሲ

ዝተፈላለዩ ዳህሳሳትን መጽናዕትታትን፡ እቲ ልክዕ ጠንቂ ሕማም ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ ንምፍላጥ ኣብ ጻዕሪ እኳ እንተለው፡ ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝኽሰቱ ምልውዋጥ ነዝዒታትን ካልኦትን ቀዳሞት ጠንቅታት ናይቲ ጸገም ከም ዝኾኑ ሲ.ቃውንቲ ይሕብሩ። እቲ ናይ ነዝዒታት ምልዋጥ ተጻዋርነት ኢንሱሊን ስለ ዝፈጥር ናብ ጸዓት ክቕየር ዝግበኦ ሽኮር ሕማም ኰይኑ ምልክት ከርኢ ይጅምር። ብተወሳኺ ኣብ ገለ ገለ ጥኑሳት ኣደታት ተወርሶ ጠንቂ ሕማም ሽኮር ኣብ ግዜ ጥንሲ ከምዝኸውን ይፍለጥ።

## ሓደገኛነት ሕማም ሽኮርያ ግዜ ጥንሲ:-

◈ ትሕቲ ሚዛን ዕሸል ምውላድ

◈ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ሚዛን ሰብነት ዘለዎ ዕሸል ኣብ ምግልጋል፡ ርእሲ ምስ ተቐልቀለ መንኮብ ተቐርቂሩ ይተርፍ።

- ኣደ ልዑል ጸቕጢ ደም ተማዕብል
- ኣመና ብዙሕ ፈሳሲ ርእሲ ማንታ የስዕብ
- ኣደ ምውት ዕሸል ክትገላገል ትኽእል፡
- መስርሕ ሕርሲ ብሙብጣሕቲ ክፍጸም የገድድ
- ኣመና ገዚፍን ኣብ ዳሕረዋይ ህይወቱ ሕማም ሽኮርያ ዘማዕብል ህጻን ክትገላገል ትኽእል

ኣብ ግዜ ጥንሲ ናብ ሕማም ሽኮር ዘቃልዑ ረቛሒታት፡-

- ቅድሚ ጥንሲ ኣመና ምኽራሽ
- ኣቐዲሙ ኣብ ግዜ ጥንሲ ምልክት ሕማም ሽኮር እንተ ነይሩ
- ኣብ ስድራ ቤት ጥንስቲ ኣደ ካልኣይ ደረጃ ሕማም ሽኮር እንተሎ
- ማናቱ ዕሸላት ከም ዘለዋ እንተ ተረጋጊጹ
- ሓባሪ ሚዛን ሰብነት (Body Mass Index,BMI) ልዕሊ 30 ምስ ዝኸውን
- ቅድሚኡ ልዕሊ 4.5 ኪሎ ግራም ዝምዝን ዕሸል ተገላጊላ እንተ ነይራ
- ንጥንስቲ ወለዳ፡ ሓዋ ወይ ሓፍታ ሕማም ሽኮርያ እንተ ኣለዎም

## ምልክታት ሕማም ሽኮርያ ኣብ ግዜ ጥንሲ

- ኣመና ድኻም
- ኣመና ርሃጽ ሰብነት
- ጽርውርው ምባል
- ብርቱዕ ቃንዛ ርእሲ
- ቃንዛ መገጣጠሚ
- ቅልጡፍ ኣተናፍሳ፡ ፍሩታ ዝሸትት እስትንፋስ
- ንልዕሊ 6 ሰዓታት ዝቐጽል ብርቱዕ ዕግርግር፡ ተምላስን ውጹኣትን

## ሕማም ሽኮርያ ኣብ ግዜ ብትከት ጽግያት (menopause)

ሕማም ሽኮርያ ኣብ ግዜ ብትከት ጽግያት ማለት ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዘለዋ ጓለንስተይቲ እውን ይረአ እዩ። ንኣብነት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከምዘመልክቶ ካብ ዓሰርተ ኣብ ብትከት ጽግያት ዘለዋ ደቀንስትዮ ሓንቲ ብሕማም ሽኮር ትጥቃዕ። ኣብ 2050 ድማ፡ ካብ ሰለስተ ኣብ ብትከት ጽግያት ዝርከባ ደቀንስትዮ ሓንቲ ብሕማም ሽኮር ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ከምዝህልዋ ጸብጻባት ይእምቱ። ምልክታት ሕማም ሽኮር ኣብ ከረሻትን ልዕሊ 40 ዓመት ዝዕድሚኤን ደቀንስትዮን ዝረአ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኤን ግን እቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ይገሃድ። ብትከት ጽግያት ግን ሕማም ሽኮር የዛይድ ደዩ? ዝብል ሕቶ ከቢድ ግድል ኲይኑ ንተመራመርቲ ኣዋጢርዎም ዘሎ እዩ። በቲ ኮይኑ በቲ ግን ልዕሊ 50 ዓመት ደቀንስትዮ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ቅሉዓት ብምዃነን ጥንቃቖን ክንክን ጥዕናን ብዕቱብ ክተሓዝ ዘለዎ እዩ።

## ሽኮርያ ዘለወን ደቀንስትዮ ክገብርኦ ዘለወን፡-

- ሚዛን ሰብነት ምጉዳል
- ሜላ መነባብሮ ምቕያር
- ቅኑዕ ሜላ ኣመጋግባ ምኽታል
- ምስ ክኢላታትን ሓካይምን እናተማኸራ ሓፈሻዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዘውታር
- ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ከድርቱ ዝኽእሉ መግብታትን ስብሒታትን ምምጋብ
- ጭንቀትን ወጥርን ምውጋድ
- ሽጋራን ኣልኮላዊን መስተን ብመሰረቱ ምውጋድ
- ሕማም ሽኮር ዘለዋ ጓለንስተይቲ ኣብ ቀረባኣ ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና እናተመላለሰት ኵነታታ ክትፈልጥን ክትከታተልን ይግባእ።

ኣብ መጨረሻ ምስ ሽኮርያ እትነብር ኣደ፡ በዓል ቤታ ልዕሊ ማንም ክኢላ ሓኪም ናይ ቀረባ ሓኪማ ምዃኑ ክርዳእን ክፈልጥን ይግባእ። ምስ ሕማም ሽኮር እትነብር መጻምዲ ዘላትካ፡ እቲ ሕማም ከም ዝኾነ ውሽጣዊ ሕማም ምዃኑ ክትግንዘበላ ንቓሕ። ብጥንሲ ዝምዕብል ሽኮር እኮ፡ ንስኻን ክብርቲ በዓልቲ ቤትካን ወለዶኹም ንምቕጻል ብሓባር ዝሃነጽክምዎ ድቂ እዩ ናብ ሕማም ኣቃሊዕዋ። ባዕላ ጠኒሳ፡ ባዕላ ሕማም ኣምጺኣ፡ ባዕላ ትፈወሶ ዝብል ርድኢት ክህልወካ የብሉን። ነቲ ሕማም ኣብ ምክትታልን ምቊጽጻርን ንስኻ ካብ ጎና ኣይትፈለ። ናብ ትካል ሕክምና ሓቢርካ ምስኣ ኪድ! ምስ በዓል ሞያ ብሓባር ኢሂን ምሂን በለላ! ንስኻን ንሳን ንሕማም ሽኮር ተላዘብሉ! ንመዓልቲ እንተወሓደ ኣካላዊ ምውሳዋስ ንምግባር ን30 ደቓይቕ ምስኣ ተሳተፍ! ኣዕልላን ዋዛታት እናምጻኻ ኣዘናጋዓያን! ናብ መዘናግዒ ቦታታት ውሰዳ! ድኻምን ሃልክን ክሰመዓ ከሎ ዘቤታዊን ግዳማዊን ዕዮ ሽፍነላ! ክብርቲ በዓልቲ ቤትካ መጻምድኻ፡ ሓፍትኻ፡ ኣዴኻን ኣላይትካን እያ! ምስ መጻምድኻ ካብ ኣዴኻን ሓፍትኻን ዘይትረኽቦ ምቅር ህያብ ኣሎ፡ ትፈልጦ ኢኻ! ከም ኑብስኻ ገርካ ኣፍቅራ ተባሂልካ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ድማ ዝያዳ ኣፍቅራ፣ ክትዓግብ ኢኻ፡ ዝያዳ ሕለየላ ክትሕጉስ ኢኻ! ምኽንያቱ መቐረት ህይወት ኣብ ግዜ ሽግርን ሕማምን ምትሕልላይን ምክንኻንን ምስ ዝሕወሶ እዩ!

*ተወሳኺ ምንጪ፣ መጽሓፍ Williams Obstetrics*

# ጽግያት፡ ምስጢር ብልጫታት ደቀንስትዮ

ተስፋኣለም የማነ

ገለ ደቀንስትዮ፡ ንወርሓዊ ጽግያተን ከም ሕማቕ ባህርያዊ ትዕድልቲ ስለ ዝቐጽራኦ፡ ከኒናታት መከላኸሊ ጥንሲ ብምውሳድን ካልእ ናይ ጥንሲ መከላኸሊ ኣገባባት ብምጥቃምን ከዓግታኦ ይፍትና እየን። እናከመጸን ብዙሕ ዝጭነቓን ዘማርራንውን ውሑዳት ኣይኮናን። ይኹንምበር ወርሓዊ ጽግያት ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ባህርያዊ ትዕድልቲታት ደቀንስትዮ ከም ዝኾነዮም ክኢላታት ጥዕና ዘመልክቱ። ካልእሲ ይትረፍ፡ ብዓይኒ ጥዕና ክረአ እንከሎ ካብቲ ሕማቑ እቲ ጽቡቕ ነገሩ ስለ ዚዛይድ፡ ደቀንስትዮ ኣብ ህይወተን ወትሩ ክንጽታሉን ክኾርዓሉን ዝግባእ ኣደናቒ ነገር ምዃኑ የረድኡ።

ብመሰረትዞም ክኢላታት፡ ወርሓዊ ጽግያት ንደቀንስትዮ ዝህበን ጥዕናዊ ረብሓታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ገለ ካብኡ፡-

- **ክስተት ዝተፈላለዩ ሕሞማት ይእምት**

ወርሓዊ ጽግያት፡ እቲ ዝበለጸ ማሓበሪ ኩነታት ጥዕና እዩ። ሓንቲ ብስሩዕ ወርሓዊ ጽግያት ዝመጻ ጓለንስተይቲ፡ ንሕብሪ፡ ሽታን ንውሓት ግዜን ናይቲ ዝፈሰ ደም ብምስትብሃል ጥራይ ኩነታት ጥዕናኣ ጽቡቕ ክትርድኦ ትኽእል። ገለ ደቀንስትዮ፡ ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያተን ካብቲ ንቡር ዓቐን ንላዕሊ ደም ይፈሰን፡ ወይ ድማ ወርሓዊ ጽግያተን ኣዝዩ ይድንጉየን። እዚ፡ ኩነታት ጥዕናአን ጽቡቕ ከም ዘየለ ስለ ዘመልክት፡ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ከይደን ጥዕናአን ክምርመራ የገድደን። ሓንቲ ጓለንስተይቲ፡ ሕማማት ልቢ፡ ሽኮርያ፡ ወይ ካልእ ምስ ስርዓተ-መፍረ ዝተኣሳሰር ጥዕናዊ ጸገማት ምስ ዘጋጥማ፡ ወርሓዊ ጽግያታ ይቋረጽ። ስለዚ፡ ደቀንስትዮ በዚ ተኣካዪነ ኩነታት ጥዕናአን ክፈልጣን ንሕማማት ኣቐዲመን ክከላኸላኦም ዝኽእላን ካብ ኮና፡ ንኡብሰን ከም ዕድለኛታት ክቖጽራኦ እዩ ዘለወን።

- **ደጋዊ መልክዕ የደምቕ/የወቅብ**

ደቀንስትዮ፡ ኣብ ፈለማ መዓልቲ ናይ ወርሓዊ ጽግያተን፡ ዓቐን ናይቲ ኣብ ኣካላተን ዝርከብ ኤስትሮጅን ዝበሃል ኣንስታዊ ነዞዒ ኣዝዩ ትሑት ስለዝኸውን፡ መብዛሕትኣን ኣዋልድ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ኪቓዝና፡ ክትክዛን ኣዝየን ስምዒታውያን ክኾናን ይርኣያ። ድሕሪ ሒደት መዓልታት ግን ዓቐን ናይዚ ነዞዒ ይልዕል'ሞ፡ ንቑሓት፡ ሕጉሳት፡ ከምኡ ድማ ርጉእ መንፈስ ዘለወን ክኾና ዘኽእለን ኢንዶርፊንስ ዝበሃሉ ቀመማት ከመንጩ ይጀምር። ብድሕሪዚ ንቑሓትን ዝኾነ ከርከብ ዝኽእላን ኰይኑ ይስምዐን። ዓቐን ኢስትሮጅን ክልዕል እንከሎ ኑቲ ጸቕጢ ወይ ጭንቀት ዘስዕብ ካልእ ነዞዒ ስለ ዝዓግቶ፡ እተን ደቀንስትዮ ደጋዊ ትርኢተንን ኣንስታዊ ባህርያተንን ዝያዳ ሰሓቢ እናኾነ ይኸይድ። ሕብሪ ገጸን ኣዝዩ ኣንጸባራቒ፡ ቈርበተን ድማ ልስሉስን ልሙጽን ይኸውን። ዝያዳ ካልእ ግዜ ድማ ንደቂ-ተባዕትዮ ይማርኻን ይስሕባን።

- **ርስሓት ወሸጣዊ ኣካላት የጽሪ**

ኣብዚ ዘመንዚ፡ ንቀመማዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ርስሓት ወሸጣዊ ኣካላትና ኣብ ምጽራግ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ መድሃኒታት ኣለዉ። እዞም መድሃኒታት ዚኣቶም ግን ነተን ስሩዕ ወርሓዊ ጽግያት ዘለወን ደቀንስትዮ ኣየንታዩን እዮም። ምኽንያቱ፡ ወርሓዊ ጽግያት ንባዕሉ ባህርያዊ ኣጽራዪ ወሸጣዊ ርስሓት ስለዝኾነ። ኣብ እዋን ጽግያተን ዝፈስስ ደም፡ ኣብ ኣካላተን ኣገልግሎቶም ወዲኦም ናብ ተጓዳኢ መርዚ ንዝቕየሩ ዝተፈላለዩ ቀመማትዩ ጸራሪጉዎም ዝወጽእ። ሓደ ካብዞም ቀመማት እዚኣቶም፡ ተረፍ ናይ



ኣይረን ዝበሃል ማዕድን እዩ። ኣካላተን ካብ ዘድልዮ ዓቐን ንላዕሊ ኣይረን ክረክብ እንከሎ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ስለ ዘቃልዐን፡ እቲ ትርፊ ብደም ወርሓዊ ጽግያተን ተጸይሩ ንደገ ይጓሓፍ።

- **ብህይወት ናይ ምንባር ዕምሪ የናውሕ**

ዕምሪ ደቀንስትዮ ብማእከላይ ገምጋም ክርአ እንከሎ፡ ካብ ዕምሪ ደቂ-ተባዕትዮ ብ6 ወይ 7 ዓመት ከም ዝነውሕ ብስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። 122 ዓመት ብምምባር፡ ዝለዓለት ናይ ዕድመ በዓል-ጸጋ ተባሂላ ኣብ ዓለማዊ መዝገብ ክብረ-ወሰን ሰፊራ ዘላ'ውን ጓለንስተይቲ እያ። እቲ ቀንዲ ምስጢር ናይዚ ከኣ፡ ወርሓዊ ጽግያት ምዃኑ ተመራመርቲ ናይዚ ዓውዲ ብመጽናዕቲ በጺሖም ኣለዉ። ብመሰረትዞም ክኢላታት፡ ወርሓዊ ጽግያት ንመስርሕ እርጋን ኣብ ምድንጓይ መሪሕ ተራ ኣለዎ። እዚ ማለት፡ ወርሓዊ ጽግያት ኑቲ ንሕማማት ልቢ፡ ወቕዒን ረሲዕን ኣብ ምቅላዕ ዓቢ ተራ ከም ዘለዎ ዝነገሩ ኣይረን ጸራሪጉ ብምውጻእ ኣብ ኣካላት ዓቕሉ ከም ዝነኪ ስለ ዝገብር፡ ጓለንስተይቲ በዞም ሕማማት ክትጥቃዕ ዘለዋ ተኽእሎ ትሑት ስለዝኮነ እዩ።

# ግብሪ፣ ራእይ ዘጨብጥ ተበግሶ...

**ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)**

ህይወት ዘለዎ ፍጡር፡ ምንባሩ ከውሕስ፡ ባህሪ ዝዓደሎ ጥበብ ተጠቒሙ፡ ምስ ከባቢኡ ተሰማሚዑን ተወሃሂዱን ንኽጉዓዝ ክሳብ ዕለተ ሞቱ ይቃለስ። ወ/ሮ ይርገኣለም ገብረመስቀል ድማ ህያው ኣብነት ናይ'ዚ'ያ።

ወይዘሮ ይርጋኣለም ገብረመስቀል፡ ኣብ ዓዲ ዕጥቀት፡ ከባቢ ኩዓቲት ተወሊዳ። ኣብ ሰገነይቲ ድማ ዓብያ። ወናኒት ትካል ማእለማ "ወልደሰናይ" ኣብ ከተማ ደቀምሓረ'ያ። ትምህርቲ ማእለማ ገና ተማሃሪት መባእታ እንከላ'ያ ጀሚራቶ። ፈለማ ንኽልቲኡ ብሓደ ኣጣሚራ ክትቅጽሎ ፈቲና። ብምኽንያት ማሕበራዊ ጸገም ግና ሓዲኡ ክትመርጽ ወሲና። ሻሙናይ ክፍሊ ኣብ እትመሃረሉ ዝነበረት ዓመተ 2002 ከኣ፡ ኣካዳምያዊ ትምህርታ ኣቋሪጻ፡ ናብ ትምህርቲ ማእለማ ጥራይ ኣተኲረት። ይኹን'ምበር ዝጀመረቶ ትምህርቲ ኣብ መዛዘሚ ከየብጽሓቶ፡ "ተመርዓዊ" ዝብል ዘረባ ወለዳ ድቃስ ለይቲ ስለዝኸልኣ፡ ኣብ 2003 ተመርዕያ።

ይርጋኣለም፡ ብምኽንያት መርዓ ዘወንዘፈቶ ትምህርቲ ማእለማ ዕረፍቲ ከልኣ። በዚ ድማ ካብ ሰገነይቲ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ፡ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ተዋፊራ ዕለታዊ ድራራ እናማእረረት፡ ኣብ ትካል ንግዲን ኢንዱስትሪን ትምህርቲ ማእለማ ቀጸለቶ። ኣብ ትምህርቲ እንከላ ጥንሲ'ኳ እንተጋጠማ ስና ነኺሳ ክትምሃር ሓሪና። ጥንሳ እናዓኾኾን ሰብነታ እናኸበደን ብዝኸደ፡ "ዝጀመርክዎ ትምህርቲ ኣብ ምዕራፉ ከየብጻሕኩ ኣበደን" ብምባል፡ ከተዐርፍ ኣይመረጸትን።

ይርጋኣለም፡ ህይወታ ክትመርሓሉ ዝኣመነትሉ ሓሳብ ኣብ ምዕራፉ ኣብጺሓቶ። ተማሂርካ "ናተይ" እትብሎ ትካል ማእለማ እንተዘይብልካ ግን ጸገም እዩ። ናትካ ትካል ክትከፍት ከኣ ገዛ፡ ማሽን፡ ፈትሊ.... ዝኣመሰሉ መሳለጥያታት ብቑዳምነት ክዋደዱ ኣለዎም። ይርጋእለም "እንትርፎ ክገብር ኣለኒ" ዝብል ወኒ ካልእ ኣይነበራን። "ጸገመይ ተረዲኦም ክሕግዙኒ ይኽእሉ'ዮም" ዝበለቶም ሰባት ሓሳባታን ጸገማታን ካብ ምክፋል ዓዲ ኣይወዓለትን። ኣብ መወዳእታ ከኣ ሓቦኣን ተበግሶኣን ርእዮም፡ "ኣጆኺ!" ዝብልዋ ገበርቲ ሰናይ ኣይሰኣነትን። ካብ ሓደ 7 ሽሕ ናቕፋ ተለቂሓ። እተን 5 ሽሕ ንመዐደጊ ማሽን ተጠቒማትለን። ዝተረፋ ድማ ፈትሊን ካልእን ዓዲጋተን። ስራሕ ማእለማ ኣብ 2009 ኣሃዱ ኢላ ጀሚራቶ። ስራሕ ማእለማ ክትጅምሮ እንከላ፡ ኣደ ሓንቲ እትጠቡ ህጻን ብምንባራ፡ ኣብ ስራሓ ጽልዋ ኣይነበሮን



ክብሃል ኣይከኣልን። ሓንሳብ ምስ ኣቀደት ግን ንድሕሪት ኣይበለትን። ኣብ ግዜ ቐትሪ ውላዳ እናኣለየት፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ስርሒ እናሓደረት ትካላ ንምዕባይ ተቓለሰት።

ይርጋኣለም፡ ዕለታዊ ሰሪሓ ዝረኸበተን ገንዘብ ከም ዘይናታ ርእያ ኣብ ምኽፋል ዕዳኣ ከተውዕለን ጀመረት። ኣብ መንጎ ከኣ፡ ውጽኢት ስርሓ ዝተዓዘባ፡ "መሃርና" ዝብላ ደቀንስትዮ እናበዝሓ ክኸዳ ኣስተብሃለት። ንሓንቲ ተማሃሪት ወርሓዊ 200 ናቕፋ እናኽፈለት ድማ ክትምህር ተበግሶ ወሰደት። ኣብ 2012 ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ 40 ጥዩሳት ተጋደልቲ ደቀንስትዮ ከተሰልጥነለን ጠለብ ኣቕረባላ። ነቲ ጠለብ ብሓጎስ ተቐበለቶ። ድሕሪ'ዚ ትምህርቲ ሞያ ማእለማ ብዕቱብ ክትሕዞ ከም ዘለዋ በርሃላ። ቀትሪ እናመሃረት ለይቲ እናሰርሐት ድማ ዝነበራ ዕዳ ኩሉ ከፈላ፡ ቀዳማይ ዕላማኣ ብዓወት ዛዘመት።

ወይዘሮ ይርጋኣለም ዕዳኣ ድሕሪ ምኽፋል "መምሃሪን መእለምን እትጠመር ትካል እንተኸፈትኩስ እንታይ ይመስለኩም?" ብምባል ንሰባት ኣማኸረት። ገለ ሰባት እቲ ዘልዓለቶ ሓሳብ ጽቡቕ ምኳኑን ብሞራል ኮነ ንዋት ክደጋገፍዋ ምኳኖምን ምስ ገለጹላ ድማ ልቾንሳ ከተውጽእ ተጓይያ። ማዕረ ማዕረኡ ኣብ ትካላ ዝሰልጠና ተመሃሮ ዘወሃበን ምስክር ወረቐት ወግዓዊ ኣፍልጦ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክህልዎ ከምዝግባእ ተገንዚባ ድሕሪ ምሕታታ፡ ሰሊጥዋ ትካላ ኣፍልጦ ረኺቡ። ነዚ ኩሉ ከተሳልጥ እትጉየየሉ ዝነበረት እዋን፡ ንካልኣይ ውላድ ነፍሰ-ጾር እያ ነይራ።

ይርጋኣለም፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ኣብ ትካላ ዘሰልጠነትን 20 ተማሃሮ ብ2012 ብሰርቲፊኬት ድሕሪ ምምራቓ፡ ቤት ጽሕፈት ዕዮ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ 20 ደቀንስትዮ ከተሰልጥነሎም ሓቲቶማ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ትካላ ንመምሃሪ ማእለማ

ትጥቀመለን 10 ማሽን ጥራይ'የን ነይረን። ሓንቲ ማሽን ንሓንቲ ተማሃሪት ክኸውን ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ርእሲ'ተን ዝነበርኣ፡ ተወሰኽቲ 10 ማሽናት ክትዕድግ ወሰነት። ማሽናት ዝሰርሓሉ ክፍሊ ድማ ተኻረየት። ቤት ጽሕፈት ዕዮ ኣቐዲሙ ገለ መጠን ክፍሊት ናይ ስልጠና ሂቡዋ ብምንባሩ፡ ዕርቡን ናይተን ክትዕድገን ዝወሰነት 10 ማሽናት ኣብ ምኽፋል ተጠቐማትሉ።

ወ/ሮ ይርጋኣለም፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ንስራሕ ማእለማን ስልጠናን ኣብ ክራይ ገዛ ኰይና ትዓሞ ምህላዋ'ያ ትገልጽ። ኣብ ናይ ውልቀሰብ ክራይ ገዛ ኰይንካ ምስራሕ ከቢድ እዩ። ስራሕካ ብውሳነን ምርጫን ኣካረይቲ ገዛ ይጽሎ እዩ። ስራሕ ማእለማ ካብ እትጅምር ክሳብ ሕጂ ሰለስተ ግዜ ገዛ ክትቕይር ከም እተገደደት ትገልጽ። ምስ ኩሉ ዘለዋ ብድሆታት ግን፡ ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታዊን ብሕታዊን ትካላት ኣውራ ድማ ምስ ሃማደኤ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ድልዱል ናይ ስራሕ ዝምድና ብምምስራት፡ ነቲ ትካል ኣብ ምምዕባል ጽቡቕ ከምዝሰጎመት ተረድአ። ከም ውጽኢቱ ካብ 2011 ክሳብ ሕጂ ኣብ 6 እብረ ስልጠናታት ብጠቕላላ 131 ዜጋታት ኣመሪቓ ኣብ ስራሕ ዓለም ኣዋፊራ ኣላ። ካብዚ ቁጽሪ'ዚ እተን 10 ጽጉማት ደቀንስትዮ ኰይነን ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ዘምሃረተን እየን። ሕጂ'ውን ኣብ ፈለማ 2018 ዝምረቓ ልዕሊ 10 ተማሃሮ ኣለውኣ።

ይርጋኣለም፡ "ናተይ ትብሎ" ገዛ ክትውንን እንተድአ በቒዓ፡ ነቲ ትካል ካብዚ ዘለዎ ደረጃ ንላዕሊ ብምስፋሕን ብምዕባይን ኣገልግሎት ክትህብ ከምኡ'ውን ጸገም ዘለዎም ብምልላይ ብናጻ ከተስልጥን ብቐጻሊ ትሓስበሉ መደብ ምዃኑ ትገልጽ።

መሰልጠኒ ማእከላት ኣብ ትካሎም ዘሰልጠንዎም ዜጋታት፡ ኩነታቶም ክከታተሉ ንዕትበት ትካሎምን ጽቡቕ ድሌቶምን ዘንጸባርቕ እዩ። ካብተን ይርጋኣለም ዘሰልጠነተን ደቀንስትዮ ሰኣን ገንዘብ ናይ ገዛእ ርእሰን ትካል ከፊተን ክንቀሳቐሳ ዘይከኣላ ከም ዘለዋ ንምግማቱ ኣየጸግምን። ለውጢ ንምምጻእ ዝተቐስመ ትምህርቲ ብግብሪ እንተዘይሰሪሕካሉ ከኣ ፋይዳ የብሉን። ነዚ ብምግንዛብ ይርጋኣለም ኣብ ትካላ ዝሰልጠና ደቀንስትዮ፡ ኣብቲ ዝሓሰበኦ ደረጃ ክሳብ ዝበጽሓ፡ ኣብ ትሕቲኣ ኰይነን ክሰርሓ ከም ትተሓባበረን ትገልጽ። ኣብቲ ትካል ናይ ዝሰልጠና ተማሃሮኣ ፍርያት ዝሸየጠላ ድኳን ከፊታ ምህላዋ እትገልጽ ይርጋኣለም፡ ፈትሊ



ወ/ሮ ይርጋኣለም ምስ ደቃ



ወ/ሮ ይርጋኣለም ምስ ተመሃሮኣ

ኩነ ካልእ ንምዕዳግ ናብ ኣስመራ ምእንቲ ከይመላለሳ፡ በቲ ኣብ ኣስመራ ዝሸየጦ ዋጋ ከምእትቕርበለን ብተወሳኺ ትሕብር።

ይርጋኣለም ኣብ ኣስመራ እናተማህረት እንከላ፡ ሃማደኤ፡ ብሕሱር ዋጋ ፈትሊ ይቕርባለን ብምንባረን ድሓን ዝኾነ ኣታዊ ትረክብ ምንባራ ትጠቕስ። ከምኡ ስለ ዘይቀጸለ ግን፡ ሎሚ ካብ ዱኳናት ብኣዝዩ ክቡር ዋጋ እናዓደገት ትጥቀም ምህላዋ ትገልጽ። ነቲ ሽግር ንምፍታሕ፡ ሃማደኤ ኣቐዲመን ዘለመድኦን ጽቡቕ ተግባር ክቕጽልኦ ድማ ትምሕጸን። ብሰንኪ ክብሪ ናይ ፈትሊን ካልእን፡ ሓንቲ ዙርያ 5000 ናቕፋ፡ ነጸላ ድማ 1500 ናቕፋ ዝተሸጠሉ እዋናት ምንባሩ ብምዝካር ወይዘሮ ይርጋኣለም፡ ኣብዚ እዋን ግን፡ ዋጋ ፈትሊ ብመጠኑ ስለ ዝጐደለ፡ ክዳን 3500 ናቕፋ ነጸላ ድማ ካብ 600 ክሳብ 700 ናቕፋ ይሸየጥ ምህላው ተረድአ።

ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2013፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን፡ ወናኒት ትካል ማእለማ "ወልደሰናይ" ወይዘሮ ይርጋኣለም፡ ኣብ ምርኢት ካርኒቫል ክትሳተፍ ዕድል ምስ ረኸበት፡ ምስ ተማሃሮኣ መኪና ተኻርየን ፍርያተን ንህዝቢ ከም ዘላለያን ካብ ተዓዘብቲ "እብ ደቀምሓረ'ዶ ከምዚ ኣሎ'ዩ?" ክብሉ ብዙሓት ኣድናቖቶም ከምዝገለጹለን ትዝክር።

ኣብስራሕዓለም፡ዓወትውጽኢትምትሕብባርእዩ።ሓንቲኢድ በይና ኣብ ትበጽሖ የብላን። ብፍላይ እቲ ተበግሶ ናይ ደቀንስትዮ ምስ ዝኸውን፡ ምስ ብዙሕ ተጽዕኖታቱ ማለት ምንባይ ሓዳር፡ ምእላይ ቈልዑ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ዘይተርፍ ሕርሲን ጥንስን እውን ስለ ዘሎ፡ ንኹሉ'ዚ ተጽዕኖታት ጸይረን ሓኾት ዝብላ ደቀንስትዮ ብሞራል ኰነ ብንዋታዊ ደገፍ ክተባባዓ ጽቡቕ እዩ። ወናኒት ትካል ማእለማ፡ "ወልደሰናይ"ከተማ ደቀምሓረ ወይዘሮ ይርጋኣለም ገብረመስቀል ኣብ መወዳእታ ነቶም ኣብዚ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ክትበጽሖ ብሞራልን ንዋትን ካልእን ዝተደጋገፍዋን ተበግሶ ንምዕዋት ኣስተዋጽኦ ዝገበሩን መንግስታውያን ትካላት፡ ሃማደኤ፡ ጨንፈር ትምህርቲ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ከምኡ'ውን ምምሕዳር ናይቲ ንኡስ ዞባን ካልኦት ገበርቲ ሰናይ ውልቀሰባትን ልዑል ምስጋናኣ ብምግላጽ ምድግጋፎም ከይፍለያ ትላቦ።

# መጕዚትነት፡ መነባበሪ... ኣካራኻሪ!

ሚኪኤል ጸጋይ



### መጕዚት እንታይ'ዩ?

መጕዚት፡ ህይወቱ ባዕሉ ክመርሕ ንዘይክእል ቆልዓ ዘዕቢ ወይ ብቕዓት ንዘይብሉ ዝኣልን ንብረት ናይቲ ዘይብቑዕ ሰብ ዓቂቡን ኣመሓዲሩን ኣብ ረብሓ ናይቲ ተሓጋዚ ዘዉዕልን'ዩ። መጕዚትነት ብሲቪላዊ ሕጊ ዝምራሕን ዝዳነን ናይ መነባብሮን ሕግን ንጥፈት'ዩ። ሰብ ብዘይ ጾታዊ ኣፈላላይ፡ ከም መጕዚት ክምዘዝ፡ ኣብ እዋን ጸገም ድማ ኣልያን ክንክንን መጕዚት ክረክብ መሰሉ'ዩ።

### መጕዚት ከም ቃል

'ሞግዚት' ዝብል ኣጸሓሕፋ ልሙድኳ እንተኾነ፡ ብመሰረት መዛግብቲ ቃላት ግን 'መጕዚት' ተባሂሉ ክጽሓፍ እሩም ይመስል። ብዘይካ'ዚ መጕዚት ንክልቲኡ ጾታ ወኪሉ መስመዪ ኰይኑ'ኳ እንተሎ፡ መጕዚት ንጓለንስተይቲ ዝዉክል'ዩ። ወዲ ተባዕታይ ምስ ዝኸዉን ግን 'መጕዚ' ከም ዝበሃል ኣብ ጽሑፋት ምዉካስ ይከኣል። ኣብቲ ናይ ቅጽል መልክዑ ድማ 'መጕዚነት' ንተባዕታይ 'ሞግዚትነት' ድማ ንጓለንስተይቲ ይዉክል። ተለሚዱ ብምጽንሑን ምድግጋም ንምዉጋድን፡ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ 'መጕዚት' ንክልቲኡ ጾታ ክዉክል'ዩ።

### ዓይነታት መጕዚት

ብመሰረቱ ክልተ ዓይነት መጕዚትነት'ዩ ዘሎ። መጕዚት ሰብነትን (guardian) መጕዚት ንብረትን (tutor)። መጕዚት ሰብነት ዕማማቱ ኣብ ኣካላዊ ዕቤትን ጥዕናን ከምኡ'ዉን ኣብ ኣእምሮኣዉን መንፈሳዉን ምዕባለ ቆልዓ ዘተኩረ ክኸዉን'ከሎ፡ መጕዚት ንብረት ከኣ ንንብረትን ገንዘብን ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ዝዕቅብ፡ ዘመሓድርን ዝሕተትን ሰብ'ዩ። ይኹን'ምበር መብዛሕትኡ እዋን ሓደ መጕዚት'ዩ ንክልቲኡ ሓላፍነታት ተቐቢሉ ዝሰርሕ። ሳሕቲ፡ እቲ ትሕቲ ዕድመ ወይ ናይ ጥዕና ጕድለት ዘለዎ ሰብ ሰፊሕ ርስትን ንብረትን ክህልዎ'ከሎ ወይ ድማ ቤት ፍርዲ ይኹኑ መቐርብ ንረብሓ ናይቲ ቆልዓ ኣድላዪ ኰይኑ ምስ ዝረኣዮም፡ መጕዚት ሰብነት በይኑ መጕዚት ንብረት ድማ ካልእ ክሸየም ይከኣል።

### መጕዚት ዘድልዮ መን'ዩ?

ብመጕዚት ክእለዩ ዝግበኦም ብዕድመ ትሕቲ 18 ዓመት ቆልዑ ወይ ብዕድመ እኹላት ኰይኖም ሕማም ኣእምሮ ከም ዘለዎም ፍሉጣት ዝኾኑ፡ ከቢድ ስንክልና ዘለዎምን ዝተደነሱን፡ ብእርጋን ይኹን ብወልፊ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ንምክያድ ዝተጸገሙ፡ ብገበናዊ ተግባሮም ንጥፈታት ከየካይዱ መሰሎም ዝተገፈፉ ሰባት.... ወዘተ እዮም።

ይኹን'ምበር እዚ ጽሑፍ'ዚ ትሕቲ ዕድመ ኣብ ዝኣሊ መጕዚት ከተኩር'ዩ። ናብዮት ሰብነትን ምሕደራ ንብረትን ናይ ትሕቲ ዕድመ ጠሚሩ ክዓምም ዝተመዘዘ መጕዚት ማለት'ዩ።

### መጕዚት ብኸመይ መዝነት ይረክብ?

መጕዚት ብኣርባዕተ መንገዲ ይምዘዝ። ንሳቶም ድማ፡ - ዘመድ ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ብድሌቱ መጕዚትነት ምስ ዝሓትት፣ ብለበዋ ወይ ኑዛዜ ናይ ዝሞተ ወላዲ፣ ብምዘዛ ቤት ፍርዲ፣ ልዕሊ 15 ዓመት ዝዕድሚኡ መጕዚቱ ባዕሉ ምስ ዝመርጽ'ዮም።

### መጕዚትን ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብን

መጕዚት፡ ትሕቲ ዕድመ ንምንባይን ንምምሕዳርን ስልጣን ይወሃብ'ምበር፡ ነቲ ትሕቲ ዕድመ ብዝምልከት ዓበይቲ ንጥፈታት ከካይድ ከሎ ብኣፍልጦ ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ'ዩ ክገብሮ ዝግባእ። ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ ብናይ ቀረባ ኣዝማድ ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ብሕጊ ዝቐሙ'ዮም። ንትሕቲ ዕድመ ዝሓይሽን ንመጕዚት ከይ.ጋገ ኣብ ምምካርን

ጌጋ ምስ ዝኽሰት ድማ ንመጕዚት ኣብ ምቅዋምን ግደ ኣለዎም። መጕዚት ኣብ ክንዲ ትሕቲ ዕድመ ንኻልኦት ንብረት ብህያብ ከመሓላልፍ፡ ክቡር ነገር ክገዝእ ወይ ክሸይጥ፡ ገዚፍ ወፍሪ ክፍጽም እንተኾይኑ ምስ ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ ብምምኻርን ፍቓዶም ብምርካብን'ዩ ዝፍጽሞ።

### *መን'ዩ መጕዚት ዝኸውን?*

ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ንምእላይ፡ እቶም ዝለዓሉ ናይ መጕዚትነት መሰል ዘለዎም ኣቦን ኣደን'ዮም።

ሓደ ካብ ወለዲ ምስ ዝመዉት፣ ብኣካልን ኣእምሮን ምስ ዝስንክል፣ ብሰንኪ ገበን ወይ ጉድለት ክንክን ቆልዓ መሰል ወላዲ ምስ ዝኽላእ፣ ዕማም መጕዚትነት እቲ ሓደ ወላዲ (ኣቦ ወይ ኣደ) በይኑ የካይዶ። ቆልዓ ኣቦኡ ምስ ዘይፍለጥ'ዉን መንነት ኣቦኡ ክሳብ ዝረጋገጽ ኣደ'ያ ሞግዚት።



ኣብ እዋን ፍትሕ፡ ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ሞግዚቶም ኣደ ምዃና ብሕጊ ዝተደንገገ'ዩ። ምናልባት እታ ኣደ፡ ብኣካላዊ ይኹን ኣእምሮኣዊ ጥዕና ንህጻናት ትሕቲ 5 ዓመት ከተመሓድር ብቕዓት ምስ ዘይህልዋ፡ ኣቦ ከም መጕዚት ይሸየም። ልዕሊ 5 ዓመት ዝኾኑ ቆልዑ ግን ሓደ ሓደ ግዜ ነቶም ቆልዑ "ምስ መን ይሕሸኩም" ዝብል ኣዋጣሪ ሕቶ ብምቕራብ ወይ ድማ እቶም ሽማግለታት ነቶም ቆልዑ ዘርብሖም ርእዮም ይዉስኑ ማለት'ዩ። እቲ ሕጊ ካልእ ኣማራጺታት ስለዘየስፈረ ድማ "ቆልዑ ምስ መን ይጸንሑ" ዘማጉትን ሓደ ሓደ እዋን ድማ ካብ ዉሳነ ሽማግለታት ወጻኢ ብኢደ ወነንካ ንቆልዑ ምምንጣልን ጨዊኻ ምውሳድን ምስሕሓብን ዘስዕብ'ዩ። ክትሕዞ ዘይተመደበልካ ቆልዓ ካብ እጀታ ናይቲ ካልእ ብኢደ ዋኒን ምውሳድ ድማ ነቲ ቆልዓ ክትመልሶ ዘገድድን ብገበን ዘቕጽዕን'ዩ።

ኣብዚ ዘጋጥም ካልእ ሃጓፍ፡ እቲ ሓደ ወላዲ ምስ ሞተ፡ እቲ ካልኣይ ናይ ሰብነትን ንብረትን መጕዚት ኰይኑ ይቕጽል ስለዘሎ፡ ናይቶም ቆልዑ ንብረት ፈሪሙን ዋሕስ ገይሩን ክቕበሎ ዘገድድ ሕጊ ስለዘየለ፡ ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ ምቛም ስለዘይድፍኣሉ፡ ከም መጕዚት ዝተመዘዘ ወላዲ፡ ንንብረት ኣብ ረብሓ ናይቶም ቆልዑ ንዘይኮነ ነገር ክሸጦን ክልዉጦን የጋጥም'ዩ። ተመርዕዩ ኣብ ረብሓ ናይቲ ካልኣይ መርዓ ክዉዕሎ'ዉን ይኽእል። በዚ ድማ ኣብ መንጎ እቲ ብህይወት ዝተረፈ መጻምድትን ቀረባ ኣዝማድ ናይቲ ትሕቲ ዕድመን ምትፍናንን መጉተን ከስዕብ ይርአ። ስለዚ ዝተመሓየሸ ሕግን ኣሰራርሓን የድሊ።

ከም መጕዚት ናይ ደቁ ተሸይሙ ዝጸንሐ ወላዲ ምስ ዝመዉት፡ ብህይወት ዝተረፈ ወላዲ መጕዚት ይኸዉን። ይኹን'ምበር ኣቐዲሙ መጕዚት ዘይጸንሓሉ ዘይብቕዓት ወይ ምግፋፍ መሰል እንተጸኒሕዎ፡ መጕዚትነት ነቲ ህጻን መን የርብሕ ኣብ ግምት ኣትዩ ንኻልእ ሰብ ይወሃብ።

ብህይወት ዝተረፈ ወላዲ፡ ቅድሚ ምማቱ መጕዚት ዉላዱ መን ከም ዝኸዉን ክላቦ (ክናዘዝ) ይኽእል'ዩ። ለበዋኡ ንረብሓ ናይቲ ቆልዓ ዝሃሲ እንተዘይኰይኑ ድማ ይትግበር'ዩ። መጕዚት ደቀይ ክኾኑ ኣይደልዮምን'የ ዝብሎም እንተጠቒሱ'ዉን ተፈጻምነት ኣለዎ። ለበዋ ወላዲ ዝትግበር ግን ዝተላበወ ወላዲ ዕማም መጕዚትነት ዝፈጽም ወይ ድማ ብድሌቱ መሰል መጕዚትነት ንመጻምድቱ ሂቡ ዝነበረ ምስ ዝኸዉን'ዩ። ብሓጺሩ መጕዚትነት ተኸልኪሉ ዝነበረ ወላዲ መጕዚት ደቁ መን ከም ዝኸዉን እንተተላበወ ዋጋ የብሉን።

ሕጊ ብንጹርኳ እንተዘይሰፈረ፡ ካብቲ ሕጊ ክትርጐም ብዝከኣል፡ ብወሰን ዝተወልደ ቆልዓ እኹል እንተኾይኑ መጕዚቱ ባዕሉ ይመርጽ። እንተዘይኰይኑ ካብ ሰብኣይን ሰበይትን ሓዲኦም ብስምምዕ መጕዚት ይኸዉን። ምስ ዘይሰማምዑ ክልቲኦም መጕዚት ይኾኑ። ብዝተረፈ ጉዳዮም ናብ ቤት ፍርዲ ይኸይድ።

### *ናይ መጕዚትነት ተርታ*

ኣቦኡን ኣዲኡን ዝሰኣነ፡ መጕዚቱ መን ከም ዝኸዉን ድማ ለበዋ ዘይተገድፈሉ ቆልዓ (ቆልዑ) መዝነት መጕዚትነት ናይ ምቕባል መስርዕ ብሕጊ ዝተደንገገ'ዩ። እዚ ዝስዕብ ተርታ ድማ ይህልዎም።

- ብዕድመ ዝዓበየ ኣቦሓጎ ወይ እኖሓጎ ናይቲ ቆልዓ (ቀዳምነት ብሸነኽ ኣቦ ዝርከብ ኣባሓጎ ወይ እኖሓጎ)
- ኣቦሓጎ ወይ እኖሓጎ ምስ ዘይህልዉ መጕዚትነት ናብ ሓ'ወቦ፡ ኣሞ፡ ኣኮ ወይ ሓት'ኖ ናይቲ ቆልዓ ይሰግር (ሓወቦን ኣሞን ቀዳምነት ኣለዎም)
- ኣብ ቁጽሪ 1 ን 2 ን ዝተጠቕሱ ምስ ዘይህልዉ፡ ንኣቦሓጎ ናይቲ ቆልዓ ሓዉ ወይ ሓብቱ ወይ ንእኖሓጎ ናይቲ ቆልዓ ሓዋ ወይ ሓብታ (ናይ ኣቦ ሸነኽ ቀዳምነት) ይሰግር።

ኣቦኡን ኣዲኡን ዝሞተዎ ቆልዓ መጕዚት ዝሽየመሉ ብቐዳምነት ካብ ቤተ ዘመድ እንዳኣቦ ምዃኑ ርኢና። እዚ ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዝሰፈረ ሓሳብ ሽሕ'ኳ ኣድልዎ ዝመስል እንተኾነ ምስቲ ዝበዝሓ ብሄራትና ኣባታዊ ስርዓት ዝኽተላ ምዃነን ዝተሓሓዘ'ዩ። እንተኾነ ኣብዚ ሓድሽ ሲቪላዊ ሕጊ ሃገረ ኤርትራ፡ ብሸነኽ ኣቦ ንዘለዉ ኣዝማድ ቀዳምነት ምሃብ ተሪፉ ኣሎ።

ሲቪላዊ ሕግና፡ ኣብዚ ናይ መቐርብ ተርታ፡ ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ዓበይቲ ኣሕዋትን ኣሓትን፡ ደቂ ሓወቦታቱ፡ ደቂ ኣሞኡ፡ ደቀ ኣኮኡን ደቂ ሓትኖኡን መጕዚት ክምዘዙ ከም ዝኽእሉ ኣየስፈረን። እንተኾነ፡ ዝኾነ ዘመድ ናይቲ ቆልዓ 'መጕዚትነት ብቐዳምነት ንዓይ ይግበኣኒ' ምስ ዝብል ቤት ፍርዲ ነቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ቅደም-ተኸተል ከመሓይሾ ወይ ክልዉጦ ይኽእል'ዩ። እቲ ዝቐረበ ምልክታ፡ ረብሓታት ትሕቲ ዕድመ ኣብ ግምት ብዘእተወ መልክዑ፡ ነቶም ተኸራኸርቲ ብምስማዕን ርእይቶ ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ ብምግንዛብን ቤት ፍርዲ ክቕበሎ ወይ ክነጽጎ ይኽእል።

### ምምዛዝ መጕዚት ብቤት ፍርዲ

ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ተዳህሲሱ ትሕቲ ዕድመ መጕዚት ምስ ዝስእን፡ ቤት ፍርዲ ብዉሳነኡ፡ ብቕዓትን ወለንታን ንዘለዎ ብስጋ ወይ ብመውስቦ ዘመድ ናይቲ ቆልዓ ዝኾነ መጕዚት ከመዝዝ ይኽእል'ዩ። ዕማማት ማሕበራዊ ጉዳያት ንዘካይዱ ትካላት'ዉን መጕዚትነት ክህብ ይኽእል'ዩ።

ኣብ መንጎ መጕዚትን ትሕቲ ዕድመን ናይ ረብሓ ግርጭት ምስ ዘጋጥም፡ ቤት ፍርዲ፡ ብምልክታ ኣባል ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ ወይ ምልክታ መጕዚት ወይ ብጥርዓን ናይቲ ቆልዓ ነቲ ጉዳይ ብምስማዕ፡ ካልእ ግዚያዊ መጕዚት ከመዝዝ ይኽእል'ዩ። እቲ ጉዳይ ምስ ዝፍታሕ ድማ ዝጸንሐ መጕዚት ይቕጽል።

### መዝነት መጕዚት ዝኽልክሉ

18 ዓመት ዘይመልአ/ት፡ ብምኽንያት ገበናዊ ተግባር ብሕጊ ዝተኣገደ ሰብ፡ መሰል ምእላይ ዉላድ ዝተነፍገ ሰብ፡ መጕዚት ክምዘዙ ኣይከኣልን። ትሕቲ ዕድመ ምስ ዝወልድ ግን ናይ ዉላዱ መጕዚት ክኸዉን ይኽእል።

### ስልጣንን ግቡኣትን መጕዚት

መጕዚት እዚ ዝስዕብ ስልጣንን ግዴታን ኣለዉዎ። ትሕቲ ዕድመ ዝነብረሉ ቦታ ይዉስን። ጥዕናኡን ትምህርቱን ይከታተሎ። ጠባዩ ንምክትታል ምስ ገለ ሰባት ከይከይድ ዝኽልክሎ'ኳ እንተኾነ ምስ ስድርኡን ፈተውቱን ማሕበራዊ ርክባት ከዘውትር ግን ክፈቕደሉ ይግባእ። ትሕቲ ዕድመ ስራሕ እንተጀሚሩ ደሞዙ ምቕባል፡ ኣብ ክንዲ ትሕቲ ዕድመ ምኽሳስ፡ ወይ ትሕቲ ዕድመ ንዝቐረበሉ ክሲ ኣብ ክንድኡ ምም'ላስን ምክርኻርን፡ ንብረት ብሓልዮትን ጽቡቕ ምሕደራን ምሓዝ፡ ሓደራን እምነትን ዘይምጥላም፡ ካብ ንብረት ትሕቲ ዕድመ ንኻልኦት ብዉህብቶ ዘይምሃብ፡ ንኻልኦት ክሱሳት ወይ ተለቓሕቲ ብገንዘብ ናይ ትሕቲ ዕድመ ዘይምዉሓስ፡ ካብ ገንዘብ ትሕቲ ዕድመ ዘይምልቃሕ፡ ንብረት ትሕቲ ዕድመን መጕዚትን ዘይምትሕዉዋስ፡ ንቤት ምኽሪ ቤተሰብ ኰነ ንቤት ፍርዲ ቅኑዕ ጸብጻብ ምቕራብ፡ ብሸለልትነት ናይ ዝባኽነ ወይ ዝዓነወ ሃብቲ ካሕሳ ምኽፋል ወዘተ. ክጥቀሱ ይኽእሉ። መጕዚት ኣብ ክንዲ ትሕቲ ዕድመ ንብረት ንምሃብ ክላቦ ኣይክእልን። ትሕቲ ዕድመ 15 ዓመት ምስ ዝኣክል ግን ባዕሉ ለበዋ ዉርሲ ክጽሕፍ ይኽእል'ዩ።

### መጕዚት ካብ መዝነት ዝእለየሉ ኩነታት

መጕዚት፡ ብሰንኪ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ንቆልዓ ብኣካልን ኣእምሮን ምስ ዝደቕሶ፡ ሰኣን ምክትታል እቲ ቆልዓ ጉድለት ስነ-ስርዓትን ገበናዊ ኣንፈትን ምስ ዘርኢ ካብ መዝነት ክእለ ይከኣል። መጕዚት ንንብረት ትሕቲ ዕድመ ብዘይኣገባብ ምስ ዘባኽን ወይ ዘዕኑ፡ ብምልክታ ኣባል ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ ወይ ድማ ብምልክታ ኣኽባር ሕጊ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ፡ ክምልስን ተኣልዩ ብኻልእ መጕዚት ክትካእን ይኽእል።

### መዝነት መጕዚት መኣስ'ዩ ዘብቅዕ?

እቲ ቆልዓ 18 ዓመት እንተመሊኡ ወይ ልዕሊ 15 ዓመት በጺሑ ሓራ እንተወጺኡ (ሓራ ምዉጻእ ማለት ንዉትህድርና ምኻድ ወይ ምምርዓዉ ክኸዉን ይኽእል)፡ ተኣላዩ እንተሞይቱ ወይ እቲ መጕዚት ንባዕሉ እንተሞይቱ ወይ ኣካላዉን ኣእምሮኣዉን ብቕዓት እንተስኢኑ ወይ ብቅቡል ምኽንያት ብካልእ መጕዚት ምስ ዝትካእ ወዘተ. መጕዚትነት የብቅዕ። (ዕማም መጕዚትነት ከም መሰል ይኹን ከም ግዴታ ናብ ደቂ መጕዚት ኣይሰግርን'ዩ።)

### መጠቓለሊ

ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍ ንኹሉ'ቲ ምስ መጕዚት ዝተሓሓዝ ሕቶታት ምምላስ ኣይከኣልን'ዩ። ንዝሰፍሐ መወከሲ ግን መጕዚትን መጕዚትነትን ከምኡ'ዉን እቶም ንመጕዚት ዝቆጻጸሩ ቤት ምኽሪ ቤተ ሰብ ዝመሓድረሉ ሕጊ ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ፡ ኣብ ዓንቀጻት 204-327 ተዘርዚሩ ይርከብ። ኣብ ሓድሽ ሲቪላዊ ሕጊ ሃገረ ኤርትራ ድማ፡ ኣብቲ ዝጸንሐ ሕጊ ዝነበረ ሃጓፋት ብዝምልእ መልክዑ መጕዚትን መጕዚትነትን ኣብ ዓንቀጻት 188-304 ተዘርዚሩ ኣሎ።

# ማህደር ታሪኽ

# ረዚን ዝኽሪ - ብኽቡር ቅርስታት

**ብርሃነ ዘካርያስ**

ምሕረት ፍሳሃየ ወልደጉብርኤልን ኩብሮም ጉብራይን (ወዲ ጭሩም) ብ1981 ዓ.ም. እየም ከም ኣባላት ክፍሊ መራኸቢታት ኣብ ናቕፋ ተራኺቦም። ኮኾባት ክልቲኦም ድሕሪ ምርኻቦም፡ ዝተማእከለ ምውቕ ፍቕሪ ክምስርቱ ግዜ ኣይወሰደሎምን።

ሓቦን ኒሕን ዝመለለይኡ ቅያታት ደቀንስትዮ ህዝባዊ ግንባር ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ምሕረት ኣብ 1982 ዝፈጸመቶ ዘሐብን ተግባር እውን ብኣብነት ክጥቀስ ካብ ዝኽእል ፍጻመታት ሓደ እዩ።

ምሕረት፡ ንቤት ትምህርቲ ካድር ክትብገስ ብሓለፍታ ተሓበራ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ናይ ክልተ ወርሒ ድቂ ነበራ። እንተኾነ ንሓለፍታ ኣይሓበረትን። ኣብ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት 'ባቑስ' እናተማህረት እንከላ 6ይ ወራር ስለጀመረ ድማ፡ ተማሃሮ ካድር ናብ ግንባር ክኸቱ ምዃኖም ተሓበሮም። ወዶም ጓሎም ናብ ግንባር ካብ ምኻድ ዝዕንቅጽ ጸገም እንተለዎም ክሕብሩ ተነግሮም። ምሕረት፡ "ጥንሲ ኣለኒ" ክትብል ኣይደለየትን። ፈራሓ ተመኻንዩ ዘላ መሲልዋ "ምስጢር ጥንሰይ ሒዘያ ክቕበር ኣለኒ!!" ኢላ ናይ 3 ወርሒ ጥንሲ ሒዛ ናብ ወግእ ኣተወት። ክሳብ 6ይ ወራር ዝፈሸል ንኣስታት 3 ወርሒ፡ ምስታ ብስውእ ተጋዳላይ ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር ዓንደማርያም (ውጬ) ትጥርነፍ ዝነበረት ቦጦሎኒ፡ ኣብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል (ዶምበቤት- ዓራታት) ዓሪዳ ተዋግኣት። ኣብ መስከረም 1982 ከኣ፡ ኣብ ዓራርብ ኑቲ ኣብ ማህጸን ጽንዒቲ ኣደ ክይተፈርሸሐ ጸኒዑ ዝጸንሐ ውላድ ብሰላም ተገላገለት። 'ካብራል' ዝብል ናይ ሓደ ኣብ ታሪኽ ሰውራዊ ምንቅስቓስ ጊኒ ቢሳው ዝተመሃረቶ ፍሉጥ ተቓላሳይ ስም ድማ ሰመየቶ።

ምሕረት ምስ ውላዳ ናብ ናቕፋ ድሕሪ ምኻዳ፡ ኩብሮም ኣዝዩ እዩ ተሓጒሱ። ውላዱ ሓቒፉ ከኣ ኑቲ ምስ ጥንሳ ዝተሳተፈቶ ውግኣት 6ይ ወራር ብሕልና ዳህሰሶ። "እንቋዕ ብሰላም ተገላገልኪ። ንሓወይ ዝመስል ውላድ ሒዝክለይ መጺእኪ። ልክዕ ነዚ ዝመስል በዮነ ዝበሃል ሓው ኣለኒ" ብምባል ከኣ ውሽጣዊ ሓጎሱ ገለጸላ። ፍቕሪ ውላድ ብሓባር ዘስተማቕሩሉ ህሞት ግን ካብ ሰለስተ መዓልታት ዝሓልፍ ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ ፍቕሪ ሰውራ ብውልቃዊ ድሌታትካን ባህግታትካን ዘይኮነ ብውተሃደራዊ ኩነታት ዝውሰን ስለዝነበረ።

ድሕሪ'ዛ ሓጻር ርክብ ብኣካል ከይተራኸቡ 6 ዓመታት ሓለፈ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ዓመታት ከኣ፡ ብዘይ ቆጸራ ኣብ ሕሽኩብ ጎፈጎፍ ተራኸቡ። ምሕረት፡ ብስራሕ ምኽንያት (ጦፍ) ንሕሽኩብ ተንቀሳቒሳ ስለዝነበረት፡ ንቦታኣ ዓምበርበብ ክትምለስ "ጓል ኣርባዕተ" ምስ ዝተባህለት መኪና እናተጸበየት እንከላ፡ ናብ ቦትኣም ዝምለሱ ውጉኣት ዘሳፈረት ኣውቶቡስ ብዓራራብ መጺኣ ኣብ ሕሽኩብ ደው በለት። ጓል ኣርባዕተ "ምሕረት" ኢላ ምስ ኣድሃየታ፡ "ኣቤት" ብምባል መለሰትላ'ሞ፡ ኩብሮም ብድምጻ ኣለልዩ "ምሕረት!!" ብምባል ካብ መኪና ወሪዱ ሓቝፉ ሰዓማ።

ኩብሮም ድሕሪ'ቲ ዘጋጠሞ መውጋእቲ እግሪ'ዩ ሓወዩ ንናቕፋ ዝምለስ ነይሩ። እቲ ህሞት ፍቑራት ፍቕራዊ ናፍቖቶም ከውጽኡ ዕድል ዝፈጥር ኣይነበረን። ንምሕረትን ካብራልን ዝጸንበረ ዕላላት፡ እታ መኪና ደው ኢላ ብእትጸንሓሉ ግዜ ዝተደረተ ብምንባሩ'ዩ። ዕላሎም እናፈተዉዎ ከም ገመድ ተበትከ። ኩብሮም ድማ ዓይኒ ዓይኒ ምሕረት እናጠመተ ምስታ ኣውቶቡስ ተዓዝረ። ምሕረት ኣይቀሰነትን። ድሕሪ ሒደት መዓልታት ግን፡ ኣፍዓበት ከምዝለዎ መልእኽቲ ስለዝሰደደላ



*ምሕረት ምስ ስውእ በዓል ቤታ ኩብሮም*

ንሓላፍታ ኣፍቂዳ 6 ዓመቱ ዝመልአ ካብራል ወዶም ሒዛ ከደቶ። እተን ብሓባር ዝጸንሕወን 5 ምቁራት መዓልታት ካብ ዝኽርታታ ፈጺመን ከምዘይሃሳ ድማ ኣብ ባሕሪ ዝኽሪ ጥሒላ ተዘንቱ።

ምሕረትን ከበሮምን ድሕሪ'ቲ ዳግማይ ኣብ ሕሽኩብ ከዕርፉ ዕድል ዝረኸብሉ ሕዳር 1989፡ ገጽ ንገጽ ክርኣኣዩ ኣይከኣሉን። ብመስዋእቲ ምፍልላይ ንምሕረት ንቡርኳ እንተኾነ "ተሰዊኡ" ዝብል ሓበሬታ ክሳብ ዘይረኸበት ግን፡ ብሃረርታ ክትጽበዮ ናይ ፍቕርን ኩናትን ሕቶ ነበረ። ድሕሪ ምሕራር ኩተማ ምጽዋዕ ዝነበረ ውግኣት ኣዝዩ ጽዑጽዕን ህይወት ጀጋኑ ዝወሰደን ብምንባሩ ስግኣት ነይርዋ።

ምሕረት ብስራሕ ናብ ባጽዕ ድሕሪ ምቕያራ፡ ኣንጀሎ ንዝብሃል ፐርሶነል ክፍለ ሰራዊት 85 ረኺባ፡ "ኩብሮም ደድሕሪ ዝወዓላ ውግእ እዩ ደብዳቤ ዝልእከለይ ነይሩ። ሕጂ ግን ደሃዩ ጠፊኡኒ" ክትብል ስግኣታ ገለጸትሉ። ንሱ ድማ "ድሓን ኣይትሻቐሊ። ዘሎን ዘየሎን ኣረጋጊጸ ክሕብረኪ እየ" ይብላ።

"ኣንጀሎ ኣይደንጎየን ብ12 ጥሪ 1990 ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ከምዝተሰውኣ ዝሕብር ደብዳቤ

ጽሒፉላይ። መስዋእቲ መጻምድኻን ኣብ ወድኻን ምስማዕ ብጣዕሚ ከቢድ እዩ። ዋላኳ መስዋእቲ ከምዘሎ ፈሊጥካ ተሰሊፍ፡ ብግብሪ ኣብ ኑብስኻ ምስ ወረደ ግን ከም ሰብ ይስምዓካ እዩ” ትብል ምሕረት ብመስዋእቱ ወትሩ ሕብንቲ ምዃና ብምግላጽ።

ከፊትካ ውሽጣዊ ትሕዝቶኡ ክሳብ ዘይረኣኻዮን ዘይዳህሰስካዮን፡ ብግዳማዊ ትርኢቱ ንህያብ ዝተዓደገ ኣዋርቕ ወይ ድማ ክቡር ዕንቍታት እዩ ዝመስለካ። ምኽንያቱ፡ ኣብቲ ንኣዋርቕን ክቡር ዕንቍታትን ጥራይ ተባሂሉ ዝተሰነዐ ኣቕሓ ተዓቂቡ ስለዝጸንሓካ። ይኹንምበር፡ ክብሩ ልዕሊ ክብሪ ወርቕን ክቡር ዕንቍታትን እዩ። እቲ ምንታይ፡ ዋጋኡ ብደምን ኣዕጽምትን ምበር፡ ከም ማንም ኣቕሓ መሸጣ ብዕዲጋ ዘይውሰን ብምዃኑ። እዚ ዓሰርተታት ዓመታት ዝተዓቀበ ክቡር ህያብ ኣጸፋር ኢድ እዩ።


“መስዋእቲ ዕጫ ክልቴናኳ እንተኾነ፡ ኣነ ኣብ ደጀን፡ ንሱ ግን ኣብ ቅድመ ግንባር ብምንባሩ፡ ብዝያዳ እቲ መስዋእቲ ንዕኡ እየ ሂበዮ። በዚ ድማ እየ፡ ብ1988ን 1989ን ኣብ ዘስተማቕርናየን ሒደት ናይ ፍቕሪ መዓልታት ካብ ኣካላቱ ገለ ክተርፍ ኣለኒ’ ብምባል፡ ክልተ



ኣጸፋሩ ቆሪጸ ዘትረፍኩ። ንዐአን ዝመረጽኩሉ ምኽንያት፡ ኣጸብዕቱ ምልምላት ኣጸፋሩ ከኣ ኣዝየን ውቁባት ብምንባረን እዩ። ግምታተይ ግጉይ ኣይነበረን። ክብሮም ብ8 ለካቲት 1990 ብጅግንነት ተሰዊኡ። እተን ከም ህያብ መስዋእቱ ዝርእየን ኣጸፋሩ ግን፡ ከም ቆጽሊ ከይቅምስላ ኣብ ኣልከል ይኣልከን። ከም ወርቂ ሓጺብ ይኹልዐን” ትብል ምሕረት ኣንዳሲ ቅርሲ ፍቕራዊ ህይወቶም ምዃኑ ብምሕባር።

ምሕረት ከም መረጋገጺ ሰነድ ዝሓዘቶ ግን፡ ኣጸፋሩ ጥራይ ኣይኮነን። ክብሮም ድሕሪ ዝተሰተፎ ዓውደ ኩናት፡ ህላዌኡ ንምርግጋጽ ዝልኣኸላ ዝነበረ ሓያለ ፍቕራዊ ደብዳቤታት እውን ብጥንቃቐ እያ ዓቂባቶ።

እታ ናይ ሕልና ቅሳነት ዘይረኸበትላን ኣብ ህይወታ እትጠዓሰላን ግን፡ ኣብ ውግእ ዓዲ ዕለ ዘሰደደላ ኣንሶላ እያ። “ጌታ ዘውጎና ዝነበረ ብደም ሕብራ ዝቐየረት ኣንሶላኡ ‘መሕቆፊ ቆልዓ ክኾነኪ’ ኢሉ እዩ ሰዲዱለይ። እታ ኣንሶላ፡ ምስቲ ሽዑ ኣጋጢምዋ ዝነበረ መውጋእቲ እግሪ፡ ቁስሉ ዝጀንነላ ዝነበረት እያ። ሓጺበ ቆልዓ ክሓቑፈላ ጀሚረ። ድሓር ግን ተጣዒሰ። ስለዚ ድማየ ንታርኽ፡ ዓጺፈ ምስቲ ኣጸፋሩን ደብዳቤታቱን



ከ/85/18/1/12

to meret and kebral

from kerom

ብኽብሪ ከቕምጣ ዝመረጽኩ” ብምባል፡ ድሕሪ ምሕጻብ ንሓንቲ ህሞት እውን ተጠቒማትላ ከምዘይትፈልጥ ተዘንቱ።

ክብሮም ዋላኳ ብመስዋእቲ ካብዛ ዓለም እንተተፈለየ፡ ከም ኩሎም ስውኣት ታሪኹ ኣብ ማህደር ጅግንነት ሰፊሩ ንዘልኣለም እናተዘከረ ዝነብር እዩ። መጻምድቱን ኣደ እቲ ዘፍቅሮ ካብራል ወዱን ን28 ዓመታት ዝዓቀብኦም ኣጸፋሩ ይኹኑ ካልኦት ሰነዳቱ ድማ፡ ንህያውነቱ መሰኻኽር ኮይኖም ክነብሩ እዮም።

ቃልሲ ኤርትራ ቃልሲ ወለዶታት ምዃኑ ንሉሕ መርኣያኡ፡ ካብራል ዕድመ ህጻንነት ኣሕሊፉ፡ ኣብ ዕድመ ንእስነቱ ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ንሳዋ ክወርድ ምኽኣሉ እዩ። ኣሰልጣኒ ግራስ ሩትስ ኩዕሶ እግሪ ዘባ ማእከልን መዚቓኛን ካብራል፡ ምስ ኮሚሽን ስፖርት ንታዕሊም ክብገስ እንከሎ፡ ታሪኽ ዝኸሪ ንምሕረት ናብ 1982 እዩ መሊሰዋ።

“ኣንቲ መንግስቲ!...(ኣንቲ ብጸይቲ ማለቱዩ) ስለምንታይ ጥንሲ ከምዘለኪ ዘይሓበርኪ። እንተተሰዊእኪ ክልተ ክሳራ፡ ኣጋጣሚ እንተትማረኺ ከኣ ‘ጥኑሳት ኣሰሊፎም እዮም ዝዋግኡ’ ናይ ዝብል ሕሰር ፕሮፖጋንዳ ጸላኢ ግዳይ ክትገብርና። ሰውራ ድኣ ቀጻሊኳዩ። ኣይኮነንዶ ንዓኺ፡ ነቲ ኣብ ማህጸንኪ ዘሎ ደቂ እውን ከርከበሉኳ’ዩ” ብምባል፡ ጥንሳ ሓቢኣ ንዘርኣይዶ ተወፋይነት ኣመልኪቱ፡ ሜጀር ጀነራል ገረዝጊሄር (ውጬ) ናብ ኣሃዳኣ ከፋንዎ እንከሎ ዝበላ፡ ልክዕነቱ ብቀረባ ኣብ ወዳ ርእያቶ። ኣሰደሚምዋ። ነቢይ ኮይኑ ተሰሚዑዋ።

ክብሮም ንካብራል ወሊዱ። ካብራል ድማ ንምሕረት “ዓባይና” ብምባል ዘኽብርዋ ሓሙሽተ ቆልዑ ወሊዱ፡ ሕጉስ ህይወት ይመርሕ ኣሎ። ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ብ1975 ዝተሰለፈት ጉዱም ተጋዳሊት ምሕረት ፍስሃየ፡ ድሕሪ ናጽነት ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታኣ ብግቡእ ምስ ዝፈልጥ፡ መራሒ ማስርዓ ዝነበረ ሕጂ ሰራሕተኛ ቴለኮሚኒኬሽን መሓሪ ወልደስላሴ (ወዲ ጸደቕ) ሓዳር ድሕሪ ምምስራታ፡ ሰማኒ ንሕጸን መርዓን ተቓሪባ ዘላ ጓል ወሊዳ፡ ምስ በዓል ቤታን ጓላን ብፍቕሪ ሚሚቓ ትነብር ኣላ።

# ዝኽሪ'ታ ሓርበኛ

**መሓመድሰዒድ ዑስማን**

24 ታሕሳስ 2016 ጐልጐል ሻባይ መንደር - ኣፍዓበት፡ ካብ ዝተፈላለየ ምምሕዳራት ሳሕልን ካልእ ኩርንዓት ሃገርናን ዝመጹ ተሳተፍቲ ዋዕላ ጀማሂር ሳሕል ኣእንጊዱ ነበረ። ተሳተፍቲ ገዳይም ተጋደልቲ፡ ኣብ ግዜ ገድሊ ኣባላት ህዝባዊ ባይቶ፡ ሓፋሽ-ውድባትን ህዝባዊ ምልሻን ዝነበሩ ሰብ ታሪኽን ቅያን እዮም። ኣብቲ ዓቢ ኣደራሽ ንሹላቶም ጠመትክዎም። ኣብ ገጾም ታሪኽን ጅግንነትን ይንበብ ነበረ። ገለኦም ኣካላቶም ዝጐደለ፡ ገለኦም ብሽምግልና ሕቖኦም ጐቢጡ ድፍእ-ድፍእ ዝብሉ እዮም። ቀንዲ ዕላማይ ታሪኽ ምስናድ'ኳ እንተነበረ፡ ንመን ከም ዝሓትት ኣይፈልጥኩን። እቶም ተጋደልቲ ይኹኑ ሓፋሽ ውድባት ነፍሰወከፎም ብዙሕ ዛንታ ከምዘለዎም እፈልጥ ነበርኩ። ካብኡ-ናብኡ ግን እቶም ዝሓሹን ክገልጹ ዝኽእሉን ክመርጽ ስለ ዝነበረኒ፡ ነታ ኣብ እዋን ገድሊ ኣባል ጀማሂር ሳሕል ዝነበረት ለተኺዳን ካሕሳይ ተወከስኩ። ለተኺዳን ነቶም ሰባት እናጠመተት ፍሽኽ በለት።

"ንመን እሞ ክንመርጽ? እዞም ትርእዮም ዘለኻ ሰባት ኩላቶም ሰብ ታሪኽ እዮም። ዋናታት ታሪኽ ግንባር ናቕፋ ንሳቶም እዮም። ተጋዲሎም ሰብ ኣጋዲሎም። ዛንታ ናይ'ዚ ህዝቢ'ዚ ብሓደ-ክልተ መዓልቲ ዝውዳእ ኣይኮነን። ንሕጂ ግን ዝከኣለካ ግበር" በለትኒ።

"እወ፡ ሓቅኺ፡ ግን ካብ ብሉጽ 'ውን ዝበለጸ ስለዘሎ ምረጽለይ ደኣ።"

"ደሓን፡ ንሳልሕ ዕሜራ'ሞ ተወከሶ፣ ክሕብረካ እዩ።"

ንምኽሪ ለተኺዳን ሰሚዐ ንሳልሕ እድሪስ ዕሜራ ተወከስክዎ። ክዝክሩ ይኽእሉ እዮም ዝበሎም ኣቦታትን ሓንቲ ኣደን ሒዙ ድማ መጽኣኒ። ኣብ ሓደ ክፍሊ ኮፍ በልና። እንታይ ከም ዝሓቶም ጠፍኣኒ። ብውልቃዊ ዛንታ'ዶ ክጅምር ብሓፈሻዊ? ነንብሰይ ሓተትክዋ። መጀመሪ ክኾነኒ፡ ብዛዕባ ኣብ ግዜ ቃልሲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ክዕልሉኒ ሓተትክዎም። ዕላል ጀመሩለይ። ዛንታ ናይ'ዞም ሰባት ከምቲ ለተኺዳን ዝበለቶ ዝውዳእ ከምዘይኮነ ፈለጥኩ። ዛንታኦም ምስ ምጅማር ሰውራ እዩ ዝጅምር። ካብ ዕላሎም ኣብ ኩሉ መድረኻት ናይቲ ሰውራ ከምዝነበሩ ፈለጥኩ። ስለ'ዚ ከጽብብ ነይሩኒ። ኣብተን ቀንዲ ዓበይቲ ወራራት ከተኩር ድማ ወሰንኩ። ነፍሰ ወከፎም ካብቲ ቀንዲ ዝኽርታቶም ክዕልሉኒ ቴፐይ ኣዋደድኩ። ነንሕድሕዶም ተጠማመቱ። "ንስኻ ጀምር፡ ኣይፋሉን፣ ንስኻ እባ ተዓቢ፡" ሰጋይ-ስጋኻ ተበሃሀሉ። ንገለ ደቓይቕ ድሕሪ ምጥምማት በብወገኖም ተመክሮኦም ክጸውዩለይ ጀመሩ። ካብቲ ዝነገሩኒ ዛንታታት ሓንቲ ጥምርቲ ዛንታ ብምምስራሕ "ናቕፋ" ኣብ ዘርእስታ መጽሓፍ "ዛንታታት ተመክሮ ገድሊ" ኣስፊረያ።

ሓንቲ ካብቶም ኣዘንተውቲ ኣደይ ፋጥና መሓመድ ዑመር እያ። ገለ ካብቲ ንሳ ዘዘንተወትለይ ምስ ዓምድታት ኣግእዞ ዝሳነ ብምዃኑ ኣጽቢበ ክጽሕፎ መሪጸ።

ቃልሲ ህዝቢ ሳሕል ምስ ምጅማር ሰውራ'ዩ ዝጅምር። ብፍላይ ህዝባዊ ግንባር ህዝቢ ክውድብ ምስ ጀመረ ቀልጢፉ'ዩ ኣብ መሳርዕ ቃልሲ ዝተሓወሰ። ነቲ ኩሉ ተሃንዲዱ ዝመጸ ወራራት ጸላኢ ምስ ሰውራኡ ጸኒዑ እዩ መኪትዎ። ህዝቢ ሳሕል ብሓፈሻ ህዝቢ ወረዳ ናቕፋ ድማ ብፍላይ እቲ ወራራት ኣብ ዓድታቱ ይካየድ ስለ ዝነበረ፡ ካብ ምምካት ሓሊፉ ካልእ ሕርያ ኣይነበሮን። ብኣባላት ክፍሊ ህዝቢ እናተወደበ ድማ መሳርው ሒዙ ተቓለሰ። ደቂተባዕትዮ ኣብ ቅድመ ግንባር ብምስላፍ ውጉኣት ኣብ ምልዓል፡ ዕጥቂ ኣብ ምቕባል፡ ዝተሰለበ ኣጽዋርን ንብረትን ኣብ ምጕራት ይነጥፉ ነበሩ።

ኣብ ወረዳታት ሳሕል ዝነበራ ኣደታት ደርጋ ኵላተን እየን ውዱባት። ዕማመን ድማ እቲ ዝበርትዐን ዘየላቡን'ዩ ነይሩ። ብመገዲ መራሕተን ተጠርኒፈን ብክፍሊ ህዝብን ሓፋሽ ውድባትን እናተኣልያ ወራር ቅድሚ ምጅማሩ



ስርሐን ይጅምራ። እቲ ቀንዲ ስርሓን ምድላው ኮሮንሾ ከኸውን እንከሎ፡ ብወገን ሮራ-ሓባብ ኣብ ክልተ መዓስከራት ማለት - ባቅላን እንድላልን ዓስኪረን ይሰርሓ ነበራ። ብወገን ናቕፋ ድማ ኣብ ሆስፒታል ጣብራን ካልእ ሕክምናታትን ንውጉኣት ሓገዝ ይገብራ። ኲንታላት ሓርጭ ይራገፍ፣ ተሰንኪቱ ይስጣሕ። ኮሮንሾ ኲይኑ ድማ ኣብ ኣግማል ተጻዒኑ በቶም ሰብኡት ናብ ድፋዕ ይበጽሕ። ዕረፍቲ ዘይህብ ስራሕ፣ ለይትን መዓልትን ኣብ ሓዊ። ደቀን፡ ሓዳረን፡ ጥሪትን ግራትን ገዲፈን፡ ጉዳይ ሃገር ኣቐዲመን ምስ ትከን ሃልሃልታን ይቃለሳ። ካብ ክሻፋ ነፈርቲ ንምድሓን ብግዜ ቀትሪ ኣብ ምልዋስን ምንቃጽ ኮሮንሾን ይነጥፋ። ለይቲ ድማ ክሳብ ወጋሕታ ክስንክታ ይሓድራ። ኮሮንሾ ነቶም ኣብ ቅድመ-ግንባር ዘዋግኡ ተጋደልቲ ስሉጥ ቀለብ'ዩ ነይሩ። ምስ ነፍሰወከፍ ኲንታል ሓንቲ ታኒካ ማርጌርን ትዕደል'ሞ ማይ ኣውዒኻ ነቲ ኮሮንሾ ፈትፊትካ ካብታ ማርጌርን ጥብ ተብለሉ። ናይቲ እዋን ዝበለጸ መግቢ እዩ ።

ኣደይ ፋጥና መሓመድ ዑመር ሓንቲ ካብተን ንጡፋት ተሳተፍቲ እያ ነይራ። ንሳ ብ1977 ተወዲባ ካብ ልጅና ክሳብ ሓላፊት ደቀኣንስትዮን ኣባል ባይቶን ክትከውን ዝበቕዓት ተቓላሲት እያ። ናይ ሽው ውዳበን ኣበርክቶን ደቀንስትዮ ክትዝክር እንከላ እቲ ፍጻመታት ሎሚ ኲይኑ ይስምዓ።

“ህዝቢ ሮራ-ሓባብ ቅድሚ ምምጻእ ህዝባዊ ግንባር ናብቲ ከባቢ ኣብ ተሓኤ እዩ ተወዲቡ ነይሩ። ይኸን እምበር ብዙሕ ህዝቢ ብኣከያይዳ ተሓኤ ሕጉስ ኣይነበረን። ኣብ ከምዚ ኲነታት እንከሎ፡ ህዝባዊ ግንባር ናብ ሮራ በቅላ ደየበት። ክልቲኣን ውድባት ድማ በብወገነን ህዝቢ ይውድባን የዕጥቓን ነበራ። ሓደ ምሸት ኣባላት ተሓኤ ሰላሳ ዝኾኑ ናቶም ዕጡቓት ምልሻ ኣኪቦም ንጽባሒቱ ንታዕሊም ክመጹ ነገርዎም። እቶም ምልሻ ዝተባህልዎ ኣይገበሩን። ወጋሕታ ናብ ህዝባዊ ግንባር ብምጽንባር ኣብ ጐድና ክስለፉ ምኺኖም ነገሩ። ንሕና ‘ውን - ኣንስቶም ምስኣቶም ተወደብና። ህዝቢ በቅላ ኣብ ክልተ ተገምዐ። ዝበዝሐ ግን ውዱብ ተሓኤ'ዩ ነይሩ።

“ኣነ ሓንቲ ካብተን ቀልጢፈን ኣብ ህ.ግ. ዝተወደባ ኣደታት'የ። ከም ጠርናፊት ናይተን ኣብቲ ዓዲ ዝርከባ ኣደታት ኲይነ ድማ ካልኦት ክውድብ ጀሚረ። ይኸን እምበር ብተሓኤ ብዙሕ ጸገማት የጓንፈና ነይሩ። ስራሕና ከፍሽሉ ኲሉ ዝከኣሎም ይገብሩ ነይሮም። ንሕና ግን ብኡ ከይተሰናኸልና ስርሓና ቀጺልና። ኣነ ብወገነይ ምስ ብጾተይ ኲይነ ብዙሓት ኣደታት ክውድብ ክኢለ።

“ኣባላት ጀማሂር ሳሕል ናይ ህዝባዊ ግንባር ኣዝዮም ሓያላት'ዮም ነይሮም። ፖለቲካዊ ንቕሓት ኣስኒቖምና። መሃይምነት ኣጥፊእና። ንኹላቶም ክጠቕሶም እንተ ዘይከኣልኩ ከም በዓል ለተኺዳን ካሕሳይ፡ ኣሰፋሽ ጐይትኦም፡ ልያ ገብርኣብ፡ ሳልሕ ጻዕዳ፡ ሳልሕ ሳበን ካልኦትን ልክዕ ከም ደቅና ኲይኖም ይስምዑና፡ ኣብ ኲሉ ንጥፈታት ምሳና እናተሳተፉ ኣብነት ይኾኑና ነይሮም።

“ውዳበ ደቀንስትዮ ዝያዳ ኣብ ሻድሻይ ወራር እዩ ሓፉሉ። ምስንካት ኮሮንሾ፡ ምሕጻብ ክዳውንትን ውጉኣት ምእላይን ቀንዲ ስርሓና እዩ ነይሩ። ምእላይ ስድራ፡ ጉዳይ ጥሪትን ማሕረስን ከም ካልኣይ ስራሕና ተቐጺሩ። ወራር እንተ ተጀሚሩ ገጽ ሰብኣይ ንርኢ ኣይነበርናን። እቲ ስራሕ ከቢድ'ዩ። ብሓቦ እዩ ዝዕየ ነይሩ። ሓደ-ሓደ ናይ ቃልሲ መንፈስና ዝፈታተን ኲነታት የጋጥመና ነይሩ። ንኣብነት ኣብ ግዜ ሰላሕታ ወራር ኮሮንሾ ዘዳልዋ ኣደታት ኣብ ወግሬት - ሰብዓት ቅርድ ነይረን። ኣነ ቀንዲ ወዳቢት ስለ ዝነበርኩ ብመሳርዕ ከፋፊለ እምድበን። ኣብ ናቕፋ ዝነበራ ኣደታት ኣብ ሆስፒታል ጠብራ ክዳውንቲ ውጉኣት ይሓጽባን ካልእ ንጥፈታት የካይዳን ነይረን። ንሕና ከኣ ናይ ምስንካት ሓላፍነት ተሰኪምና። ለይትን መዓልትን ዕረፍቲ ኣይነበረናን። ቀትሪ ንለውስ፡ ዕንጨይቲ ንወፍርን ማይ ንወርድን፣ ለይቲ ድማ ክሳብ ትወግሕ ንስንክት። ቀትሪ ዘይንስንክትሉ ምኽንያት፡ ነፈርቲ ትኪ ከይከሽፋ እዩ። ነፈርቲ እተን ቀንዲ ተጻብኣቲ ስራሕና እየን ነይረን። ዝኾነ ምልክት ወይ ትኪ እንተ ርእየን ሱቕ ኢለን እየን ዝድብድባ። ካብ ደብዳብ ከንድሕን ቀትሪ ተመሳሲልና እናውዓልና ለይቲ ኢና ንሰርሕ። ሓዳርናን ደቅናን ገዲፍና ኣብ መዓስከር ሰፊርና።”

“ኣብቲ እዋን እቲ ብፍሉይ እትዝክርዮ ተርእዮ ወይ ድማ ካብ ኣእምሮኺ ዘይሃስስ ኲነት እንታይ ኣሎ?” ዝብል ሕቶ ምስ ኣቕረብኩላ፡ ኣደይ ፋጥና ገዲፋትኒ ኣብ ዓሚቕ ሓሳብ ኣተወት። ካብ ሓሳባ ክኾልፉ ኣይደለኹን፡ ሱቕ ኢለ ተጸበኽዋ።

“ኣንታ ወደይ ከንደይ ኢለ እሞ ክዝክር። ናይ ሽው ኲነታት ኲሉ ፍሉይ እዩ። ይኹን እምበር፡ ከም ወላዲት ሓንቲ ዘይርስዓ ሽግር ኣጋጢማትኒ እያ። ንሳ እንተ ጠቐስኩ ይሓሸ፡” ድሕሪ ምባል ገጻ እናረኣኽዎ ተለዊጡ። ከንፈራ ነኺሳ ትም በለት። “ከቢድ ሽግር ገጢምዋ ክኸውን ኣለዎ፡” በልኩ ብልበይ። ፍሽኽ ኢላ ድማ ነቲ ኲነት ኣዘንተወትለይ።

“ሓደ ግዜ ብስንኪ ጻዕቂ ስራሕ ኣመት ገዛይ ከይገበርኩ ነዊሕ ጸኒሐ። በዓል ቤተይ ‘ኣይነበረን። ጓል ሸውዓተ ዓመት እትኸውን ጀምዕ ጓለይ ድማ ሓሚማ ነይራ። ሕማማ እናፈለጥኩ ጉዳይ ሃገር ኲይኑኒ ገዲፈያ ከድኩ። ነተን ኣደታት እናኣለኹ ከይቀሰንኩ ነዊሕ

ጸኒሐ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ደሃይ ዓዲ ፈሊጡ ክነግረኒ ዝኽእል ሰብ ኣይነበረን። ሰብኡት ብምሉኦም ናብ ድፋዕ ስለ ዝኸተቱ ዝለኣኽኒ ሰብ'ውን ኣይነበረን። ኣነ መዓንጣይ ሸጥ ኣቢለ ነቲ ኮሮንሾ ክስራሕ ዝመጸ ኩንታላት ሓርጭ ንምስንካት ነተን ኣደታት ኣወሃህድ ነበርኩ።

"ኣብ ከምዚ ኩነታት እናሃለና ሓደ ሰብኣይ ካብ ዓዲ መጺኡ ንበይነይ ጸውዓኒ። ህድእ ኢሉ ድማ 'ስምዕኒ ፋጥና፡ ጓልኪ ብጽኑዕ ሓሚማ ስለዘላ ቀልጢፍኪ ንገዛ ኪዲ' በለኒ። ነብሰይ ማይ ተኻዕዎ፣ ብስንባደ ቀጥቀጥ በልኩ። ጓለይ ብሂወት እንተ ትህሉ ከምዚ ኣይምበለንን ገለ ኣጋጢሙ ኣሎ ማለት እዩ፡" በልኩ።

እቲ ዝነገረኒ ሰብኣይ ስምዒታቱ ክፍትሽ ቀው ኢሉ ጠሚተኒ። "ስማዕ እንዶ፡ ጓለይ ብሂወት ኣላ ድያ? ብሂወት እንተ ዘይሃልያ ኣይትሕባእለይ፡" በልክዎ እናነባዕኩ።

"ብዛዕባ ምህላዋ ኣይትጠራጠሪ፣ ግና ኣዝያ ሓሚማ ኣላ። ኣነ ክትሕግዝያ እለ እየ እምበር፡ እንተ ደሊኺ ስራሕኪ ክትቅጽሊ ትኽእሊ ኢኺ፡" በለኒ ብነብሰ ተኣማንነት።

"እሞ፡ እንታይ ገበርኪ?" በልክዋ ህውኽ ኢለ። ነቲ ቅድሚ 34 ዓመታት ዝተፈጸመ ፍጻመ እናዘከረት መለሰትለይ።

"ካብተን ኣንስቲ ንሓንቲ ወኪለ፡ ንልዕለይ ዝነበሩ ጠርነፍቲ ነጊረ ተበገስኩ። ካብ ወግሬት ናብ ባቅላ ዝወስድ ተሪር ጐቦ - ኣብ ገመል ደዪብካ እዩ ዝኽየድ። ነቲ ተሪር ዓቐበት ብእግረይ ሓኹርክዎ። እቲ ንኣጓቡዝ ላሕ ዘብል ጐቦ ጐልጐል ኮይኑ እዩ ተሰሚዑኒ። ኣብ ሓጺር ግዜ ዓንደፍደፍ እናበልኩ ገዛይ በጺሐ።"

"ደሓን'ዶ ጸኒሓትኪ?" ሓተትክዋ ጽቡቕ እናተመነኹ። ንገለ ደቓይቕ ጸጥ በለት'ሞ "ደሓን ኣይጸንሓትን። እቲ ብዛዕባ ሕማማ ዝነገረኒ ሰብኣይ ናባና ክብገስ እንከሎ ኣዝያ ኣብ ሕማቕ ኩነታት እያ ነይራ። ንሱ ኣብ መገዲ እንከሎ ዓሪፋ። ዝከታተላ ስኢና ግዳይ ኰይና ጀምዓ ጓለይ" በለት ንብዓታ እናዛረየ። ኣዝየ ተሰከፍኩ፣ ሕማቕ ኣዘኪረያ ኢለ ምሕታት ኣቋረጽኩ። ንሳ ግን ቀልጢፋ ናብ ንቡር ተመሊሳ፡ "ኣይትሰከፍ እዚ ወደይ፣ ጓለይ ካብቶም ኣብ ፈቐዶ ታባታት ዝወደቑ ጀጋኑ መዓስ ትበልጽ ኰይና። ንሕና ምእንቲ ሃገር ስለ ዝወፈርና ንሳ ብድሕሪና ሓሚማ ከምቶም ስውኣት ሓሊፋ፡" ክትብል ስርሓይ ክቕጽል ኣተባብዓትኒ። ብድሕሪኡ ብዙሕ ክሓታ ኣይደለኹን። ናብ ካልእ ኣርእስቲ ክሰግር እናተዳለኹ ባዕላ ሓዲሽ መገዲ ከፈታትለይ።

"ከምዚ ዓይነት ጸገም ናተይ ጥራይ ኣይኮነን ነይሩ። ኣብ ግዜ ሻድሻይ ወራር ኣብ ባቅላ ክልተ ኣንስቲ ሞይተን ቀባሪ ስኢነን። ከም ትፈልጥዎ ኣብ ባህልና ደቀንስትዮ ኣይቀብራን እየን። ኣብቲ እዋን እቲ ግን ብጀካ ክልተ ሰብኡት ኣብታ ዓዲ ሰብኣይ ኣይነበረን። ሬሳ ክንስትር ኢልና እተን ኣንስቲ ምስቶም ክልተ ሰብኡት ኴይና በዓላትና ቀቢርናየን። ምረትን ጸገማትን ወራራት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ኣብ ግዜ ሰላሕታ ወራር ኣደታት ላባን እንድላልን ዝገብርኦ ዝነበራ ስራሕ ግን ፍሉይን ኣጸጋምን ኰይኑ ይስምዓኒ።"

"እንታይ ፍሉይነት ናይርዎ ደኣ?"

"ኣብ ከባቢ ላባን ሃሆትን ደማዊ ኲናት ዝካየደሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ እተን ኣደታት ኣብ ሕክምና እየን ዝሰርሓ ነይረን። ሓደ እዋን ውጉኣት ኣዝዮም ስለ ዝበዝሑ ኣብ ጐልጐል ለጥ ኢሎም ነበሩ። ገዛ ይኹን ጽላል ኣይነበረን። እቶም ዝበዝሑ ህሱያት ስለ ዝኾኑ ኢንፈኽሽን ክግበረሎም ግድን ነበረ። ኢንፈኽሽን ዝንጥልጠለሉ ሓጺን ይኹን ዕንጨይቲ ኣይነበረን። እቶም ኣብ ሴጣ ጐልጐል ደቂሶም ዝነበሩ ውጉኣት ኢንፈኽሽን ምስ ተተኽለሎም እተን ኣደታት ቈልዑ ሓቝፈን ምሉእ ለይትን መዓልትን ብሓንቲ ኢደን ኢንፈኽሽን ሒዘን ደው ይብላ። ሓደ ሰብ ሓንቲ ኢንፈኽሽን ጥራይ ኣይኰነትን ተድልዮ። ሰለስተ ወይኣርባዕተ እንተ ተሰቒሉሉ እተን ኣደታት እየን ኣንጠልጢለንኦ ዘውዕላን ዝሓድራን። ቈልዓ ሓቝፍካ ኢንፈኽሽን ክተንጠልጥል ካብ ኵሉ ስራሕ ዝኸበደ ኰይኑ ይስምዓኒ። ወላሂ! እቲ ፍጻመታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ኣበይ'ሞ ክንዝክሮ። ያሬት ሽው እንተ ዝምላእ። ብዝኾነ ሳላ ዱዓናን ጻዕርናን ተዓዊትና። ደመኛታትና ንናቕፉ ምሓዝ ከም ምጥፋእ ሰውራና ይሓስብዎ ስለ ዝነበሩ ብዙሕ ሓሊሞምን ፈቲኒዮምን። ምስ ሓቅን ጽንዓትን ተፋጢጦም። እቶም ሰብ ሓቂ ድማ ስዒሮም።" ክትብል ዕላላ ዘዚማ ኣደይ ፋጥና መ/ዑመር።

ኣደይ ፋጥና ኣብ ዋዕላ ጀማሂር ሳሕል ክትሳተፍ ኣብ ኣፍዓበት ክትመጽእ እንከላ ብክቱር ናፍቖት ምስቶም ደቂ ማሕበራ ዝኾኑ ኣባላት ጀማሂርን ሓፋሽ ውድባትን ትሰዓዓም፡ ተዕልልን ዝኽርታታ ተሐድስን ነበረት። ብዕድመ እኳ እንተ ሸምገለት ሃገራዊ እምነታ፡ ተወፋይነታ፡ ምስ ገድልን ተጋደልን ዘለዋ ፍቕሪ ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ። ኣደይ ፋጥና ማዕርነት ደቀንስትዮ ንምርግጋጽ፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምስታፍ ልዑል ጻዕሪ ዘካየደት ኣደ እያ። ደቃ ኣብ ትምህርቲ ኣእትያ ኣብነት ብምግባር ነቲ ህዝቢ ኣርኣያ ኮይናቶ። እዚ ነቕ ዘይብል ሃገራዊ እምነታን ተወፋይነታን ከኣ ብመንእሰያት ደቀንስትዮ ክውረስ ዝግብኦ ታሪኻዊ ጺጋ እዩ።

# ባህልን ስነጥበብን

## “ስነ-ጥበብ ክገድፎ ኢለ ኣይጀመርኩዎን...”

### ስነጥበበኛ ሚለን ሃይሉ

**መርሃዊ ታደሰ**



*ሓንቲ ካብቶም ኣብ ፍርያቶም ፍሉይ ቅዲታት ዝጥቀሙ ድምጻውያን ሃገርና'ያ። ዛጊት ኣብ ብርክት ዝበሉ ፊልምታት ሃገርና ትንግርታውን ተፈታውን ጠባይ ሒዛ ብምውሳኣ ልዑል ተቐባልነት ረኺባ'ያ። ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ካብ ዓውዲ ስነ-ጥበብ ክትእለ ዘይትደሊ ወናም ስነ-ጥበበኛ' ብምዃና፡ ንመጻኢ ኣብ ዝበረኸ ጥርዚ ዓለም ስነ-ጥበብ ክትበጽሕ ከምትኽእል ብኣጋኡ ይሰወጠካ። ናይ ሎሚ ዕድምቲ ጋሻና ሳዕሳዒት፡ ድምጻዊት፡ ተዋሳኢት፡ ዳይረክተር ክሊፕ፡ ዲዛይነርን ክኢላ ሜክኣብን ስነ-ጥበበኛ ሚለን ሃይሉ'ያ. . . ሰናይ ንባብ!*

***◆ ንስነ-ጥበብ ክትሓድግዮ እንተትሕተቲ?***

ከም ሕቶ ንዓይ ትጎድኣኒ ሕቶ ስለ ዝኾነት ፈጺመ ክሰምዓ ዘይደሊ ሕቶ'ያ። ንስነ-ጥበብ ክገድፎ ኢለ ኣይጀመርኩዎን። ምኽንያቱ ስነ-ጥበብ ንዓይ ስምዒታተይን ቋንቋይን'ዩ። ስነ-ጥበብ ሓጎሰይ'ዩ፡ ሓጎሱ ክምንጠል ዝደሊ ሰብ ከኣ የለን። ንስኻ ‘ሓጎስ ዶ ይሕሸካ ሓዘን?” እንተትበሃል እንታይ ምመረጽካ? ርግጸኛ'የ ሓዘን ዝመርጽ ሰብ ስለ ዘየለ ሓጎስ ከም እትብል።

***◆ ብኸመይ ኢኺ ናብዚ ሩሕ ህላወይ'ዩ እትብልዮ ዓለም ስነ-ጥበብ'ዚ ተጸንቢርኪ?***

ስነ-ጥበብ ካብ ግዜ ቁልዕነተይ፡ ማለት ዳል ሓሙሽተ/ሽዱሽተ ዓመት ኣቢለ እንከለኹ'የ ጀሚረዮ። ሓትነታተይ ኣብ መስትያት እናረኣያ'የን ዝስዕስዓን ዝደርፋን ነይረን። ኣነ ኸኣ ኣብቲ እዋን'ቲ ምስኣን ኮይነ እለማመድ ነይረ። ስለዚ ንስነ-ጥበብ ብሳዕሲት'የ ፈሊመዮ ክብል እኽእል።

***◆ ደሓር'ከ ከመይ ቀጺልክዮ?***

ተማሃሪት ቤት ትምህርቲ ዓወት እንከለኹ፡ ኣብ ቤት ትምህርትና ክስዕስዕ መምህር ኤፍሬም ፍቓዱ ርእዩኒ። ብድሕሪኡ ኣብ ዝተፋላለየ ናይ ቤት ትምህርትና ጽንብላት እሳተፍ ነይረ። ኣብ 2003 እቶም ምስ መምህር ኤፍሬም ፍቓዱ ዝነበርና ዉሑዳት ቆልዑ ምስ ጉጅለ ባህሊ ኣሰር ተጸንቢርና። ኣብ 2004 ኣብ መበል 14 ዓመት መዓልቲ ናጽነትና ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ድራማ ኣቕሪብና። ብድሕሪ'ዚ ብመምህር ኤፍረም ፍቓዱ እናተኣለና ንጉጀለ ባህሊ ዋሪ መስሪትና። ክሳብ እዚ እዋን'ዚ ሳዕሳዒት እየ ነይረ። ደራፊት ክኸውን ዝገመተኒ ሰብ ኣይነበረን።

***◆ ናብ ደርፊ ደኣ ብኸመይ ሰጊርኪ?***

ኣብ 2006 ኣብ ፈስቲቫል መንእሰያት ሳዋ በብእብረ እናተባረረና ክንደርፍ ምስ ርኣዩና፡ ካብቶም ምሳና ዝነበሩ ኣለይቲ ገለ-ገለ ሓገዛት ተገይሩለይ ክደርፍ ከም ዝኽእል ግምታት ወሲዶም። ብድሕሪ'ዚ ናብ ኣስመራ ምስ ተመለስና ብድምጻዊ ግርማይ ዓንዶም ንሕገዝ ስለ ዝነበርና፡ ኣብታ “ብርሃን ዓይነይ” እትብል ደርፉ ካልኣይቱ ኮይነ ብምድራፍ ንደርፊ ዓለም ኣሃዱ ኢለ

> “ሚለን
> ሃይሉ ንገዛእ ርእሳ ጥበብ'ያ።
> ኣብ ጥበብ (ኣብ ስራሕ) እንተ ኣሚናትሉ ካብ ጎቦ ክትነፍር ትኽእል'ያ። ብሓጺሩ ሚለን ንክሊፕ ዳይሪክተር ወይ ንስርሓት ክሊፕ ኢላ ዝተወልደት'ያ። ብዘይካ ብስነ-ጥበብ ከኣ፡ ብሰባት ክትውሳን ዘይትኽእል ፍጥረት'ያ። . . .ሚለን ሓፍተይ ሕልምኺ የስምረልኪ!!”
>
> ደራሲን ዳይረክተርን
>
> መርሃዊ መለስ

ፈሊመዮ። ኣድህቦይ ድማ ናብ ደርፊ ዛዚዩ።

***◆ ምስ ሓቀኛ ፍጻመታት ወይ ምስ ነብስኺ ብምትእስሳር ዝደረፍክዮም ደርፍታት ኣለዉ'ዶ?***

ብርግጽ ኩሎም ስርሓተይ ምስ ሓቀኛ ፍጻመታት ናይ ሕብረተ-ሰብ ብምትእስሳር ዝደረፍኩዎም'ዮም። ካብቶም ብዙሓት ፍርያተይ ሓደ-ሓደ እውን ምስ ነብሰይ ዝተኣሳሰሩ ኣይሰኣኑን'ዮም (ስሓቕ)።

***◆ ዛጊት ክንደይ ዝኣክል ክሊፓት ኣፍሪኺ ኣለኺ?***

ናብ ህዝቢ ዝዘርጋሕኩዎም 'ብርሃን ዓይነይ'፡ 'ኣስሊ'፡ 'ርሓቕ'፡ 'ሰኣን ሕራይ'፡ 'ገዳሙ'፡ 'ንፋቶ ኢና'፡ 'መቺኡኒ'፡ 'ኣፍቂርካ ከኣሎ'፡ 'መጀመርታ ፍቕሪ'፡ 'ሰብ ኣይከውንን'የ'፡ ዝርእስቶም ዓሰርተ ክሊፓት ኣፍርየ ኣለኹ።

***◆ ሓንቲ ባህላዊት ክሊፕ ጥራሕ'ያ ዘላትኪ ስለምንታይ ኢኺ ዘይደፋእክሉ?***

ባህላዊ እሰርሕ'የ። ንኣብነት እዛ 'መቺኡኒ' ዘርእስታ ደርፈይ ናብ ባህሊ ዝኸደት'ያ። ብዓቢኡ ግና ኣብ ቀረባ እዋን ክደፍኣሉ ተዋዲደ ኣለኹ። ነቲ ባህላዊ ናብ ዘመናዊ ገጹ ከማዕብሎ እደሊ'የ። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ድማ ባህላዊ ደርፍታት ክዝርግሕ ቅርብቲ'የ ዘለኹ።

***◆ ከም ተዋሳኢት'ከ ኣበየናይ ተዋስኣታት ተሳቲፍኪ?***

"ሎሚ ሚለን ሓያል ደራፊት፡ ተዋሳኢትን ዳይረክተርን ኮይና'ላ። ደርፊ በቲ ኢሉ በቲ መግለጺ ፍቕሪ'ዩ። ናፍቖት በሎ ፍትወት ኩሉ ፍቕሪ'ዩ። ሚለን ከኣ ንፍቕሪ'ያ ተፈጢራ። ካብ ደራፊት ክትብላ ንባዕላ ደርፊ'ያ ክትብላ ይቐልል። ልክዕ ከምቲ ትበርህ ተስፋሁነይ ንሱሳታት፡ ሄለን ንተስዓታት ዝተፈጥራ፡ ሚለን ከኣ ኣብ ክልተ ሽሕን ዓሰርተታት ቦሎኽ ዝበለት ክኢላ ኤርትራዊት ስነጥበበኛ'ያ። ብሓጺሩ ሚለን ክትመጽእ እንከላ ልቢ ሰብ ተሰንቢድ ዑፍ ብርንሂን'ያ።"

ደራሲን ገጣሚን

መለስ ንጉሰ



ኣብ 'ደበንገረ'፡ 'ቃሕታ'፡ 'ወይ ሰብ ደቀይ'፡ 'ጆሲ'፡ 'ማርታ'፡ ዘርእስተን ሓሙሽተ ፊልምታት ሃገርና ተዋሲአ ኣለኹ።

***◆ ሚለን ኣብ ኪሊፓታ ኮነ ኣብ ትዋስኣሎም ፊልምታት ክዳን ኣይትደግምን'ያ ክበሃል ሰሚዐ ኣለኹ፡ ሓቅነቱ ከመይ'ዩ?***

ምድጋም ክዳውንቲ ኣብ ስርሓተይ ባህ ኣይብለንን'ዩ። ብርግጽ ከኣ ኣብ ክሊፓተይ ኣይደገምኩን። ኣብ ፊልምታት ግና ብሰንኪ ናይ ሕጽረት ግዜን ካልእን ዝደገሙክዎ ክዳውንቲ ሓደ ክልተ፡ ማለተይ ውሱናት ኣይስኣንን። ሓደ ስነ-ጥበበኛ ኩሉ ግዜ ሓድሽ ነገር እንተፈጢረ፡ ምድግጋም እንተዘይመረጸ ጽቡቕ'ዩ ዝብል መረዳእታ ኣለኒ።

***◆ ሚለን ኣብ ስነ-ጥበባዊ ስርሓታ ቅንዕትን ፈቃርን ዓይነት ሰብ'ያ፡ ኣብ ሓቀኛ ህይወታ'ኸ?***

እታ ኣብ ዕዮታተይ ዘላ ሚለን ኣነ ኣይኮንኩን። ከምኡ ክኸውን ግና ብጣዕሚ'የ ዝደሊ። ብትኽክል ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ንነብሰይ ኣጸቢቐ ይፈልጣ'የ። ብዛዕባ ነብሰይ ሕጂ ከዛረብ ጽቡቕ ስለዘይኮነ ግና ንሕብረተ-ሰብ ንግደፎ። ሕብረተ-ሰብ ክፈርደካ'ዩ ጽቡቕ።

***◆ ኣዝዩ ፍሉይ ቅድታት ኢኺ ትጥቀሚ፡ ነዚ ቅዲ'ዚ ብኸመይ ኢኺ ኣማዕቢልክዮ?***


የስተብህል'የ፡ የስተማቕር'የ፡ የጽንዕ'የ። ብትኽክል ካብ ሰባት'የ ተማሂረዮ፡ ናብ ሰባት ከኣ'የ ዝመልሶ።







> "ሚለን ሃይሉ ብዕድመ ንእሽቶይ፡ ብጥበብ ከኣ ዓባይ ሰብ'ያ። ገና ብንእስነታ ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገርና ዓቢ ኣበርክቶ ገይራ'ላ። ብሓፈሻ ኣብ ኩለን ስርሓታ፡ ብፍላይ ድማ ኣብተን ክልተ ጽቡቓት ናይ ባህሊ ክሊፓታ፡ ማለት ገዳሙን መቺኡኒን ንደርፊ ትግርኛ ፍሉይ ቅዲ ወይ ስታይል ሒዛ ስለዝሰርሓትሉ ክትምስገን ዝግበኣ ስነ-ጥበበኛ'ያ። ኣብ ኮስቲዩምን ሜክኣብን ምስ ባህሊ ትግርኛ ንምትእስሳሩ ዝያዳ መጽናዕቲ እንተ ኣካይዳትሉ፡ ዝበለጸ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል'ያ።"
>
> ተማራማሪ ባህሊ
>
> በረኸት ኣማረ



ብኡ መሰረት እየ ነቲ ዝደልዮን ነቲ ዝጥዕመንን ቅዲ ዝጥቀመሉን ዘማዕብሎን።

***• ኣብዚ እዋንዚ ንናትኪ ቅዲ ዝኸተላ ድምጻውያን ይቀላቐላ ብምህላወን ዝሰመዓኪ ስምዒት?***

ጽቡቕ! ኩሉ ሰብ ናተይ ቅዲ እንተ ዝኸተል ኣዝዩ ባህ ምበለኒ። ምኽንያቱ ሕልመይን ባህገይን ንሱ'ዩ። ስርሐይ ሰባት ከደግምዎ ወይ ክኽተልዎ እንተጀሚሮም ፈትዮሞ ከምዘለው ዝሕብር መልእኽቲ ስለ ዝኾነ ሕጉስቲ'የ።

***• ካብ እትነጥፍሉዎ ሞያታት ስነ-ጥበብ ንዓኺ እቲ ዝኸበደ ኣየናይ'ዩ?***

ዳይረክቲንግ (ኣልያ) ክሊፕ ምስራሕ ከቢድ እዩ። ዳርጋ ኩናት እዩ። ካብቲ ኩልና ንፈልጦ ኩናት ዝፈልዮ ነገር እንተሎ ግን ምቁር ኩናት ብምዃኑ'ዩ።

***• ዛጊት ካብ ዝኣለኽየን ወይ ዝመራሕክየን ክሊፓት?***

ዳርጋ ኩለን ክሊፓተይ ባዕለይ'የ መሪሐየን። ብዘይካ እታ 'ገዳሙ' ዘርእስታ ክሊፐይ ማለት'ዩ። 'ገዳሙ' መርሃዊ መለስ'ዩ ዳይረክተራ።

***• እታ ናይ ፈለማ ኤርትራዊት ዳይረክተር ክሊፕ ብምዃንኪ እንታይ ይሰምዓኪ?***

ሕጂ ትነግረኒ ኣለኻ። ብልክዕ እንተኾይነ ግና ሓጎሰይ መቋጻጸሪ የብሉን።

***• ካብ ትዕዝበተይ ኣብ ጻጋመይቲ ኢድኪ ነዊሕ ዝገበረት ውቃጦ ኣላ፡ ብዛዕባ እዛ ውቃጦ እዚኣ እንታይ ምበልክና?***

(ስሓቕ) 'ኢንድለስ ላቭ'ያ ትብል። ምስ ኩሉ ሰብ፡ ምስ ነገራት፡ ምስ ስነ-ጥበብ ዘይውዳእ ፍቕሪ ክህልወኒ ስለ ዝደለኹ'የ ተወቂጠያ። በብቑሩብ ደኣ ትፍትሸኒ ኣለኻ'ምበር ኣብ ክሳደይ'ውን ሓሙሽተ ከዋኽብቲ ኣለዋኒ። (ስሓቕ) ብኹሉንትናይ ኮኾብ ክኸውን ስለዝደሊ'ዩ መሰለኒ።

***• ሕልምኺ እንታይ'ዩ?***

ሕልመይ፡ ሎሚ ምስራሕ፡ ሎሚ ለውጢ ምምጻእ፡ ኣብ ሎሚ ዝነኣድ ስራሕ ሰሪሐካ ዘለኣለም ምንባር'ዩ።


***• ኣብ መወዳእታ ትብልዮ እንተሎ?***

ተማሂረ፡ ዓብየ፡ በብግዜኡ ለውጢ እናምጻእኩ ዕውትቲ ሰብ ክኸውን ክጽዕር'የ።

> "ህይወት ወይ ባህሪ ከተስተማቕር ሙዚቃ ከተስተማቕር ኣለካ። ሙዚቃ ከተስተማቕር ከኣ ኣብ ሙዚቃ ክትነጥፍ ኣለካ። ኣስተማቒረየ'የ ትብል እንተደኣ ኮይንካ'ውን ንዓውዲ ሙዚቃ ዝያዳ ክትነጥፈሉ'ዩ ዘለካ። ሚለን ሃይሉ ንህይወት ማዕረ ክንደይ ከም ዘስተማቐረታ ኣብ ስርሓታ ብእትመርጾ ቴክኒክ ኣርእያትና'ያ። ልክዕ ከምቲ ንመርዓ ትኾነካ/ዝኾነካ መጻምድቲ ትመርጽ፡ ሚለን ከኣ ንስርሓታ ዝኾውን ሙዚቃ ተጠንቂቓ ትመርጽ። ናይ ብሓቂ በቲ ዘለዋ ሕብሪ ናይ ድምጺ፡ በቲ ዘለዋ ፍሉይ ቅዲ ንመጻኢ'ውን ፍሉይ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል መንእሰይ'ያ።"
>
> ደራሲ ሙዚቃ
>
> እስታዝ መሓመድ ሳልሕ ሑሴን

# ደቀንስትዮን ስነ ጽሑፍን

**ተስፋይ ዑቕባይ**



ጀይ-ከይ-ሮውሊን

ስነ-ጽሑፍ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሓዝአ ዓውዲ ፈጠራውነትን ተበላሕነትን ዘይምዃኑ ደቀንስትዮ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ብዘመዝገበኦ ድንቂ ዓወታት ከረጋግጽ ክኢሉ እዩ። ብኣሰኳኹዓ ምሩጽ ቃላትን ብርቂ ሓሳባትን ብሚልዮናት ንዝቑጸሩ ኣንበብቲ ብምጽላው፡ ቅድመ-ግንባር ካብ ዝተሰርዓ ደረስቲ ደቀንስትዮ ዓለምና ድማ፡ ጀይ-ከይ-ሮውሊንን ስተፈኒ መየርን ብኣብነት ክጥቀሳ ዝኽእላ እየን።

እንግሊዛዊት ጀይ-ከይ-ሮውሊን ደራሲት መጽሓፍ ሃሪ ፖተር (Harry Potter) እያ። ብሰእለ ኣእምሮኣ ዝሃነጸቶ ሽሑራዊ ዓለም ንምንጽብራቕ ብዝፈጠረቶ "ሃሪ ፖተር" ዝተባህለ ገጸ-ባህሪ ድማ ልቢ ሚልዮናት መንእሰያት ክትሰልብ ክኢላ። ጀይ-ከይ-ሮውሊን ብዘይካ'ቲ 450 ሚልዮን ቅዳሓት ብምሻጥ ዝረኸበቶ ህጡር መኽሰባት፡ መጻሕፍታ ብፊልም ክስራሕ ብምኽኣሉ፡ ናይ ቢልዮናት ዶላራት ኣታዊ ረኺባትሉ እያ። እቲ ዝበለጸ መኽሰብ ናይ'ዛ ሓያልን ህቡብትን ደራሲት ግን፡ ንብቕዓታ ዝምስክር ሓያሎ ክቡር ሽልማታት (prestigious Awards) ክትጓናጸፍ ምኽኣላ እዩ።

* * *

ስተፈኒ መየር እውን መጽሓፍ 'ትዋይላይት'(ዋግዋን) (Twilight) ኣብ ኢድ ኣንበብቲ ዘብጸሐት ህብብቲ ደራሲት እያ። እዛ 100 ሚልዮን መጻሕፍቲ ብምሻጥ ዓለም-ለኻዊ ተፈላጥነት ዝረኸበት ጓለንስተይቲ፡ መጽሓፋ "ቫምፓየር" (Vampier) ብዝብል ስያመ ብፊልም ተሰሪሑ



ስተፈኒ መየር

ኣብ ዕዳጋ ድሕሪ ምቕራቡ 2 ቢልዮን ዶላር ተወሳኺ ኣታዊ ዝረኸበት ናይ ግዜና ሓያል ደራሲት እያ። ስተፈኒ መየር እውን ልክዕ ከም ጀይ-ከይ-ሮውሊን ንኣበርክቶኣ ዘጉልሕ ቡብዓይነቱ ሽልማታት ጨቢጣ እያ።

* * *

ኣብ ሃገርና ንጸሓፊ ዘየተባብዖ ብዙሕ ረቛሒታት ኣሎ። ገለ ካብኡ ከምቲ ዝድለ ናይ ምንባብ ባህሊ ዘይምህላዉ፡ ክብሪ ሕትመት፡ ኣገባብ ዝርግሐን ካልእን ክጥቀሱ ይኽእሉ። "ዝጸሓፍ ዛንታ ስኢንና" ዝብል ግን ዘእምን ኣይኮነን። ርሑቕ ከይጠመትና ናይ ትማሊ ታሪኽ ገድሊ፡ ምውሓስ ልኡላውነትን ካልኦት ማሕበራዊ ጉዳያትን ማንካ ዘይተላዕሎም ፍጻመታት ኣለዉና።

እዘን ኣብ ላዕሊ ጠቒሰየን ዘለኹ ናይ ዓለምና ህቡባት ጸሓፍቲ ኮይነን ዘለዋ ደቀንስትዮ፡ ቅዱስ ቅንኢ ስለ ዘሕደራለይ'የ ብዛዕባ ጸሓፍቲ ደቀንስትዮ ሃገርና ክተናኽፍ ዝወሰንኩ። ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ዓውዲ ስነ ጥበብ እንተኣማዕዲና፡ ኣብ ኢደ ጥበብን ደርፍን ዝነጥፋ ብዙሓት ደቀንስትዮ ኣለዋ። ኣብ ስነ ጽሕፍ ግን ከምቲ ዝድለ ኣይኮናን፡ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

* * *

ተጋዳሊት ገነት ስዩም፡ እታ እንኮ ካብ ሜዳ መጽሓፍ ደሪሳ ዝኣተወት ጓለንስተይቲ እያ። "ሽጎም" ዘርእስታ መጽሓፋ ድማ ከም ሳጓ ኮይና ለጊባታ ንስማ ስዒራ ትርከብ። "ሽጎም" እንተኢልካ፡ ደራሲት ገነት ስዩም ከምዝኾነት ንምዝካር ኣይትሽገርን። ደራሲት ገነት ስዩም ዝረኸበቶ

ህቡብ ታሪኻዊ ስም ድማ ልዕሊ ዘን ኣቐዲምና ከነንበቦ ዝጸናሕና ወነንቲ ቢልዮናት ርዝነት ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ገንዘብ በናኒ እዩ። ሓቐኛ ታሪኽ ግን መመሊሱ'ዩ እናተኾልዐ ዝኑበር። ደራሲት ገነት፡ ኣብ ታሪኽ ስነ ጽሑፍ ደቀንስትዮ ሃገርና ከፋቲት በሪ'ያ። ድሕሪ ናጽነት ድማ ኑቲ ዝነበረ ባይታ ተጠቒማ ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ ኣብ ታሪኽ፡ ማሕበራዊ ህይወትን ንኣግእዞ ደቀንስትዮ ዝድርዕ ጉዳያትን ዝጸሓፈትን ገና ኑቲ ዝተጠቕሰ ብድሆታት በታቲኻ ትቃለስ ዘላን ኣብነታዊት ጸሓፊት እያ።

* * *

ኣብ ሜዳ ካብ ዝፈረያ ጸሓፍቲ ተጋደልቲ እንተዘኪርና፡ ስውእቲ ስነ ጥበበኛ ኣጸደ መስፍን ክንጠቅስ ንኽእል። ኣጸደ፡ ኩለንትንኣ ንስነ ጥበብ ዝተፈጥረት ሄዋን እያ። መሳርሒ ሙዚቃ ትመልኽ፡ ትዋሳእ፡ ትደርፍ። ጸሓፊት ድርሰት ፊልምን ገጣሚትን ኮይና ድማ፡ ቅድሚ ምስንባታ፡ ንታሪኽ ስነ ጥበብ ዓለማ እትድርዕ መጽሓፍ ጽሒፋትልና እያ።

* * *

ደራሲት መምህር ኣብርሀት ምስግና እውን፡ ንዘዕበያ ቋንቋ ኣምሓርኛ ሰዒራ ኣብ ምምዕባል ስነ ጽሑፍ ሃገርና ዓቢ ኣበርክቶ ካብ ዝገበራ ዘለዋ ሒደት ደቀንስትዮ እያ። መምህር ኣብርሀት፡ ስነ ጽሑፍ ብደረጃ ትምህርትን ብምንባብን ከምዝምዕበል ጽኑዕ እምንቶ ገይራ ልዕሊ ፍርቂ ህይወታ ኣብ ትምህርቲ ኣሕሊፋቶ። ዲፕሎማ ብ1981 ካብ መምህራን ኮሌጅ ኮተቤ (ኢትዮጵያ)፣ ቀዳማይ ዲግሪ ብስነ ጽሑፍ (literature) ብ1996 ካብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ፣ ማስተርስ ዲግሪ ብስነ ቋንቋ (linguistics) ብርሕቀት ትምህርቲ ብ2012 ካብ ዩክሊድ ዩኒቨርስቲ ተቐቢላ።

መምህር ኣብርሀት፡ ዝተማሃረቶን ዘንበበቶን ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ ብፍላይ ናብ መንእሰያት ከተመሓላልፎ ዕድል ዝፈጠረላ ኮሌጅ ስማፕ እዩ። ኣብ ኮሌጅ ስማፕ ብዛዕባ ዓውዲ ስነ ጽሑፍ ክትገልጽ እንከላ፡ ብሃገራዊ ቋንቋ ዝተደርሱ ብቕዓምነት ክንበቡን ጸሓፍቲ ሃገራዊ ቋንቋታትና ድማ ክተባብዓ/ዑ ከምዝግባእን ጸቒጣ ትመኽር። ብ2010 ዝተሓትመት ቦኽሪ መጽሓፋ "ምስጢር ተኸሊ" ዘርእስታ ናይ ትርጉም ስራሕ'ያ ነይራ። ኣብ 2012 ድማ ኣብ ልቢ ወለድ ዘተኮረ "መኣዲ ልብ ወለድ" ዘርእስታ መጽሓፍ ናብ ኣንበብቲ ዘርጊሓ። መጽሓፍ መኣዲ ልቢ ወለድ ዘንበቡ ግዱሳት "ኣብ መጽሓፍ መኣዲ ልብ ወለድ ተጠቒሱ ዘሎ ቅጥዒታት ተኸቲላ ልብ ወለድ ዛንታ ክጽሕፍ፡ ብኣንበብቲ ርእይቶ ምስ ወሓዘኒ፡ 326 ገጻት ዝሓዘት 'ፍኖት' ዘርእስታ፡ ንማሕበራዊ ህይወት እትድህስስ ልብ ወለድ መጽሓፍ ብ2016 ጽሒፈ" ብምባል ከኣ ርእይቶ ኣንበብቲ ከምእተኽብር ትገልጽ።

* * *

ይርጋኣለም ፍስሃየ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ኣብ ስነ ግጥሚ ዝነጥፋ መንእሰያት እያ። ግጥምታት ይርጋኣለም፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዓዲ ቐይሕ ከይተደረቱ፡ ኣብ መኣዲታት ስነ ጥበብ ብዓቢኡ ድማ ኣብ መራኸቢ ብዙሓንና ኪጋውሑ ግዜ ኣይወሰዱን። ግጥምታት ይርጋኣለም፡ ንተፈጥሮ ዘድንቑ፡ ንማሕበራዊ ህይወት ብቑጡብ ቃላትን ጥበብን ዝገልጹ ብምዃኖም፡ ወትሩ ካብ ኣእምሮ ኣስተማቓሪ ግጥሚ ኣይፍለዩን እዮም።

* * *

ጋዜጠኛ ሳንቲና ደበሳይ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ስራሕ ጋዜጠኝነት እተበርክቶ ጽሑፋት፡ "ፉርዳ" ዘርእስታ መጽሓፍ ብቋንቋ ኩናማን ትግርኛን ከምኡ'ውን፡ "ኣውረ ቡቓ" ዘርእስታ መጽሓፍ መዝገበ ቃላት ኩናማ-እንግሊዝኛ ብምድላው ብፍላይ ንተማሃሮ ተዛረብቲ ቋንቋ ኩናማ ዓቢ ህያብ ዘበርከተት ዜጋ እያ።

* * *

ገጠምቲ ተጋዳሊት ዮርዳኖስ ተኽለን ፍርቱና ሃብተገርግሽን ሳባ ኪዳነን እውን ኣብ ስነ-ግጥሚ ዘይሃስስ ኣበርክቶ ዝገበራ እየን። ዮርዳኖስ ተኽለ ብፍላይ "ህይወት ገድሊ"ን "ኢድጌታ"ን ዝተባህላ ገድላዊ ታሪኽ ዘዘንትዋ ጽቡቓት መጻሕፍቲ ዘበርከተትልና እያ።

እዚ ዝብል ዘለኹ ካብ ውልቃዊ ዝኽረይ ተበጊሰ እምበር ካልኦት ዘይጠቐስክወን ካብ 60ታትን 70ታትን ጀሚረን ዝተፈላለየ ኣበርክቶ ዝገበራ ደረስቲ ደቀንስትዮ ከምዝነበራና ፍሉጥ እዩ። ግን ብዙሓት ኣይኮናን። ክበዝሓልና ግን ንደሊ። ናይዘን ብኣጻብዕ ዝቑጸራ ገጠምቲን ደረስቲን ደቀንስትዮ ኣሰር ሒዘን ተበጊሰን ዝፈታትና ዘለዋ መንእሰያት ከኣ፡ ሃየ ነተባብዓየን።

## ኩርናዕ ካርቱን



# ምኽሪ ኣግእዞ

## ምኽሪ

ሄለን መኸታ

### እንተዘይወሊደ የጣዕሰኒ'ዶ ይኸውን?

***ጓል 39 ዓመት በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ ቆልዑን እየ። ምስ ስድራይን ስድራ በዓል ቤተይን ኣብ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ኣጋጣሚታትን ካልእን ንራኸብን ነዕልልን ኢና። ኣብዚ ቀረባ ግዜ "ደቂኺ ዓኺኾም እንድዮም፥ ዘይትደግሚ፥ መተዓልልትኺ እምበር ገለ ግበሪ፥" ወረ ገሊኦምሲ "እንታይ ትገብሪ ኣለኺ ዘይተወልዲ!" እናበሉ ምስትንፉስ ኣብዮምኒ። ኢታ ዝጸልኣን ኣብ ርእሰይ ትኣቱን ግን "ሕጂ እንተዘይ ወሊድኪ ደሓረይ ከይትጠዓሲ!" እትብል መጠንቀቕታ ትመስል መፈራርሒት ኢያ። እዚ ክብለኩም ግን ካብ ወለዲ በዓል ቤተይ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ወለደይ'ውን እዩ። ኣረ ናይ ወለደይ ዘሕርቐኒ ዘረባታት ይገድድ። "እዞም ዘለዉኒ ይኣኽሉኒ" እተኢለ'ም በቃ ኩሉም ከበልዑኒ ይደልዩ። ሂወተይ ሂወት ዝመስረትክዎም ስድራቤት ምስ በዓል ቤተይ እናተላዘብና ኢና ንመርሖ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ስድራ እናኣተዉ ኣሸጊሮምና። ዘረባ ምስ በዝሐ እንተዘይወሊደ የጣዕሰኒ'ዶ ይኸውን? እናበልኩ ክርበሽ ጀሚረ'ሞ እንታይ ይመስለኩም?***

***ኣልማዝ ካብ ኣስመራ***

ኣብ ሕብረተሰብና ውላድ ወይ ቆልዓ ተባሃጊ እዩ። ከምቲ ክንነብር መሰልን ግደታን ዘለና፥ ውላድ ክህልወና፥ እንተኺኢልና ማለት እዩ፥ መሰልናን ግዴታናን እዩ። ውሉድ ክህልወና መሰል ናይ ፍጡራት ምኧኑ ዘዛርብ እኳ እንተዘይኮነ፥ እቲ ግዴታ ግን መዓስን ብኸመይን ንምንታይን ምዃኑ ቅሩብ ዝተሳሕተ ይመስል። ደቂ ሰባት ቀጻልነቶም ውሑስ ክኸውን ክፉረዩ ኣለዎም። ግን ብድሌትን ኣፍልጦን እቲ/እታ ነዚ መስርሕ ዝርዳእ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ሕብረተሰብና፥ በቲ ዝሕተት ኣገባብ ማለት ሓዳር ብምምስራት ይኸውን። እዚ ከኣ ብጀካ እቲ ዝተፈላለዩ እምነታት ዝቕበልዎ ምዃኑ ተወሳኺ ነቲ ዝውለድ ዘሎ ቆልዓን ነቶም ዘምጽእዎም ኣቦን ኣደን ዘርብሕ ዝሓሸ ናይ ምሕደራ ኣገባብ እዩ። እዚ መስርሕ እተኸተልኪ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኣርባዕተ ስለዝኾንኪ ዘሸግር የብልክን።

ውላድ እንተዘይህልወኪ እሞ ዘይከኣልኪ ዘይኮነ ብፍታውኪ እንተዝኸውን እቲ ሕቶ ቁሩብ ኣሰካፊ ምኾነ። እንተኾነ ድሮ ኣርባዕተ ሃልዮምኺ በቲ ዘለኪ ዝዓገብኪ ትመስሊ። ውላድ ክትወልድ ወይ ክህልወካ ድሌት ናትናን ናይ ስድራናን እዩ። እንተኾነ ግን ንሱ ጥራይ ኣኻሊ ኣይከውንን። ውላድ ክህልወካ ማለት ሓላፍነት ናይ ሓደ ሂወታዊ ክህልወካ ማለት እዩ። ስለዚ ድሮ ናይ ኣርባዕተ ደቂ ሓላፍነት ተሰኪምኪ ኣለኺ ማለት እዩ። እዚ ዝብለኪ ዘለኹ ግን ከፈራርሓኪ ኢለ ዘይኮንኩ ኣዝዩ ከቢድን ግዜኺ፥ ኣእምሮኺን ጉልበትኪን ከይበቐቕኪ ክትህቢ ዝሓትት ናይ ሂውት መስርሕ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ብሂል "ቆልዓ ከም ምዕባዩ ይዓቢ" ወይ "ቆልዓ እኮ ሓመዱ በሊዑ እዩ ዝዓቢ" ዝብል ዘይሓላፍነታዊ ሓሳባት ኣሚንኪ ዝኾነ ውሳኔ ክትውስኒ ኣነ'ውን ኣየማኽረክን። እቲ ጸገም ሓሙሽተ ወይ ዓሰርተ ቆልዑ ክህልወኩም ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ነዚ ውሳኔ ክትወስዱ ወይ ክትገድፉዎ ዝድርኸኩም ኩነት እንታይ ምዃኑ ብግቡእ ምልላይ እዩ።

ንኽትውስኒ ዝድርኹኺ ዘለዉ ነጥብታት ምኽንያታውያን እንተኾይኖም ብውሳነታትኪ ኣይትጠዓስን ኢኺ እየ ዝብል። ምኽንያቱ ንጠዓሰሎም ነገራት ከይሓሰብናን ከየስተውዓልናን እንገብሮም ነገራት እሞ፥ ዘይተጸበናዮ ውጽኢት ምስ ዝርከቦም፥ እቲ ውጽኢት ከኣ ደስ ምስ ዘይብለና እዩ ዝኽሰት። "ብኻ ካልእ ወሲነ ነይረ" ብምባል በቲ ቀዲምና ዝገበርናዮ ንጠዓሰ። ነዚ ዘለኪ ስክፍታ፥ ምስ በዓል ቤትኪ ኮንኪ ምምኻር ከድልየኪ እዩ። ምኽንያቱ ዋላ'ኳ ኣብ ሕብረተሰብና ዝበዝሐ ሓላፍነት ናይ ኣደ ይኹን ኣቦ'ውን ናቱ ተራ ኣለዎ። ኣብ ምእላይ ስድራ እጃም ክህልዎ ስለዝግባእን ስለዝግደድን ኣብ ውሳኔ'ውን ክህሉ ይግባእ። ብሓባር ተሰማሚዕኩም ዝበጻሕኩሞ ውሳኔ ድማ እዩ ዝያዳ ዝድልድልን ኣድማዒ ዝኸውንን።

ኣብ ምምኻርኩም ሓምሻይ ቆልዓ ክትወልዱ ስነ-ኣእምራዊ ድልውነት ኣለኩም'ዶ? ብቁጠባዊ ዓቕሚ'ኸ ትኽእልዎ'ዶ? ንስኺ ብዘለኪ ጥዕና፥ ዕድመ፥ ቆልዓ ክትወልድን ክትዕብይን ትኽእሊ'ዶ? በዓል ቤትኪን ደቅኽን ዕድሚኦም ከመይ እዩ? ማለት ደቅኺ ኣመና ንኣሽቱ እንተኾይኖም ንኹሎም ብሓደ ክትዕብዮም ትኽእሊ'ዶ? በዓል ቤትኪ ብዕድመ ዓቢ ኮይኑ

ብህድኣት ነቶም ዘለዉ ጥራይ ብዓቕሊ ከዕቢ ዝደሊ እንተኾይኑ'ኸ........? እዚን ካልእን ምስ ትምልሱ ኣብቲ ልክዕ ውሳነ ክትበጽሑ ኢኹም። ብምሕሳብን ልዝብን ዝተወሰኑ ውሳኔታት ከኣ ዘጣዕሱ ኣይኮኑን።



## ስምዒተይ ምግላጽ ኣዝዩ የሰክፈኒ

***ብዙሓት መሓዙት ኣለዉኒ (ኣውዳትን ኣዋልድን)። ኣብ ንራኽበሉ ግዜ ከነዕልል ከለና ሓሳባተይን ስምዒተይን ምግላጽ ኣመና እዩ ዘሸግረኒ። ካልኦት እንታይ ይብሉኒ ይኾኑ? ደስ ዘይብሎም ከይዛረብ ኣብ ዘይተደልየ ባእሲ ከይኣቱ፡ እናበልኩ ኩሉ ከምዝተሰማማዕኩሉ ሰቕ ኢለ ይሓልፎ። ኣብ ገለ እዋን ዘምጽኦ ሓሳባት ቅጭ ዘምጽእ እንከሎ፡ ኣነ ኣንጻሮም ከዛረብ ስለዘይክእል፡ ንሶም ጽቡቕ ዝዛረቡ ዘለዉ ይመስሎም። ኩሉ ግዜ "ምስኪን" እንድያ "ንዝኾነ ሕራይ ክትብል እያ" ኢሎም ከይሓተቱኒ ዝኾነ ነገር ይገብሩ። እቲ ዘሕርቐኒ፡ ኣነ ስለዘይዛረብ ንሶም ስለዝዛረቡ ከምዘይፈልጥን ንሳቶም ካባይ ንላዕሊ ኣፍልጦ ከምዘለዎምን ኮይኖም ክዋረዘዩ ከለዉ እዩ። ቀደም ብዙሕ ኣየሕርቐንን ኔሩ። ሕጂ ሕጂ ግን ከሕርቐኒ ጀሚሩ። ስለዚ ከመይ ገይረ ከይተባኣስኩ ሓሳባተይን ስምዒተይን ክገልጽ እኽእል?***

***ሜሮን ኣለም***

ዝኸበርኪ ሜሮን፡ ስምኪ ናይ ጓልን ወዲን ስለዝኾነ ቁሩብ ኣሸጋሪ እዩ። እንተኾነ፡ ገለገለ ቃላትኪ ደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ ንጥቀመሉ ስለዝኾነ ብግምት ብጓል እናሰሙኹኺ ክኸይድ እየ። ኣብ ቋንቋ እምበር ኣብ ትሕዝቶ ጓል ኩኒ ወዲ ዝፍለ የብሉን። ሕራይ ናብቲ ጉዳይ ንእቶ። ከምዚ ናትኪ ባህሪ ዘለዎም ብዙሓት እዮም። ዝበዝሑ ግን ኣብ መሓዙቶምን ቀረብቶምን ደሓን ዝኾነ ትብዓት ሃልዮዎም ምስ ዘይፈልጥዎም ሰባት ምዝርራብ ዝጽግሞም እዮም። ብሓፈሽኡ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለና ርክብ ክኸብድን ክቕልልን ኣብ ናይ ውልቅና ባህርን ተኣማንነትን ይምርኮስ። ብእነርእዮ ምስልን ምንቅስቓሳትን ሰባት ኣባና ዝህልዎም ኣረኣእያ ወይ ኣተሓሳስባ ክጽሎ ይኽእል። ስለዚ እቲ "ምስኪን እያ" ዝብል ስም ዘጠመቑኺ ምናልባት ካብቲ ንነዊሕ ግዜ ከተርእይዮም ዝጸናሕኪ ባህርያት ዝነቐለ ክኸውን ይኽእል። ብተደጋጋሚ ሓሳባትክን ስምዒታትክን ዘይትገልጺ እንተኾይንኪ "ዝተፈልየ ሓሳባት የብላን" ናብ ዝብል መደምደምታ ኣብጺሒዎም ይኸውን።

ስለዚ ኣረኣእያ ሰባት ኣብ ልዕለና ክንቅይር ምስ እንደሊ፡ ሓደ እቲ ንሕና እንደልዮን ሰባት ክርእዩልና እንደልዮን ባህሪ ኣለና ድዩ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ዓይነት ባህሪ ዘይብልና ሰባት ግን ብኸምኡ ክፈልጡና ንደሊ እንተድኣሂሊና ምስሉይነት ከነጥሪ ኢና። ካብዚ ንምድሓን ግን በዚ ናትኪ ደሊኸዮ ዘለኺ ክንመጽእ። ሓሳባትክን ስምዒታትክን ንኻልኦት ክትገልጺ እንድዩ ዘድሊ ዘሎ። ሓሳባትኪ ናይ ምጥርናፍ፡ ብልዙብ ኣገባብ ምዝርራብ፡ ነቐፌታን ርእቶታትን ሰባት ምቕባልን ካልእ ጥበባትን ምውናን የድልየኪ። ብተወሳኺ ሃብታም ትሕዝቶ ዘለዎ ሓሳባት ምስ እትውንኒ፡ መሓዙትኪ ይኹኑ ካልኦት ክውከሱኽን ክኣምኑልኪን እዮም። ሓሳባትኪ ስለምግላጽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ተፈጢሩ ዝርከብ ዓንኬል ጸላዊት ትኾኒ እሞ፡ "ምስኪን" እያ ተሪፉ "ሓያል" ወይ "በላሕ" ዝብል ቅጽል መስመይኺ ይኸውን።

ሓሳባትና ብፍላይ ስምዒታትና ኣብ እንገልጸሉ እዋናት እቲ ምስ መግለጺታትና ተሓዊሱ ዝወጽእ ውሽጣዊ ስምዒት ምቁጽጻር ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ዘይንሰማማዕሉ፡ ዘይንፈትዎ ወይ ዘሕርቐና ባህርይ ወይ ጉዳይ ከምዘይንሰማምዓሉ ክንሕብር ኣለና፡ ግን ክንሓርቕን ክንጉራፈጥን ዘድሊ ኣይኮነን። ስምዒታትና ብልዙብ ኣገባብ ምግላጽ እምበር ብተግባራት ከነርእዮም እንተፈቲንና ኣዝዩ ኣጸጋሚ ክኸውን እዩ። ስለዚ ንስኺ እውን ኣብዚ እትገብርዮ ናይ ባህሪ ለውጥታት ደስ ዘይብለኪ ተርእዮታት ክጓንፈኪ ምኺኑ ከም ርጉጽ ወሲድኪ ናይ ምግላጽ ኣገባባትኪ እንተ ኣሐይልኪ እቲ ዘድልየኪ ባህሪ ወናኒቱ ክትኮኒ

ኢኺ።

## ኣብ ሓደ ነገር ኣተኩረ ክሓስብን ክሰርሕን የጸግመኒ!

***ኣብ ሓደ ነገር ኣተኩረ ክሓስብን ክሰርሕን ኣዝዩ የጸግመኒ። ብሓሳብ ናብ ዘየለ ቦታ እኸይድ። ተማሃሪት ኮለጅ ብምዃነይ በዚ ጸገም'ዚ ኣብ መጽናዕቲ ይሸገር። ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ኣብ ሓደ ገጽ ብዙሕ ግዜ ይወስድ ወይ እናንበብክዎ ኣይርደኣንን። ተመሊሰ ብሓይሊ እናቃለብኩ ክንብብ እብል እሞ፡ መሊሰ ብሓሳብ ይጠፍእ። ብኣትክሮ ስለዘየንብብ እየ መስለኒ ይርስዕ። ብምሉእ ኣድህቦ ክሰርሕ እንታይ ተገበርኩ ይሕሸኒ?***

*ሳሮን*

ዝኸበርኪ ሳሮን፡ ኣተኩሮ ብፍላይ ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ኣመና ኣገዳሲ እዩ። ኣተኩሮ ዘይሃብናዮ መጽናዕቲ ከምቲ ዝግባእ ኣብ ኣእምሮና ክሰረት ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ከመይ ጌርና ኢና ኣእምሮና ኣብቲ ከቃልብ ወይ ከድህብ ዝድለዮ ግዜ ክንጸምዶ ንኽእል፤ ኣእምሮና ካብ ኣተኩሮ ምሃብ ከሰናኽሎ ዝኽእል ብዙሕ እዩ። ናይ ደገ ረበሻን ናይ ውሽጢ ረብሻታትን ክንብሎ ንኽእል። ናይ ደገ ጸለውቲ ነገራት ንምርኣዮምን ንምክልኻሎምን ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ንኣብነት ናይ ሰባት ዘረባን ህላውነትን ዝርብሸና ወይ ምንቅስቓሳቶምን ዕላሎምን ኣእምሮና ዝሰልበና እንተኾይኑ፡ ኣብ ሰብ ዘይብሉ ቦታ ኮይንና ከነጽንዕ ንኽእል። ግድን ካብ ሰባት ተኣሊና ክንከይድ እንተዘይክኢልና ንኣብነት ኣብ መደቀሲ (ዶርም) እንተሃሊና፡ ነተን ሰባት ውጻ ክንብለን ኣይንኽእልን ንኸውን። ስለዚ ከም ኣማራጺ ear-phone ኣእቲና ልስሉስ ሙዚቃ እናሰማዕና ነቲ ናይ ደገ ድምጺ ከነዐግሶ ንኽእል። ምንቅስቓስን ከይርብሸና ከኣ ናብቲ ምንቅስቓስን ዘይንርእየሉ ከም መንደቕ ገጽና እናጠመትና ከነጽንዕ ንኽእል።

እቲ ኣዝዩ ከሸግረና ዝኽእል ናይ ውሽጥና ድምጺ ወይ ረብሻታት እዩ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝብገሱ ሓሳባት፡ ፍርሒ፡ ሻቕሎት፡ ሕርቃን፡ ዋላ'ውን ፍቕራዊ ሓሳባት ኣድህቦና ይስርቁ ስለዝኾኑ፡ ነቲ ኣብ ቅድመና ዘሎ ወይ ክንሰርሖ ንደሊ ምሉእ ኣድህቦ ከምዘይንህቦ ይገብሩና እዮም። ነዚ ከመይ ጌርና ንቆጻጸሮ ገለገለ ሓሳባት ከካፍለኪ፦

- ኣእምሮኺ ናትኪ ስለዝኾነ፡ ዝደለኽዮ ዝእዘዝን ዝገብርን ምዃኑ ምእማን (እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ነቲ ኣእምሮኺ ካብ ዓቕምኺ ንላዕሊ ኮይኑ ዝስመዓኪ ዘሎ ስምዒት ኣብ ምውጋድ ሓይሊ ክኾነኪ እዩ)
- ኣብቲ ብኣድህቦ ክትሰርሕሉ ዘይከኣልኪ ኣጋጣሚ፡ ኩሉ ንጥፈትኪ ደው ኣቢልኪ፡ ኣድህቦኺ ዝሰርቕ ዘሎ ነገር እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሊ። እቲ ጠንቂ ምስ ኣለለኺ ንኣእምሮኺ መልሲ ሃብዮ (ንኣብነት ኣብ ናይ ፈተና መጽናዕቲኺ፡ ብዛዕባ ምሸት ዘለኪ ቆጸራ ትጭነቒ እንተሃሊኺ ነቲ ቆጸራ ንግዚኡ ናብ ካልእ መዓልቲ ኣሰጋግርዮ፡ ምኽንያቱ ኣእምሮኺ ብክልተ ዓበይቲ ሓሳባት ናይ ፈተናን ቆጸራን እንተተረቢሹ እቲ እትደልይዮ ዓቐን ኣድህቦ ክህበኪ ኣይክእልን እዩ)
- ብውጥን ምጉዓዝ። ኣእምሮና ኣዝዩ በሊሕን ዝኣዘዝካዮ ናይ ምግባር ብቕዓት ዘለዎን እዩ። ስራሕና እንተሂብናዮ ከኣ ዝያዳ ቅልጡፍን ንጹርን ርድኢት ይህበና- ብፍላይ ውጥን ግዜ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምቲ ንጥዕናና ዝተመጣጠነ መግቢ ዘድልዮ ንኣእምሮና ከኣ ዝተመጣጠነ ሓሳባትን ስራሕን ምሃቡ ኣገዳሲ እዩ።
- ሓገዝቲ ንጥፈታት ምዝውታር። ኣብ ግዜ ተጽንዕሉ ነቶም ዘለውኺ ህዋሳት ከተሳትፍዮም እንተኺኢልኪ ዝበለጸን ንምዝካር ዝሕግዝን እዩ። ከም ኖት ምውሳድ፡ ዓው ኢልካ ምንባብ፡ ብድምጺ ዝተመልአ ኣስተምህሮታት ምስማዕ፡ ኣብ ጥራዝ ወይ እተንብቦ ዘለኻ ጽሑፍ ብርሳስ መሳሊ ምስማርን ካልእን ንናይ ስምዒት ህዋሳት ስለዘሳትፎም ኣድህቦኺ ኣብ ምግዛእ ሓጋዚ እዩ።
- ቅድመ ምድላው። እዚ ቀንዲ ኣገዳሲ እዩ። ከምቲ ንርሑቕ መገሻ ዘድልየና ምድላዋት ንገብር፡ ኣእምሮና'ውን እቲ ንደልዮ ኣድህቦ ክህበና ከነዳልዎ ይግባእ። ውሽጣዊን ደጋውን ምድላው ኣእምሮና ንስራሕ ድሉው ኮይኑ ክቐርብ ይሕግዞ እዩ።
- ብተወሳኺ ኣብ ብዙሕ መጻሓፍቲን መራኸቢ ብዙሃንን ዝተፈላለዩ መምሃሪ ጽሑፋት ክትረኽቢ ስለትኽእሊ ንዝደለኽዮ ሓበሬታት መወከሲታት ክትፍትሺ የማኽረኪ። ንግዚኡ ግን እዞም ዝሃብኩኺ መበገሲ ክኾኑኺ ይምነ።



# ሓዳር ብቓል ኪዳን

**ዮሴፍ ሃይለማርያም**



ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ብፍላይ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ምምርዓው ወይ ሓዳር ምግባር ከም ፋሽኑ ዝወደቐ ተርእዮ'ዩ ዝቑጸር ዘሎ። እቲ ኣሻቓሊ ጎድኑ ድማ ተካእቲ ወለዶ ዝኾኑ መንእሰያት ንሓዳር ከም ሓደ ድሑር ልምዲ እናረኣዩ ከይተመርዓዉ ክነብሩ ይመርጹ ምህላዎም'ዩ። እንተኾነ፡ ብኣንጻር'ዚ ኩሉ ብድሆታት፡ እተን ኣብ ጉዳይ ሓዳር ጌና ባህላዊ ጠመተ ወይ ኣረኣእያ ዘለወን ሃገራት፡ ስድራቤት ኣብ ሂወት ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣገዳሲትን መሰረታዊትን ምኳና ኣሚነን፡ ዜጋታተን ኣብ መርዓ ወይ ሓዳር እወታዊ ኣተሓሳስባ ክህልዎም ይጉስጉሳን የተባብዓን ኣለዋ። ነዚ ዝዘንግዓ ገለ ሃገራት ድማ፡ ሎሚ ዜጋታተን ኣብ ዘይተደልየ ናይ መንነት ቅልውላው ኣትዮም መጻኢኦም ኣብ ዘይፈልጥሉ መድረኽ ይርከቡ ኣለዉ።

ምምርዓው እወታዊን ኣሉታዊን ሳዕቤን ክህልዎ ንቡር'ዩ። እቲ ሕብረት ናይ ሓዳር ሓጎስ ዝመልኦ እንተደኣ ኰይኑ፡ መጻምዲ ኣብ ሂወቶም ፋይናንሲያዊ ረብሓታት፡ ሓድሕዳዊ ደገፋትን ወይ ሓገዛትን ጽቡቕን ዝተማልአን ጥዕናን ከስተማቕሩ ይኽእሉ። ተመራመርቲ ስነ-ሱብ ከም ዘረጋገጽዎ፡ እቶም ብቓል ኪዳን ክምርዓዉ ዝመርጹ ሰባት ካብቶም ብቓል ኪዳን ዘይተመርዓዉ ወይ ኣብኡ ከለዉ ዝተጠራነፉ ሰባት፡ ኣብ ዝምድናኦም ዝያዳ ሕጉሳት ምዃኖም ይገልጹ። ልዕሊ'ዚ ድማ፡ እቶም ብቓል ኪዳን ካብ ዝተመርዓዉ መጻምዲ ዝተወልዱ ቈልዑ ካብቶም ብኸምኡ ዘይተመርዓዉ መጻምዲ ዝተወልዱ ዝያዳ ሕጉሳትን ብስነ-ልቦናዊ መዳይ ጥዑያትን ምዃኖም ይገልጹ። እዚ ከኣ፡ ብስሩዕ ምምርዓው ወይ ሓዳር ምግባር (ቃል ኪዳን ምፍጻም)፡ ኣብ ሂወትን መነባብሮን መጻምዲን ደቆምን ሓያል እወታዊ ጽልዋ ዘለዎ ምዃኑ የረድኣና።

ምምርዓው ወይ ብቓል ኪዳን ሓዳር ምግባር፡ ሓደ ካብቲ ንወለዶታት እናተወራረሰ ዝመጸ እምነ-ኩርናዕ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ኣየካትዓናን'ዩ። ስለዚ፡ ብዝግባእ ክስዓብን ካብ ኣሉታዊ ጽልዋ ዓውለማ ብንቕሓት ክዕቀብን ይግባእ። ብፍላይ መንእሰያት፡ ከም ሃገርን ሕብረተሰብን ቀጻልነትና ከነውሕስ እንተደኣ ኰይንና፡ መርዓ ብቓል ኪዳን ፋሽኑ ከምዝወደቐ ባህሊ ክንጥምቶ ዘይኰነስ፡ ቀጻልነት ወለዶና ንምውሓስ ብሓላፍነት ክንስዕቦን ክንጣበቐሉን ዘለና እዩ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ምስ'ዞም ዝስዕቡ ዓሰርተ ነጥቢታት ትሰማምዑ እንተደኣ ኰይንኩም፡ ነዛ ትስዕብ ዓንቀጽ ኣንብብዋ። ብቓል ኪዳን ሓዳር ምግባር ዘለዎ ረብሓ ብግቡእ ክትርድኡን ተረባሕቲ ክትኰኑን ክትሕግዘኩም'ያ፡-

- ***ነዊሕ ዕምሪ ክህልወካ፡-*** ቀጻሪ ናይ ዝሞቱ መጻምዲ፡ ኣብ'ቶም ብቓል ኪዳን ዘይተመርዓዉ መጻምዲ ብኽልተ ዕጽፊ ዝለዓለ ምዃኑ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ኣሎ። ብንቡር ዝተመርዓዉ ሰባት ብዝበለጸ'ዮም ንሓድሕዶም ዝከናኸኑን ዝተሓጋገዙን፣ ኣብ ዝደልዩሉ እዋን ድማ ብዘይ ሕብእብእ ይደጋገፉ። ኣብ ልዕሊ መጻምዶምን ደቆምን ሓላፍነት ዝስምዖም ሰባት ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሶምውን ክንክን ከምዝገብሩ ይሕበር። እዚ ማለት፡ ካልእ ሰብ ከም ዝደልዮም/ዘፍቅሮም ስለዝርድኡ፡ ርእሰ ክንክን ይገብሩ። ስለዚ፡ ኣብ ሓዳሩ ነዊሕ ዕድመ ክነብር ዝደሊ ሰብ፡ ብቓል ኪዳን ክምርዖዩ ዘለዎ።

- ***ክንክን ገዛእ ርእስኻ ክተዘውትር፡-*** ስታስቲካዊ ጸብጻባት ብቓል ኪዳን ዝተመርዓዉ ሰብኣይን ሰበይቲን፡ ዝያዳ ዝተማልአ ጥዕና ከምዘለዎም የመልክቱ። እዞም ሰባት ወይ ሰብ ሓዳር፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘፍቅርዎ መጻምዶም ሓላፍነት ስለዝምዖም፡ ኣብ ገዛእ ርእሶም ልዑል ክንክንን ቆላሕታን'ዮም ዝገብሩ። ኣብ ክንዲ ርእሶም ዘውድቑ፡ ኣመት ገዛእ ርእሶም ይገብሩ ማለት'ዩ። በዚ ድማ፡ ካብ ሕማቕ ልምዲታት ይርሕቁ ወይ ዝነበሮም ልምዲታት የቋርጹ።

ዝተማልአ ጥዕና ስለዝህልዎም ከኣ ዕድመኦም ይነውሕ። ሓድሕዳዊ ምርድዳእን ክንክንን ኣብ ዘይብሉ ናይ ሓዳር ሂወት ምንባር፡ ኣዝዩ ኣዕናዊን ከፉኡን ምኳኑ ርዱእ'ዩ። ኣብ ከምዚ፡ ዕምሪ ሂወት ክትሓጽርን ኩነታት ጥዕና ክብእስን ግድን'ዩ። ስለዚ፡ ንስለ መርዓ ወይ ባህላዊ ግዴታ ዘይኮናን ብቓል ኪዳን ክንምርዖ ዘለና፡ ኣብ ማእከል ሕብረተሰብና ማማሚቕና ሕጉስ ናብራን ሂወትን ከነሕልፍ፡ መጻምድና ከነፍቅርን ንባዕልናውን ብመጻምድና ክንፍቀርን ኢና ክንምርዖ ዘለና።

◆ ***ትሑት ተኽእሎ ብጾታዊ ርኽብ ዝመሓላለፉ ሕማማት፡-*** ብቓል ኪዳን ዝተመርዓዉ ሰባት ልዕሊ'ቶም ኣብኡ እንከለዉ ዝተጠራነፉ ሰባት፡ ስሩዕን ቀዋሚን ዝኾነ ጾታዊ ሂወት'ዮም ዘሕልፉን ዘስተማቕሩን። ካብ ሓዳሮም ወጻኢ ንጾታዊ ርኽብ ዘድልዮም ሰብ ካብ ምቁማት ይድሕኑ። በዚ ድማ፡ ብጾታዊ ርኽብ ብዝመሓላለፉ ሕማማት ክጥቅዑ ተኽእሎ የብሎምን። ንሓድሕዶም ዝፋቐሩን እሙናት ኮይኖም ዝነብሩን መጻምዲ፡ ግዳይ ብጾታዊ ርኽብ ዝመሓለልፉ ሕማማት ክኾኑ ኣይክእሉን'ዮም። መጻምዶም ዘየኽብሩን ኣብ ልዕሊ መጻምዶም ዝዘሩን ግና፡ ግዳይ ናይ'ዞም ሕማማት ክኾኑ ዝለዓለ ዕድል ኣለዎም። ስለዚ፡ ንባህልን ስነ-ስርዓትን ዘኽብር ኣገባብ ተኸቲልና ብቓል ኪዳን ንመርዖ።

◆ ***ዝበለጸ ጥዕና ክህልወካ፡-*** ብቓል ኪዳን ምምርዓው ክልተኦም መጻምዲ ጽቡቕ ጾታዊ ሂወትን ዝበለጸ ጥዕናን ክህልዎም ይሕግዞም። ጽቡቕ ጾታዊ ሂወት ምህላው ከኣ፡ ኣብ'ቶም መጻምዲ ምሉእ ስምዒታዊ ዕግበትን ሓጎስን ከምዘስተማቕሩ ይገብሮም። እዚ ድማ፡ ንጥኑተ-ህላወ (ሙድ) ብእወታ ስለዝጸልዎ፡ ካብ ኣካላዊ ጥዕና ሓሊፉ ዝተማልአ ጥዕና ኣእምሮ ክህልዎም ይሕግዞም። ንኣብነት፡ ንብይኖም ዝነብሩ ሰባት፡ ዕግበት ብዘይብሉ ጾታዊ ስምዒት ከምዝሳቐዩን ዝበዝሕ ግዜ ግዳይ ቅዛነት ከምኾኑን ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ኣሎ።

◆ ***ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ክፍትሑልካ፡-*** ብቓል ኪዳን ምምርዓው ንደቀንስትዮ ጥራይ ኣይኮነን፡ ጥዕናዊ ረብሓታት ከስተማቕራ ዕድል ዝፈጥር። ደቂ-ተባዕትዮ'ውን ኣእምሮኣዊን ስምዒታዊን ጥዕና ክህልዎም ይሕግዞም'ዩ። ምኽንያቱ፡ ቤታ በዓልቲ ኪዳኖም ክንክን ስለዝገብረሎም፡ ተፈቀርቲን ተደላይቲን'ውን ኮይኖ ስለዝምዕም፡ ጥዕናዊ ረብሓ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ ጥዕና ስርዓተ-ልቢ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ልዑል ጥዕናዊ ረብሓ ከምዘለዎ ተመራመርቲ ይሕብሩ። እዚ ማለት፡ ንሕማም ወቕዒ ርእሲን ሕማም መጥቃዕቲ ልቢን ካልኦት ሕማማትን ኪቃልዑ ዘለዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ዝወሓደ ይኸውን።

◆ ***ዝበለጸ ፋይናንሲያዊ ደረጃ ክህልወካ፡***
– መጻምዲ ኣብ ሓዳሮም ካብ'ቲ ንበይኑ ዝነብር ሰብ ንላዕሊ ገንዘብ ከምዘጥፍኡ ርዱእ ነገር'ዩ። እንተኾነ፡ መጻምዲ ዝሓሸ መጠን ገንዘብ ክህልዎምን ናይ ምግዛእ ሓይሎም ክዛይድን ስለዝኽእል፡ ምስ ግዜ ፋይናንሲያዊ ኩነታቶም ይመሓይሽ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ምርዑዋት ሰባት፡ ንሓዳሮምን ደቆምን ዝኸውን ገንዘብ ክቕርቡ ስለዘለዎም፡ ብዙሕ ገንዘብ ዘእትዉሉ ስራሕ ክሰርሑ ወይ ዝሓሸ ክፍሊት ዘለዎ ዕድል ክረኽቡ'ዮም ዝጽዕሩ። ንበይኑ ዝነብር ሰብ ግና፡ ነዛ ሂወቱ ብውሑድ መጠን ገንዘብ ክነብር ስለዝኽእል፡ ከምኡ ኢሉ'ውን ስለዝሓስብ፡ ክሰርሕ ኣይተባባዕን'ዩ። ብዙሕ ገንዘብ'ውን ኣየእቱን'ዩ። ካብ ሓደ ክልተ ምኻን ይሕይሽ ስለዝበሃል፡ መጻምዲ ሰብ ኪዳን ምስ ግዜ እቶቶም ስለዝብርኽት፡ ቁጠባዊ ዓቕሞም ይዓቢ'ዩ።

◆ ***ሕማቕ ልምዲታት ክትቅንስ፡-*** መጽናዕቲታት ከምዘመልክትዎ፡ ምርዑዋት ሰብ ኪዳን፡ ካብ ሕማቕ ወልፈታቶም ወይ ልምዲታቶም ብዝቐልጠፈ ክናገፉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ መስርዖማ ዘለዉ ስድራቤት ወይ ኣብ ልዕሊ መጻምዶም ሓላፍነት ስለዝምዕም ኮይኑ፡ መስተ ኣይሰትዩን፡ ሓሽሽን ካልእ ወልፈታትን'ውን ኣየዘውትሩን። ገለ ድማ ብበዓልቲ ቤቶምን ደቆምን ተተባቢዖም ሽጋራ ምስታይ የቋርጽዎ። ዘይምርዑዋት ሰባት ግና፡ ወልፈታቶም ንምግዳፍ ዝገብሩዎ ውሉቃዊ ጻዕሪ ኣዝዩ ስለዝኸብዶም፡ ከቋርጽዎ ይኸብዶም።

◆ ***ደቅኻ ክትከታተል ይቕለካ፡-*** ኣብ ናብራ፡ ባይንኻ ምስ ዘይትኸውን ሂወት ዝቐለለት'ያ ትኸውነካ። ብፍላይ ኣብ መዳይ ምዕባይ ቈልዑ፡ ባይንኻ ዘይምኳን ንናብራ መቕረት ክህልዎ ይሕግዝ። ኣብ ምዕባይ ደቆም ሓላላፍነቶም ወሲዶም ዝነጥፉ ሰብ ኪዳን፡ ጽቡቕ ኣብነት'ዮም ዝኾኑ። ደቆም'ውን፡ ኣብ መንጎ ስድራቤት ኑቲ ሓቀኛ ዝምድና እንታይ ከምዝመስል ንኽርድኡ ይሕግዞም። እዚ ድማ፡ ኣብ ናይ መጻኢ ስድራቤታዊ ሂወቶም ሕጉስ ባህሪያት ክሕዙ ይገብሮም። ተካእቶም ቈልዑ'ውን የዕብዩ።

◆ ***ትርጉም ዘለዎ ሂወት ክነብር፡-*** ብቓል ኪዳን ሓዳር ዝመስረቱ መጻምዲ ዝሓሸ ትሕዝቶ ገንዘብ ከእትዉ ዕድል ስለዝለዎም፡ ሓደ ልቢ ኮይኖም ኩነታት መነባብሮኦም ከመሓይሹ፡ ኣብ ዝሓሸን ዝማዕበለን ቦታ ድማ ዝበለጸ ገዛ ወይ መንበሪ ክፍሊ ክዕድጉን ናይ ሓባር ንግዳዊ ንጥፈታት ክመርሑን ይኽእሉ። ሓይሊ ቍጠባ ስለዘለዎም፡ ካብን ናብን ቦታታት ክጉዓዙ ወይ ክንቀሳቐሱ'ውን ዕድል ይህልዎም። ልዕሊ ኹሉ ከኣ ንደቆም ዝበለጸ መጉብን ትምህርቲን ክቕርቡሎም ይኽእሉ። እዚ ኹሉ ተደማሚሩ፡ ኣብ ሂወቶም ትርጉም ወይ መቕረት ዘለዎ ሓዳር ወይ መነባብሮ ክነብሩ የኽእሎም።

◆ ***ፍቕሪ ዝመልአ ሂወት ክትነብር፡-*** ብቓል ኪዳን ሓዳር ምግባር፡ ንስለ መጻምድኻ ተወፋይነት ክህልወካ ይሕግዘካ። ዝፈትወካን ዝከናኸነካን ሰብ ምህላው ድማ፡ የውህበካ'ዩ። እዚ ዘለኣለማዊ ክብረት'ዩ። ብሰባት'ውን ብዘይ መጠን ተቐባልነትን ኣድናቖትን ዘለዎ'ዩ። ኩሉ ሰብ፡ ምሉእ ሂወቱ ብፍቕርን ስኒትን ዝነብረሉ መጻምዲ ክረብክብ'ዩ ሃንቀው ዝብል። መርዓ ብቓል ኪዳን ድማ፡ ነዚ ድሌት'ዚ ከጨብጥ ዝኽእል እንኮ መገዲ ምኳኑ ክኢላታት ማሕበራዊ ሂወት ይመኽሩ።

# ደቀንስትዮ ዓለም

## ኣህጉራዊ ኣቓልቦ ዝሰሓባ ሃበርም ኣሓት

ተስፋኣለም የማነ



ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ፍሉይ ታሪኽ ክስንዳ ዝኽኣላ ፓኪስታናውያን ኣሓት እየን። መርየምን ኤሩምን ይበሃላ። ምዕባይን ምንኣስን እየን። መርየም ነፋሪት ከተብርር ዝኽእላ ፍቓድ ሒዛ ንኣህጉራዊ መገዲ-ኣየር ፓኪስታን (PIA) ቀዲማ ተጸንቢራቶ። እታ ምንኣሳ ኤሩም ከኣ ተመሳሳሊ ፍቓድ ሒዛ ኣብቲ ትካል ድሒራ ተቖጺራ። ብ31 ነሓሰ 2016፡ ክልተአን ኣሓት ንፈለማ ግዜ ነፍሲ-ወከፈን ክሳብ 396 ገያሾ ዘሳፈራ 'ቦይንግ-777' ዝዓይነተን ክልተ ዓበይቲ ነፈርቲ ኣመራሪሐን ካብ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ላሆር ምስ ኣብረራ፡ ኩለን ማዕከናት ዜና ፓኪስታን ደጋጊመን ክውድሳአን ቀነያ።

ወሃቢ ቃል ናይቲ መገዲ-ኣየር ድማ ናብ መሳኹቲ ቴለቪዥን'ታ ሃገር ቀሪቡ ከምዚ በለ፡-

"ክልተኣን ኣሓት ታሪኽ'የን ሰሪሐን። ከመይሲ፡ ዓይነተን ሓደ፡ ክብደተን ከኣ ማዕረ ዝኾና ናይ መጓዓዝያ ነፈርቲ መሪሐን ብሓደ መዓልቲ ተመራሪሐን ዝበረራ ኣሓት ፓይሎት ሰሚዕናን ርኢናን ስለ ዘይንፈልጥ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ታሪኽ ናይዚ ሃገርና እትርከበሉን ብዓቃባውያን ህዝብታት ዝልለን ዞባና - ዞባ ደቡባዊ ኤስያ።"

እዘን ደቂ መስዑድ ዝበሃላ ኣሓት፡ ካብቲ ዕለት'ቲ ኣትሒዘን ነናተን ነፈርቲ ብምሓዝ፡ ካብ ላሁር ናብ ካራቺ፡ ካብ ላሁር ናብ ማንቸስተር፡ ኒውዮርክን ካልኦት ከተማታትን ስሩዕ በረራታት ኣብ ምክያድ ይርከባ።

ኣብ 2006 እውን፡ ብምብራር ነፈርቲ-ውግእ ዝሰልጠና ሸውዓተ ደቂ-ኣንስትዮ ነቲ ብደቂ-ተባዕትዮ ጥራይ ተባሒቱ ዝነበረ ሓይሊ-ኣየር ፓኪስታን ድሕሪ ምጽንባር፡ ኣብ ታሪኽ'ታ ሃገር ፍሉይ ተርእዮ ተባሂሉ ብማዕከናት ዜና ብዙሕ ተዘሪብሉ ነይሩ።

***

ጂጋዋ ኣብ ዝተባህለት ሰሜናዊት ክፍለ-ሃገር ናይጀርያ፡ ንኣልሓጂ ባደ ዝተባህለ ሰብኣይ ዘይፈልጥ የለን። "እዚ ምሩቕ ሰብኣይ!" እናበለ ኩሉ'ዩ ስሙ ዝጠቕሶ። ኣልሓጂ ባደ ስሙ ኣብ መላእ'ታ ክፍለ-ሃገር ንኽፍለጥ ዘኽኣሎ ግን ነገራዊ ወይ ገንዘባዊ ሃብቲ፡ ፍልጠት፡ ወይ'ውን ፍሉይ ክእለት ስለ ዝውንን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ መንፍዓት ናይ'ተን ኣርባዕተ ሃባርም ደቁ'ምበር!

ባደ፡ "ሰብ ጾታኡ ብዘየገድስ፡ ናይ ብሓቂ ሰብ ምኧኑ ከመስክር እንተ ኾይኑ ክመሃር ጥራይ'ዩ ዘለዎ፡" በሃላይ እዩ። ካብዚ እምነት'ዚ ተበጊሱ ድማ'ዩ ነተን "ኣቦ ኣዋልድ" እናተባህለ ብደቂ-ዓዱን ደቂ-ከባቢኡን ብዙሕ ግዜ ዝተኸሻመሸለን ደቁ ካብ ቁልዕነተን



ናብ መኣዲ ትምህርቲ ዝለኣኽን። ገና ኣብ ፍርቂ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኣን እንከለዋ፡ ከምተን ካልኦት መዘናታተን ንኽዝምዳሉ ካብ ብዙሓት ደለይተን ሕቶ መውስቦ ቀሪብሉ ነይሩ። ንሱ ግን፡ “ሓዳርሲ ናብ ዝኸደን የብሉን፡ ትምህርቲ ግና . . .” ብምባል ይቕበሎ ኣይነበረን። ደቁ’ውን ኣይሓመቓን ኣርባዕቲኣን ማለት፡ ሓዋ፡ ሓጂር፡ ፋጥማን ሳዕድያን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍሊ ብልጫ እናዓተራ ብምሉእ ነጥቢ ናብ ኮለጅ ጥዕና ኣተዋ። ኣብቲ ኮለጅ ንልዕሊ 8 ዓመት ሕክምና ድሕሪ ምጽናዕ ከኣ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ኩለን ብመዓርግ ዶክተረይት ተመረቓ። 31 ሓምለ 2016፡ ኣርባዕተኣን ዶካትር ብሓንሳብ ስነ-ስርዓት መርዓ ምስ ፈጸማ ድማ፡ ማዕከናት ዜናን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ናይጀርያን ጐረባብታን ነቲ ፍጻመ ከም ሓደ ብርቂ ተርእዮ ጠሚተን ፍሉይ ሽፈነ ክህባኦ ተራእያ።

***

ንደቀንስትዮ ዝጸቅጥን ዘቈናጽብን ባህሊ ዝመለለይኡ ኣባታዊ ሕብረተ-ሰብ እትውንን ናይጀርያ፡ ኣብ 2016 ንሓያለ ደቀንስትዮ ዓለምና ዘሾርዐ ካልእ ፍጻመ’ውን ሰኒዳ እያ። እቲ ዛንታ ከምዚ ዝስዕብ’ዩ፡-

ኣብ ከተማ ኡሽንን ናይ ክፍለ-ሃገር በኑይ (ናይጀርያ) ተወሊዱ ዝዓበየ ዶክተር ኡጃ ቶር ኡጃ፡ ቅድሚ 36 ዓመት ምስ ወይዘሮ በሪ ቃል-ኪዳን ምስ ኣሰረ፡ ኣብቲ ዝነብረሉ ሕብረተ-ሰብ ዝያዳ ክብርን ተቐባልነትን መታን ክረክብ፡ በዓልቲ-ቤቱ ኣወዳት ኣብ ርእሲ-ርእሲ እናወለደት ተር ከተብለሉ’ዩ ዝብህግን ዝጽልን ነይሩ። ግና ቅድሚ ዝኣገረ ዉላድ ደንጐዮ’ሞ፡ ባህጉን ጸሎቱን ከይሰመረሉ ከይተርፍ ብምስጋእ ምሒር ክሻቐል ጀመረ። ግዜ እናነውሐ ሻቕሎቱ ድማ ምስኡ እናዛየደ ምስ ከደ፡ “ብዘይ ውላድ ካብ ተረፍናስ ንጽድቂ ዝኾነና ዓስቢ ተረኺብናሉ ንፈጣሪና ነገልግል፡” ክትብል በዓልቲ-ቤቱ ኣብ ኣእምሮኡ ዘይነበረ ሓሳብ ኣቕረበትሉ። መኻናት ብምዃኖም፡ ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ ኪጋጥሞም ካብ ዝኽእል ጸቕጢን ተነጽሎን ንምህዳም ኢላ’ያ ከምኡ ኢላቶ። በዚ ተሰማሚዖም ድማ ክልተኦም መጻምድቲ ናብ ቤት-መቕደስ ክመላለሱን መራሕቲ ናይቲ ቤት-መቕደስ ዝህቡዎም ትእዛዛት ክፍጽሙን ጀመሩ።

“ከደምቲ ናይ ቤት-መቕደስ” እናተባህሉ ንገለ ዓመታት ምስ ቀጸሉ ግን፡ ዘርኢ ዶክተር ኡጃ ከይቅበል ኣቕቢጹ ዝነበረ ማህጸን ወይዘሮ በሪ ብወዝቢ ተኸፍተ’ሞ፡ ኣከታቲሎም ሓሙሽተ ምጩዋት ኣዋልድ ወለዱ። እንተኾነ ሕጂ’ውን ውላድ ብምውላዶም፡ ኣብ ሕብረተ-ሰቦም ክረኽቡዎ ዝግባኦም ክብሪ ኣይረኸቡዎን። ናይጀርያ፡ ካብ ሓንቲ ማህጸን ዝወጹ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ዝተጋነነ ፍልልያት ብዘለዎ ድርብ መዐየሪ ዝልክዑላ መዳለዊት ሃገር ብምዃና፡ እዞም መጻምድቲ ኣዋልድ ጥራይ ብምውላዶም ማሕበራዊ ናብራኦምን ዝምድናታቶምን ክቕድዎም ከም ዘይክእል ኣይሰሓቱዎን።



ዓለንስተይቲ ተማሂራ ብሞያኣ ንሕብረተ-ሰባ ክተገልግል እንተ ጀሚራ፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ልዕሊኣ ዝጸንሖ ዘይቅኑዕ ኣመለኻኽታ ከስተኻኽል ይኽእል’ዩ ዝብል እምነት ስለ ዝነበሮም ግን፡ ንደቆም ብትምህርቲ ኣብ ዝብጸሕ ከብጽሑወን ወሰኑ። ናይጀርያ፡ ሃብታም ብገንዘቡ ትምህርቲ ዝጻግበሉ፡ ድኻ ግን ብሰንኪ ድኽነቱ ንመኣዲ ትምህርቲ እናኣምበሃቖ ዘማዕድወሉ ፖሊሲ ትምህርቲ እትኽተል ሃገር እያ። እንተኾነ፡ ዶክተር ኡጃ ደሓን ዝኾነ እቶት ስለ ዝነበሮ፡ ዘይተኣደነ ወጻኢታት እናገበረ ንሓሙሽተኣን ደቁ ከሳብ ደረጃ ዩኒቨርስቲ ኣምሃረን። ኣብ 2016 ሓሙሽተኣን ኣሓት ማለት፡ ንጐሞ፡ ዋንተር፡ ንጉተር፡ ንጉማን ኡሻኩማን ብዓውደ-ትምህርቲ ሕጊ ድሕሪ ምምራቕን ድማ፡ ኣብዚ እዋን ጠበቓታት ኰይነን ናብ ስራሕ ዓለም ብምውፋር፡ ነቲ ዘቈናጽበን ዝነበረ ሕበረተ-ሰብ ክልተ ግዜ ከም ዝዛረብ ጌረንኦ ኣለዋ።

“ደጊም ፈጣሪ ንሹሎም’ቶም’ዕድለኛ ኣይኮነን’ እናበሉ ዝንዕቁኒ ዝነበሩ ፈለጥተይ ኣፎም ስለ ዘትሓዘለይ፡ ሓጐሰይ ምቅጽጻሩ ኣጸጊሙኒ ኣሎ።” ዶክተር ኡጃ ኣብ ዕለተ መመረቕታኣን ዘስምዖ ቃል እዩ።

# “ቅድም ስራሕ - ደሓር መርዓ!!”

ተስፋይ ዑቕባይ

መብዛሕትኦን ደቀንስትዮ ዝበለጸ ስራሕ፡ ዝበለጸ ሰብኣይ ከምኡ’ውን ዝበለጸ ህይወት ክረኽባ ይብህጋ። እዚ ባህጊ’ዚ ብቐሊሉ ዝርከብ እኳ እንተዘይኮነ፡ ኣበርቲዐን እንተጸዒረን ንሰለስቲኦም ዓበይቲ ባህግታት ክረኽብኦም ይኽእላ እየን።

ኣብ’ዘን ዝሓለፋ ኣርብዓ ዓመታት ህይወት ደቀኣንስትዮ ዓለም፡ ርኡይ ለውጢ ኣመዝጊቡ ኣሎ። ኣደታትኪ ካብ እግሪ ተኸለን ኣትሒዘን ብኸመይ ንበዓል ቤተንን ደቀንን ከምዘኽብራ ጥራይ ተኾስኵሰን ይዓብያ ነይረን። ትምህርቲ ንደቀንስትዮ ከም ቀንዲ ጸላኢ ሓዳር (መርዓ) ይጽብጸብ ብምንባሩ፡ እንትርፎ ሒደት ወለዲ ንደቀንስትዮ ደቆም ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክቕጽላ ዝደልዩ ኣይነበሩን ክበሃል ይከኣል።

ኣብ መብዛሕትኡ ሕብረተሰብ ዓለምና፡ መርዓት ካብ መርዓዊ ብዕድመ ክትንእስ ኣለዋ ዝብል ርድኢት ኣሎ። ኣብ ገለ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ሽማግለታት ንደቂ ደቆም ዝኣኽላ ህጻናት ክምርዓዉ ይፍቀድ። ብፍላይ ኣብ ገለ ሃገራት ምእንቲ ርብሕ ዝበለ ገዝሚ ክረኽቡ ክብሉ ንኣዋልድ ደቆም ከም ኣቕሓ ብገንዘብ ይሸጥወን እዮም።

ወጽዓ ደቀንስትዮ ብባህልን ሃይማኖትን ተጎልቢቡ ስለዝካየድ፡ ንምፍትሑ ዝካየድ ጻዕሪ ዝተሓላለኸ ይገብሮ። ነተን ዓይነን ከንቕሓ ዝበቕዓ ደቀኣንስትዮ ብመርገምን ብጎነጽን ክድህልወን ይፍትኑ። “በዓልቲ ቤትካ ካብ ናትካ ዝበዝሐ ዶምዝ እንተለዋ ትንዕቀካ እያ” ዝብል ስዉር ጎስጓስ እውን የካይድሉ።

ምዕራባዊ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ደቀንስትዮ ኣዎንታዊ ግንዛበ ከጥርዩ ዝኸኣሉ፡ ካብ 1980ታት ጀሚሮም እዮም። ደቀንስትዮ ማዕረ ደቂተባዕትዮ ምዃነን ንኸረጋግጻ፡ ብኹለንትናአን ንዕዖም ክመስላ ጽዒረን። ቀሚሽ ኣውጺአን ጃኬትን ስረን ተዓጢቐን። ጸጕሪ ርእሰን ተቐምቂመን፡ ሳንጣ ተኾልኪለን ክምርሻ እንከለዋ ብርሑቕ ንዘስተውዓለለን ልክዕ ደቂተባዕትዮ ይመስላ ነበራ። ኣብ 1990’ታት ግና “ስለምንታይ ከ ንገዛእ ርእስና መሲልና ዘይንዕወት?” ዝብል ሓድሽ ርድኢት ኣማዕቢለን። ናይ ዓለንስተይቲ ባህሪኣን ክቕበርኦ ከምዘይብለን ወሲነን። “ዓለንስተይቲ ምዃን ፍሉይ ጺጋ እምበር፡ መርገም ወይ ጸርፊ ኣይኮነን!” እናበላ ኣብ ዓበይቲ ጋዜጣታትን መጽሔታትን ምጉስጓስ ተታሓሒዘንኦ።

ሎሚ ኣብ መብዛሕትኡ ክፋል ዓለምና ዝርከባ ደቀንስትዮ ልክዕ ከም ናይ ደቂ ተባዕትዮ ባህጊ፡ ድርኺትን ሕልምን ኣለወን። ኣብ ህይወት ንዘሎ ጽባቐ ነገራት ብርትዓዊ መንገዲ ምስ ደቂተባዕትዮ ክካፈልኦ ይደልያ። ገለ ካብ’ቶም ጽቡቕ ነገራት ዝበሃሉ ገንዘብ፡ ስልጣን፡ ዕግበት፡ ህቡብነት፡ ፍቕሪ፡ ምሕዝነት፡ ጽሕፍቶኻ ምቁጽጻር እዮም። ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ዝኸፍልዎ መስዋእቲ ክኸፍላ እውን ነግ - ፈረግ ኣይብላን።

ከም’ቲ ዝግባእ ኣይተዘንተወሉን እምበር፡ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ ናይ ዓለምና ኣብነት እየን። ኪንዮ ጾታዊ መሰል ንናጽነትን ንምዕቃባን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ኣዘንቲኻሉ ዘይጽገብ ቅያታት ብትብዓት ሰሪሐን፡ ሰንኪለን፡ ተሰዊአን።

***

ዘመናውያን ደቀንስትዮ ኣንጻር መርዓ ኣይኮናን። እንተኾነ፡ “ግድን ጽባሕ ንግሆ እንተዘይተመርዓና” ኢለን ኣይርበጻን። ኣብዚ ግዜ’ዚ ብዙሓት ደቂ ተባዕትዮ ሓዳር ክገብሩ ይደልዩ። ዘይደልዩ እውን ይህልው። ገለ ደቀንስትዮ ጽልኣት ሓዳር እንተኣጥረያ ድማ፡ ካብ’ቶም ጽልኣት ሓዳር ዘለዎም ደቂ ተባዕትዮ ተፈልየን ክረኣያ ኣይክእላን።

ዘመናውያን ደቀንስትዮ ከም ኣደታተን



ኣብ ውሻጠ ጥራይ ዓለመን ክድረት ከምዘይደልያ ብተግባር ተነጺሩ እዩ። ማዕረ በዓል ቤተን ሓላፍነት ገዝአን ክስከማ ይደልያ። ብደረጃ ዓለም ክርአ እንከሎ፡ መነባብሮ እናኸበደ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ደሞዝ ደቂ ተባዕትዮ ንኽራይ ገዛ እንተኸቲቱ ከም ርቡሕ ይቑጸር ኣሎ። ነቲ ካልእ ወጻኢታት ከም ቀለብ ስድራ፡ ኤለትሪክ፡ ማይ፡ መጓዓዝያ፡ ክፍሊት ቤት ትምህርቲ... ብኸመይ መንገዲ ክኽፈል ይከኣል? ብዘይጥርጥር እታ ዓለንስተይቲ ተወሳኺ ኣታዊታት ከተምጽእ ኣለዋ። ክንዲ ዝኾነ፡ ዕዮ ደቀንስትዮ መሰልን ግቡእን ኮይኑ'ዩ ዝርአ ዘሎ።

ኣደታትና ክሳብ ባህርይ ማህጸነን ዘፍቅደለን፡ ልዕሊ ደርዘን ቆልዑ ይወልዳ ነይረን። ዘመናውያን ደቀንስትዮ ግና፡ ምስ በዓል ቤተን ብሓባር፡ ከም ኩነታቱ ክንደይ ቆልዑ ክወልዳ ከምዘለወን ይውስና። ምኽንያቱ፡ ኣብ ጸጽባሕ እናወለድካ ነቲ ዘሎ መነባብሮ ዓለምና ክትገጥሞ ፍጹም ዘይከኣል እዩ።

ደራሲት ቲና ሳንቲ ፍላህርት "ሓንሳእ ንመቐረት ሞያዊ ስራሕ ዝጠዓመት ዓለንስተይቲ፡ ተመሊሳ ንመሰላ ኣሕሊፋ እትህብ ፈጺማ የላን" ትብል። ብድሕሪ 1990ታት ኣብ ዓለምና ካብ ዝተኣታተዉ ዓበይቲ ለውጢታት ሓደ ድማ፡ እዚ ምዕቡል ኣተሓሳስባ ደቀንስትዮ እዩ።

ቅድሚ 1990ታት ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ብዙሓት ደቀንስትዮ ዓለምና ክሳብ ዝምርዓዋ ጥራይ እየን ኣብ ሞያዊ ስራሕ ዝዋፈራ ነይረን። ሰብኣይ ወፊሩ ክሳብ ዝኣቱ፡ ብዓልቲ ቤቱ ዕዮ ገዛ ኣጻፊፋ ክትጽበዮ ኣለዋ ዝብል ርድኢት ነይሩ። ሎሚ ግና፡ ገለ ደቀንስትዮ ክሳብ ናብ ጠፈር በጺሐን ዝምለሳ፡ ሰብኡተን ንደቆም ብጽቡቕ እናኣለዩ የጽንሑለን ኣለዉ።

ቀደም ደቂ-ተባዕትዮ ብቕዳምነት ስብእነቶም ዘረጋግጽሉ መንገዲ ንኣንስቶም ከምዘሐምቑ ንኽረጋግጹ ጎረባብቶም ክሳብ ዝእከቡ ይቕጥቅጥወን ነይሮም። ኣብ'ዚ ሓድሽ መዋእል ግና እቲ ምስ በዓል ቤቱ ጽቡቕ ስኒት ዘለዎ'ዩ 'ሰብኣይ ሰብኡት!' ዝቑጸር።

ብዙሓት ደቀንስትዮ፡ 'ቅድም ስራሕ - ደሓር መርዓ!' ዝብል ዘይርአ ጭርሖ ኣልዒለን ኣለዋ። ከም ውጽኢቱ፡ ንብዙሓት ብትምህርትን ብተሞክሮን ዝበሰላ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ዓበይቲ ኣብያተ ጽሕፈታትን ዋኒናትን ምርካብ ልሙድ ነገር እናኾነ መጺኡ ኣሎ።

ከም'ቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ዝገለጽ፡ መንገዲ ዓወት ነዊሕን ሽታሕታሕ ዝበዝሖን እዩ። በቲ መንገዲ'ቲ ክትምርሽ እንከለኻ፡ ቅድም ቀዳድም ካብ'ቲ በጺሕካዮ ዘሎኻ ብርኽ፡ ንቑልቁል ከረውርው ኢልካ ከይትወድቕ ከተረጋግጽ ኣደልዩልካ ምሓዝ የድሊ። ብድሕሪኡ ዝመጽእ፡ ብኸመይ ካብ'ቲ ዘለኻዮ ንላዕሊ ትሓኩር ምስልሳል'ዩ።

ደራሲት ካዲ ኢዘለን ጊልማ፡ "ሎሚ ህይወት ደቀንስትዮ፡ ከም ቀደም ኣይኮነን" በሃሊት እያ። ነዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ድማ ብምዝርዛር ድማ ንደቀንስትዮ እዚ ዝስዕብ ምዕዶኣ ትልግስ።

* ሎሚ ውድድር ንሓድሽ ዝወጽእ ዕድል ስራሕ ክትረኽቢ እምበዛ ጽንኩር እዩ።

* ዋላ ካብ ኮለጅ ተመረቒ፡ ከም ቀደም ባዕላተን ክቖጽራኺ ዝጓየያልኪ ትካላት የለዋን

* ብቕዓትኪ ብዘየገድስ ውሑስነት ይምህምን ኣሎ

* ኣብ ፍቕሪ ማዕረ መጻምድኺ ኢኺ

* ሓገዝ እንተደሊኺ ንበይንኺ ከምዘይኮንኪ ከተመስክሪ ትኽእሊ ኢኺ

* ኣንጻር ዘይተደልየ ጾታዊ ምዕባለታት ተቓሊስኪ ከተድምዒ ትኽእሊ ኢኺ

* እቲ ዝጸንከረ ቃልሲ ንማዕርነት ደቀንስትዮ ስለእተሰግረ ከኣ፡ እዚ ተረፉ ዘሎ ጸገም ክስገር ከምዝኽእል ክትግንዘቢ ዕድል ኣሎኪ።

## ኩርናዕ ካርቱን



# ማርታ፡ ተስፋ ሃገር ኣብ ኩዕሶ እግሪ

**ኤርምያስ ኣስፍሃ**

ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብዉዕዉዕ ስፖርታዊ መንፈስ ይካየድ'ዩ። ንኣብነት ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከረን ኣብ ዝተኣንገደ ውድድር፡ ደቀንስትዮ ዘካየድኦ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ መሳጥን ሰሓብን ነይሩ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ብርክት ዝበላ ብቑዓትን መሰጥትን ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ተራእየን'የን። ሓንቲ ካብአን ናይ'ቲ ውድድራት ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ ዝተሸለመት ማርታ ተወልደ እያ። እዛ ቁንጽብቲ ግን ከኣ ንተዓዘብቲ ብኽእለት ኣጻዋውትኣ እትማርኽ ዓለንስተይቲ ንመጻኢ ኣብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ስማን ስም ሃገራን ከተጸውዕ ትጽቢት ኣፍቀርቲ ኩዕሶ እግሪ'ዩ።

ኣብ ማእከል ሜዳ እትስለፍ ማርታ፡ ደቂ ጋንትኣ ኣብ ምውህሃድ፡ ኩዕሶ ብውሕልነት ኣብ ምቕባልን ንሸቶ ዝኾና ኩዓሳሱ ኣብ ምህንዳስን ብሓጺሩ በቲ ንመስመር ምጥቃዕ ኣብ ምምጋብ እተርእዮ ክእለትን ብቕዓትን ምስ ብሉጽ ኣከፋፋሊ እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ጀርመናዊ መሱት ኦዚል ዘየመሳስላ ኣይኮነን።

ማርታ፡ ዛጊት ኣብ ዝተሳተፈቶ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ ብልጽቲ ተባሂላ እትርቋሕ፡ ብርክት ዝበለ መዳልያታት ክትሽለም ዝበቕዐት'ያ። ብውልቃን ምስ ጋንትኣን ዝወሰደቶ 17 መዳልያታትን 5 ዋናጬን ኣለውዋ።

ብ1993 ኣብ ኣስመራ ማይ ተመናይ



ዝተወልደት ማርታ፡ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርታ፡ ኣብ ቤ/ት ትምህርቲ ዋርሳይ - ማይተመናይ፡ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ቤ/ት ኣስመራ ሓፈሻዊ እያ ወዲኣ። ፍቕሪ ጸወታ ኩዕሶ ክሓድራ ዝኸኣለ ሓዋ እዮብ ተወልደ ተጻዋታይ ጋንታ ማይ ተመናይ ስለዝነበረን ናብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ሒዝዋ ይኸይድ ብምንባሩን እዩ። በቲ ሽዑ እትርእዮ ዝነበረት ውድድራት ኩዕሶ እግሪ ድማ ተጻዋቲት ናይ'ቲ ዓውዲ ክትከውን ብንእሽትኣ ድሌት ከም ዘሕደረት ትገልጽ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ከባቢ ገዛውታ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብኩዕሶ ጨርቂ ክትጻወት ጀመረት። ብእተርእዮ ዝነበረት ክእለት ጸወታ ድማ ዑቑር ተውህቦ ከም ዘለዋ ኣመስከረት። በዚ ከኣ ካብቶም ንፋዓት ተጻወቲ ደቂ ገዛውታ ብቕዳምነት እትሕረ ኮነት።

ማርታ ጓል 14-15 ዓመት ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ነታ እትማሃረላ ንቤት ትምህርታ ከምኡ'ውን ንምምሕዳራ ወኪላ ኣብ ዘካየደቶ ናይ ህጻናት ውድድር፡ ድንቂ ብቕዓት ብምርኣይ ብዙሕ ዓወታት ክትጓናጸፍ በቕዐት። ተማሃሪት 10ይን 11ን ክፍሊ ኣብ ዝነበትሉ'ውን ን ቤ/ት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣስመራ ሓፈሻዊ ወኪላ ክትጻወት እንከላ፡ ንቤት ትምህርታ 1ይ ደረጃ ሒዛ ዋንጫ ከተልዕል ኣብ ርእሲ ምብቅዓ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ'ውን መዳልያ ተሸለመት።

ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ምስ ዛዘመት ኣብ 2014 ኣብ መበል 28 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንሳዋ ወረደት። ኣብ ሳዋ'ውን ብሉጽነታ መሊሱ ወሰኸ። ዝተመደበታ ብርጌድ ኣብ ናይ ብርጌዳት ግጥማት ተዓዊቲት ብምኳን ዋንጫ ክትዓር ከላ፡ ንሳ ብውልቃ ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ ተሸለመት።

ኣብ 2016፡ ከረን ኣብ ዝተኣንገደ ናይ ሓይልታት ምክልኻል ውድድራት ንጋንታ ሓሬና ወኪላ ኣብ ዝተጻወተትሉ፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን መሊሳ ብምድማቕ፡ ኣብ ማእከል ሜዳ (ምክፍፋል) ተሰሊፋ ዝንኣድ ክእለት ኣንጸባረቐት። በቲ እተርእዮ ዝነበረት ብቕዓትን ክእለትን ከኣ ጋንትኣ ሓሬና 2ይ ደረጃ ክትሕዝ ከላ ንሳ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባህለት።

ብድሕሪ'ዚ'ውን ምስ ሕርይቲ ጋንታ ሓይልታት ምክልኻል ብምኳን ምስታ ብሉጻትን ምኩራትን ተጻወትቲ ዝነበርኣ ጋንታ ደንደን ገጢመን። ካብ

ርሕቕ ዝበለ ርሕቀት ብፍጹም ቅላዕ ብዘመዝገበታ ሸቶ ከኣ 1-0 ከረትዓ ክኢለን። እዛ ውድድር እዚኣ ብሓንስ እትዝከራ ውድድር ምዃና ማርታ ትገልጽ።

ወላዲታ “ጓለንስተይቲ ኩዕሶ ክትጻወት ኣየጥዕመላን'ዩ” ብምባል ትቃወማ ከም ዝነበረት ደሓር ግና ብሉጽነታን እትወስዶ ዝነበረት ሽልማትን ምስ ርእየት ክትድግፋ ከምዝጀመረት፡ ወላዲኣ ኣቶ ተወልደ ከኣ ስፖርታዊ ምስ ምንባሩ ሞራል እናሃበ ከም ዘተባብዓን ምስኡ ልምምድ ከም እተካይድን ማርታ ትሕብር።

ናይ ማርታ ካልእ ፍሉይነት ንኣጥቃዕቲ ደቂ ጋንታኣ እትገብሮ ኣበርክቶ'ዩ። ንሳ ብውሕልነት ኩዕሶ ስለእተቐብለን ሸቶ ከመዝግባ ኣይጽገማን። በዚ ኸኣ ብሳላ ናታ ጻዕሪ ካብ ኣጥቃዕቲ ጋንታኣ ብሉጻት ኣመዝገብቲ ሸቶ ተባሂለን ዝተሸለማ ኣለዋ። ከም ኣብነት፡ ኣብ 2016 ዓ.ም ኣብ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ምስ ጓል ጋንትኣ ፍትሓዊት ተወልደ ዘርኣየቶ ብሉጽ ምውህሃድ ተዘካሪ'ዩ። ፍትሓዊት ብሳላ ልዑል ኣበርክቶ ማርታ ብልጽቲ ኣመዝጋቢት ተባሂላ ተሸሊማ።

ኣብ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል፡ ምስ ሰንጥቕ ኣብ ዝተገብረ ግጥም ነጥቢ ኣጥፊኣን ናብ ዋንጫ ኣብ



ምብጻሕ ዝተሰናኸላላ ውድድር ሕማቕ ከምዝተሰምዓ ማርታ ትዝክር።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናይ 3 ኣዋርሕ ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ብምኩራት ኣሰልጠንቲ ኣብ ምውሳድ ትርከብ ዘላ እዛ ትስፍውቲ ስፖርታዊት ማርታ፡ እትቕስሞ ዘላ ስልጠና ንዓኣ ሓጋዚ ምዃኑ፡ ነቲ ስልጠና ሓያሎ ስመንን ስም ሃገርንን ከስምያ ዝኽእላ ብሉጻት ተጻወቲ ደቀንስትዮ ይኪታተልኦ ከም ዘለዋ ትገልጽ።

<u>*ገለ ገለ ሕቶታት ንማርታ፡-*</u>

◆ *ሚዛን ሰብነትኪ?*

45 ኪ.ግ.

◆ ***ነብሰኺ ድቕቕ ዝበለ'ዩ። ግናኸ ኣብ ማእከል ሜዳ ምስ ጉልቡታት ተጻወቲ እናተጓነጽኪ ኩዕሶ ክትመናጠሊ ኢኺ እትርኣይ?***



ድሓን'የ ኣብ ሜዳ ማዕረ'ተን ጉልቡታት ተጻወቲ ክጓነጽን ኩዕሶ ክምንጥልን ይኽእል'የ። ዘለኒ ሓይሊ ከምቲ ድቀይ ኣይኮነን (ስሓቕ)

◆ ***እተድንቕዮ ወይ ናቱ ቅዲ ክኽተሎ ኣለኒ እትብልዮ ተጻዋታይ?***

ንፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ብዘለዎ ብቕዓትን ዘንጸባርቖ ቴክኒካዊ ክለትን የድንቕ።

◆ ***ካብ ጋንታታት'ከ?***

ክለብ ኣርሰናል፡ ተጻወትታ ኣብ ሜዳ ብዘንጸባርቕዎ ውህደት እትምስጠኒ ጋንታ'ያ።

◆ ***ኣብ ትርፊ ግዜኺ እተዘውትርዮ ንጥፈት?***

ናብ ሜዳታት ኩዕሶ እግሪ ከይድካ ኩዕሶ እግሪ ምዕዛብን ምጽዋትን።

◆ ***ክትብልዮ እትደልዪ እንተሎ?***

ናይ ደቀንስትዮ ሃገራዊት ጋንታ ክትምስረት ተስፋታት ስለዘሎ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ተሰሊፈ ንውልቀይን ንሃገረይን ዘኹርዕ ኣበርክቶ ክገብር፡ በዚ ዝወሰድናዮ ስልጠና ተሓጊዘ ከኣ ብቕዓተይ ከማሓይሽ ክጽዕር እየ። ብሞራል ንዘተባብዑኒ ኣሰልጣኒ ኣፎም ሃይለ፡ ሓለፍቲ ጎስጓስን ስፖርትን እዚ ተወርዋሪ፡ ብፍላይ ድማ ንብሪጋዴር ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም ከመስግን እደሊ።

# ኣይንማረኽ

**ብርሃና ገብረትንሳኤ**

ኣብ ጉዕዞ ምንባር፡ ወድ ሰብ ግድንየ ንገለ ነገር ዝቃላዕ። እቲ ምንታይ ንክትመሃር፡ ክትዓቢ፡ ክትልወጥ፡ ንምንባርን ምፍቃርን ከተስተማቕር እንተ ደኣ ኾይንካ ንሓጎስ፡ ጸወታ፡ ሰሓቕ፡ ፍቕሪ፡ ዓወት፡ ጽልኢ፡ ሓዘን፡ ስእነት፡ ውድቀት ሞት...ወዘተ ክትቃላዕ ኣለካ። ኣብ ዓመት 365 መዓልታት ኣለዋ።ኣብዘን መዓልታት እዚአን ድማ ንስሕቕ፡ ንሕጎስ፡ ንጻወት፡ ንስዕስዕ፡ ንጉሂ፡ ንበኪ፡ ንመውት እዚ ስሩዕ መስርሕ ሂወት እዩ። እንተዘየለ 365 መዓልታት ክትስሕቅ፡ ክትሕጎስ፡ ክትስዕስዕ ምሕሳብ የዋህነት እዩ። ኣብ ገለ ገለ ሰባት ግን እንተስ ጽሕፍቶና ኾይኑ እንተስ ውጽኢት ናይቲ ዝሓለፍናዮ ጉዕዞ ሂወት ኾይኑ፡ ሂወትና እዞም ኣሉታውያን (ሓዘን፡ ጽልኢ፡ ስእነት፡ ውድቀት) እናተበራረዩ ኩዳኽምዋ ትርኣ። ኣብ ከምዚ ኩነተ- ኣእምሮ እንከለና ዝመጹና ኣማራጺታት ክልተ ጫፋት እዮም። እቲ ሓደ ነቲ ጉዳይ ከም ሓደ ሓደገኛ ገደል ሓሲብካ ተስፋ ብምቑራጽ ተምበርካኺነት ምርኣይን ኢድካ ንላዕሊ ሓፍ ምባልን ክኸውን ኸሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ነቲ ገጢሙካ ዘሎ ሽግር ግዝያዊ ምዃኑ ኣሚንካ ኣንጻሩ እናተቓለስካ ናብ ዕላማኻ ምብጻሕን ምንባር ምስትምቓርን እዩ። እዛ መነቓቕሒት ዛንታ እስከ ንርአ።

ንሓደ ሓረስታይ ኣብቲ ናይ ሕርሻ ቦታኡ ሓንቲ ዘይተቐስና ዝነቐጸት ዒላ ነበረት። ሓደ መዓልቲ ብምድፋኡ እታ ዒላ እናሓሰበ ክዕዘባ ከሎ፡ እታ ኣረጊት በቕሉ ኣብ ውሽጢ እታ ዒላ ኣትያ ረኣዮ'ሞ ብጓሂ ስንጥቕ በለ። በቕሉ ዘድሕነሉ መንገድታት ሃሰው እኳ እንተበለ ፍታሕ ክኾና ዝኽእል ሓሳባት ኣይረኸበን። "ኦሮማይ በቕለይ ከሲረያ" ኢሉ ተስፋ ቆረጸ። እታ ዒላ ካልእ ተወሳኺ ሓደጋ ከይተስዕብ ስለዝሰግአ ድማ፡




ነታ ንነዊሕ ዓመታት ዘገልገለቶ ዘፍቅራ በቕሉ ኣብ ድኻማን ሽግራን ክሕግዛ ብዘይምኽኣሉ ቃንዛ እናተሰምዖ፡ እታ ምርኩሱ ዝኾነት በቕሉ ብሂወታ እንከላ፡ ኣብ ውሽጢ ዒላ ክደፍና ጐረባብቲ ጸውዐ። ብጎሓፍ ድማ ክደፍንዋ ጀመሩ።

ኣብቲ መጀመርታ ናይቲ መስርሕ እታ በቕሊ ከተንጸርጽርን ክትቁጣዕን ተራእየት። ኣብቲ ዝቐጸለ ግን ብጐሓፍ ትድብ ከም ዘላ ስለዝተገንዘበት እናንፈጥፈጠት ነቲ ኣብ ዝባና ዘዝወረደ ጐሓፍ ኣውዲቓ ብምርጋጽ ኣንጻሩ ትቃለስ ነበረት። እቲ ተስፋ ዝቆረጸ ሓረስታይ ብቃዝኖት ናብቲ ዒላ እንተጠመተ፡ ወዮ ክትድብ ዝተጸበያ በቕሉ ማዕረ እቲ ናብ ዒላ ዝኣተወ ጐሓፍ ንላዕሊ ብራኼ ወጺኣ ጸንሓቶ፡ ብሓጎስ ህርመት ልቡ ዝወሰኸት ሓረስታይ እናዓለለ ጐሓፍ ምምላእ ቀጸለ። ኣብ መወዳእታ ድማ እታ ሞት ዝተፈርደት በቕሊ ብሓያል ተጻዋርነታ፡ ብርቱዕ ቃንዛ ተጻዊራ ኣብ ላዕሊ ብሂወት ወጸት።

ከምዚ ናይዛ በቕሊ ንሕና'ውን ኣብ ሂወትና ዝተፈላለየ ሽግራትን ዕንቅፋታትን የጋጥሙና እዮም። ኣብ ከምዚ ኩነት ክንዲ ዝሓየለ ይሓይል እቲ ገጢሙና ዘሎ ሽግር ቅድሚኡ ንክንደይ ሰባት ከምዝበጽሖም፡ ብድሕሪኡ እውን ንክንደይ ሰባት ክበጽሖም ምዃኑ ከነስተውዕል የድሊ። እዚ መስርሕ ሂወት'ዩ መርገም ወይ'ውን ሕማቕ ዕድል ኣይኮነን። ስለዚ ተስፋ ክንቆርጽ የብልናን። ተስፋ ምቑራጽ ናይ ዕውታት ኣማራጺ ኣይኮነን። ኣብ ክንድኡ ንኣእምሮና ብኣወንታ ቃኒና ኣንጻሩ ክንገጥምን ናብ ረብሓና ክንቕይሮን ኣለና። እምበር እናስቆርቆርናን እናስተማሰልናን ነንዝገጠሙና ዕንቅፋታት እናሳሰና ንኺይድ እንተኾይና ግዳይ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኮይንና መሓዛ ዓራት ክንከውን ኢና። ሽዑ ኣብ ክንዲ ሽግራትና ዝቃለሉ መመሊሶም ይደራረቡ'ሞ ኣብ ዘይንወጾ ዓዘቕቲ ንኣቱ። ካብ'ዚ ኩሉ ግን ኣብ ሂወት ክትቃለስ እናኸኣልካ ምምራኽ ፍታሕ ከም ዘይኮነ ኣስተውዒልና ክሳብ'ታ ናይ መወዳእታ ጸዓትና ክንጥቀመላ ይግባእ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ናይ ሂወትና ነጥበ መቐይሮ ዝኾኑ ውሳነታት ኣብ ግዜ ሽግርና ክንውስን ተኽእሎታት ኣሎ። ስለዚ ኩሎም ዝገጥሙና ዕንቅፋታት ክጐድኡናን ከልሙሱናን ጥራይ ኣይኮኑን ዝመጹ፡ ክትርሩናን ኩብስሉናን ዝመጹ ህያባት ሂወት ምኻኖም ተረዲእና ተሓጒስና ንቀበሎም።

# ግጥሚ

## ዘመናዊት ኢደ

ኪንዮ ገዛ ምውዓል ምስ ድስትን ኩስኩስትን
ንባህሪ ኪኢላ ቃንዛ ሕርስን ጥንስን
ኣብ ዘበነ ብረት
ሓዊ ተለብሊባ ቃሬት እናሸተተት
ደበና ቀንጢጣ ሓርነት ኣብሪቓ
ጸሓይ ናይ ናጽነት።
ሎሚ ድማ.....
ኣብ ዘመነ ፍልጠት ዘመነ ቴክኖሎጂ
ኣንጻር ድኽነት ርእሳ ንኽትከእል
ሕልምታት ኣኪባ ሓሳባት ትፈትል።
ማዕረ መፋጥርታ ከም እሾክ በሊሓ
ኣሻሓት ትቕምር
ኣምራት ትምርምር፡ ተርብሕ ትድምር
ብደቂቕ ትነፍዮ ትመምዮ
ንሕማቕ ተጉድሎ ከም ጻህያይ ትነጽዮ
ንጽቡቕ ትኹስኩሶ ብትግሃት ትዓዩ።
ትውጥን ተርቅቕ
ትጣበብ ተጽድቕ
ጫፍ ስውረት ተማዕዱ ንመጻእን ኪንዮኡን
ሕቶ ሎሚ ትምልስ ጸጋታት ተካውን።
ወወሊዳ ብሞራል ትስሕል
ኣንጻር ፍልሰት፡ ኣንጻር ሕድገተ ሪም
ንባዕላ ጸኒዓ ጽንዓት ከተቕውም
ውዕሎኣ ተውርስ ታሪኻ ትደግም
ንብልጽግና ንሕልሚ ቀደማ
ከም ናዕታን ረምታን ትደጋግሞ ብመጉልሕ
ንርእሳ በሊሓ በላሕቲ ትጫጭሕ

መም/ ተኽላይ እይኣብ

# ይብሉ ነበሩ !

## “ካብ ዓሻ ድፍረት’ሲ፡ ፈራሕ ልቦና’ዶ ምሓሽ?”

**ኣልጌና ወልደማርያም**

ትብዓት፡ ዝተፈላለየ መግለጺታት ክወሃቦ ዝኽእል ገዚፍ ኣምር ህይወት’ዩ። ብዛዕባ ትብዓት ወይ ድፍረት ዋላ’ኳ ቐጻሪ ዘይብሉ ምሉእ ሓሳባት እንተ ሃለወ፡ ንኹላትና ሰባት ከተሰማምዕ ትኽእል ንጽል ነጥቢ ግና ትህሉ ኣይመስለንን። በብእምነትና፡ ባህልናን ስነ-ምግባርናን፡ ንሕቶ ትብዓት ብዝተፈላለየ ኩርናዓት ንገልጾ ኢና። ስለዚ ትብዓት በዓል ብዙሕ ገጻት’ዩ።

ምስዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓሳብ ተጐራቢቱ ዝመጽእ መልሲ ዝደሊ ሓፈሻዊ ሕቶ ኣሎ። “መን’ዩ እቲ ናይ ብሓቂ ተባዕ? እቲ ትነፍጽ ላም መጺኣቶ’ውን ፈሪሑ ካብ መንገዳ ዘይእለ? ዋላ’ስ እቲ ንኽነብር ዝጥንቐቕን፡ ካብ ጸገማቱ ክሃድም ዘይፍትንን? እቲ ደፋር’የ ኢሉ ምስ ነብሪ ዝተሓናነቕ? ዋላ’ስ እቲ ምስ ነፍሲ ወከፍ እትፍጠር ሓዳሽ ጸሓይ፡ ንዝፍጠር ሓድሽ ውህብቶ ህይወት ከም ዘለዎ ዝገጥም?” ይብሉ ነበሩ!!!

ህይወት ዓቕልኻ ምስ ኣጽበበትልካ፡ ንጸገማትካ ከተሸክዕ ኣብ መስተን ባራትን እናዕቀልካ፡ ሰኺርካ ፍርሒ ረሲዕካ ምስ ካባኻ ዝበዝሑ መንእሰያት፡ ክትበኣስ ድሕር ስለ ዘይትብል፡ ‘መዓንጣ ትበተኽ!’ ክኽውን ሳጓ’ኻ’ስ ቕንዕና ድዩ? በየናይ መለክዕን መዐቀንን? ልብኻን ልቦናኻን ድዩ ተበቲኹ? ዋላ መዓንጣኻ? ‘ዓሻ ቐማል’ሲ፡ ኣብ ኢድ ቕናኒት መጽዩ ይስዕስዕ!’ ንዝብል ብሂል ዘዛኻኽር’ዩ። ይብሉ ነበሩ!!!

ንዝፈጸምካዮ በደል ከተሕውን ከተብርድን፡ ብትብዓት ይቕረ ክትብል ዓቕሚ እናሰኣንካ፡ ምስ ነግራም ጎረቤትካ ምሉእ ገዛውቲ ብዝሰምዖ ደሃይ፡ ክትቛየቑን ክትበኣስን ስለትኽእል፡ ተግባራትካ ትብዓት ክመስለካ የብሉን። ምናልባት ነግራም ሓያል ኣብ ዝሕሰበሉ ሕብረተሰብ ትነብር ትህሉ። ኣብ ከባቢኻ ሓይሊ ንምጭባጥ’ውን ብዕላማ ነግሪምካ ትኸውን። ግና ኣስተውዕል! ነግራም ምዃን ኣውቲስታ ንስምዒታትካን፡ ምኒቺብዮ ገዛእ ቃላትካን ዘይምዃንን እምበር፡ ተባዕ ምዃን ማለት ኣይኮነን። ትብዓት ካልእ’ዩ። ይብሉነበሩ!!!

‘ልቢ ዝሓጽሮ ጤል፡ ኣብ ዳስ ነብሪ መጽዩ ይዕጠቕ!’ ከም ዝበሃል፡ ሰባት ክርእዩልካ፡ ዘይዓቕምኻን ዘይባህርኻን ንምርኣይ ቅሩብ ምዃን፡ ትብዓት ዘይኮነ ጨው ዘይብሉ ዕሽነት ጥራይ’ዩ። ንመዘንኡ ተባዕ ምዃኑ ከርኢ፡ ሓምቢሱ ዘይክእል ክንሱ፡ ኣብ ቐላይ ጦምቦላሕ ዝብል ኮተቴ፡ ትብዓቱ ከውሕስ ህይወቱ ዝረከሰ ፍጡር ጥራይ’ዩ። ካልእ መግለጺ ዝወሃቦ ኣይኮነን። ይብሉ ነበሩ!!

ፈራሕ ከይበሃል ኣብ ዘየድልዮ ባእሲ ዝጽመድ ሰብ ኣሎ እንተኾይኑ’ውን፡ ኪኖ ድፍረቱን ቅጥራጽነቱን፡ ድኽነት ኣተሓሳስብኡ’ዩ ዘጉልሕ። እቶም ኣብ ጉዳይ ባእስን ዕግርግርን ህቡብነት ኣጥርዮም፡ ‘ዳዕውቲ!’፡ ‘ሰይጣን!’፡ ‘መንደላይ’፡ ‘ኣባርጉም’ ወዘተ። ዝብል ሳጓታት ጠቢቕዎም ዘሎ ሰባት፡ ማዕርግ ትብዓት ከም እተሰከሙ ዝሓስቡ እንተ ኾይኖም፡ እቲ ኩነታት ከም ብዘይ ሽጉርትን ኮመደረን ዝኽሸን ሽሮ፡ መቐረት ዝቦኾሮ’ዩ ዝኸውን።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኩርንዓት ምስ ድፍረት ክሕሰብ እንተኾይኑ፡ ህይወት ናይታ ድራር ደቃ ከተማልእ፡ ኣብ ጎደናታት ፉል እትሸቕጥ ድኻ ሰበይቲ፡ ምስ ጸላምን ብክልተ እግሮም ዝንቐሳቐሱ ኣራዊት ከተማን (ሰኽራማት) እናተቓለሰት፡ እተሕልፎ ህይወት’ከ እንታይ’ዩ ክበሃል? ገለ ሰሪ ጥሜት ምስ ህይወት ይቃለስ፡ ገለ ኸኣ ሰሪ ጽጋብ ምስ ሰባት ይቃለስ። እዚ ክልቲኡ ቃልሲ’ስ ሓደ ክብሪ ድዩ ክወሃቦ? ነዚ ክልተ ቃልስታት ሓደ ዓቕን ክብሪ ምሃብ ማለት ከኣ፡ ‘ንዝሕልወካ ከልብን፡ ኣባጊዕካ ንዝሃድን ተኹላን ብሓደ ከም ምቕላብ’ዩ!’ ይብሉ ነበሩ!!

እቲ ንመዓልቱ ትንፋስ ዘይህብ ስራሕ ብዝወለዶ ረሃጽ ጨቅዩ፡ ደኺመ ከይበለ ንምሽቱ ንደቁን ሰበይቱን ብዋዛ ክርትም ከም ዝብሉ ዝገብር፡ ብመቕርቡን ፈለጥቱን ‘ዘይቅይር ክዳኑ!’ እናተባህለ ዝሕመ ኣቦ ስድራ’ዩ ተባዕ። ኣብ ባእሲ ብእምነ ተጀፊዕካ፡ ሰከምን መጉሃይን መቕርብካ ምዃን፡ ንትብዓትካ ዘይኮነ ንዕሽነትካ’ዩ ዘቓልዕ። እቲ ኣብ ዓረብያ ስንኩላን (ዊልቸር) ተኾይጡ፡ ንህይወትን ናብራን ልዕሊ እቶም ዝንቐሳቐስ መሓውር ዘለዎም ንቡራት ሰባት፡ ዝገጠምን ዝስዕርን ስንኩል’ዩ ተባዕ። ብርድኢተይ ኪኖ’ዚ ትብዓት ካልእ መግለጺ ክወሃቦ ዝኽእል ኣይመስለንን። ኣብ መወዳእታ፡ ምስ ተጨባጢ ትርጉም ዘይብሉ ኣጋጣሚ ምድፋር፡ ዕሽነት’ዩ። ተባዕ ዕላማን ባንዴራን እንተ ዘይብሉ፡ ዓሻ እምበር ካልእ ስም ክወሃቦ ኣይክእልን። ካብ ዓሻ ድፍረት፡ ፈራሕ ልቦና መሪጽና፡ መንገዲ ህይወት ንክተል። ይብሉ ነበሩ!!